ወ ይ ን

ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ | መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1070 | www.woyenmedia.com | 1968 - 2017 ዓ/ም | ዋጋ ብር 50

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ትግራይ ምትዕርራይ ኣመራርሓ ከምዝተገበረ ተሓቢሩ

ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ ዝግበር ዘሎ ውሱን ምትዕርራይ ኣመራርሓ መንግስቲ ክገብሮ ዝግባእ ውራይ ከምዝኾነ ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሌተናል ጀነራል ታደሰ ወረደ፣ 15 ሓምለ 2017 ዓ/ም ንጋዜጠኛታት ኣብዝሃብዎ መብርሂ ገሊፆም፡፡

ፕረዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሌተናል ጀነራል ታደሰ ወረደ

እቲ ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ ዝግበር ዘሎ ምትዕራይ ኣብ ዝተወሰኑ ኣካላት ከምዝኾነን ነዚኦም ድማ ናይ ስራሕ ቦታ ከምዝተዳለወሎምን ዝሓበሩ ሌተናል ጀነራል ታደሰ ወረደ፤ ኣብ ወረዳታትን ጣብያታትን ዘለው ኣመራርሓ ግና ዝኾነ ዓይነት ለውጢ እንክይተገበረሎም ኣብ ዝነበርዎ ናይ መሪሕነት ቦታ ከምዝፀንሑ ኣፍሊጦም፡፡

ኣብ ኣመራርሓ ዝግበር ዘሎ ለውጢ ብቀፃሊ ኣብ ኣመራርሓ ንዝፍጠር ሓደጋ ንምቕራፍ ከምዝኾነን እዚ ድማ መንግስታዊ ምትዕርራይ ምዃኑ ብምጥቃስ ንሓደ ፀሪግካ ካሊእ ንምምፃእ ወይ ንምትካል ዝግበር ምንቅስቓስ ከምዘይኮነ ምፍላጥ ከምዘድሊ እቶም ፕረዚዳንት ኣብ መብርሂኦም ገሊፆም፡፡

ፕረዚደንት ታደሰ ወረደ ኣብ መግለፂኦም ብተወሳኺ፤ እቲ ዝካየድ ዘሎ ምትዕርራይ ዕላምኡ ብምርዳእ ኣመራርሓ፣ መንእሰይ፣ ምልሻን ኩሎም ምምሕዳራትን ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ነቲ ዝግበር ዘሎ ምትዕርራይ ኣመራርሓ ተሓባበርቲ ክኾኑ ፃውዒት ድሕሪ ምቕራቦም ኣብ ሕብረተሰብ ካሊእ ምድንጋር ወይ ድማ ምልዕዓል ተገይሩ እቲ ዞባ ከይህወኽ ጥንቃቐ ክግበር ከምዘለዎ ኣተሓሳሲቦም፡፡

መንግስቲ ነቲ መደብ ብኣግባቡ ንክፍፀም ህዝባዊ ፖሊስ ናብቲ ከባቢ ከምዝለኣኸን ካብዚ ወፃኢ ካሊእ ልኡኽ ዝተውሃበ ሓይሊ ፀጥታ ከምዘየለ ዝሓበሩ እቶም ፕረዚዳንት እቲ ዝተልኣኸ ህዝባዊ ፖሊስ ድማ ኣሉታዊ ተራ ከይህልዎ ልዑል ጥንቃቐ ክገብርን ናይ ፖሊስ ስርሑ ጥራሕ ክሰርሕን ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቦም።
ኣብ ዞባ ደቡብ ትግራይ ዘሎ ፖለቲካዊ ሽግር ብተመሳሳሊ ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቕ እውን ከምዘሎን እዚ ኣብ ልምዓት ዝፈጥሮ ኣሉታዊ ፅልዋ ከምዘሎ ኾይኑ ቐልጢፍካ ብምትዕርራይ ዝተረጋገዐ ምምሕዳር ክህሉ ፃዕሪ ከምዝግበር እቶም ፕረዚዳንት ኣመላኺቶም፡፡

ኣብ መወዳእታ ፕረዚደንት ሌ/ጀነራል ታደሰ ወረደ ኣብዘሕለፍዎ መልእኽቲ፤ ኣብ ትግራይ ፖለቲካውን ኢኮኖምያውን ፀገማት ብሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ንክፍትሑ ኩሉ በቢኣካሉ ብፅሒቱ ክፍፅም ፃውዒት ኣቕሪቦም፡፡

መፍረያይነት ምህርቲ ሕርሻ 2017-2018 ዓ/ም ንምዕባይ ዝተዋደዱ ዕማማት ይውገኑ ኣለው

መፍረያይነት ዘመነ ምህርቲ 2017/2018 ዓ/ም ንምዕባይ ዝተፈላለዩ ዝተዋደዱ ንጥፈታት ይውገኑ ከምዘለው፤ ኣብዚ ዘመነ ምህርቲ ልዕሊ 758 ሽሕ ሄክታር ተሓራሲ መሬት ብዝራእቲ ንምሽፋን ተተሊሙ ናት ተግባር ከምዝኣተወ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣፍሊጡ።

ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ርክብ ህዝቢ እቲ ቢሮ ዝኾኑ ኣይተ ሚኪኤለ ምሩፅ ንወይን ኣብዝሃብዎ መብርሂ፤ ኣብ ትግራይ ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ሄክታር ተሓራሲ መሬት ከም ዘሎን ካብዚ ብሰንኪ ፅንተታዊ ወራር 758 ሽሕን 679 ሄክታር ተሓራሲ መሬት ጥራሕ ኣብ ኢድ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ከምዝርከብ ጠቒሶም።

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

ቀረብ ማዳበሪያ

ኣብ ትግራይ ኣብ ወርሓዊ ክፍሊት ተምሃሮ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ወሰኽ ከይግበር ተወሲኑ

ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ኣብ ዘመነ ትምህርቲ 2018 ዓ/ም ወሰኽ ወርሓዊ ክፍሊት ተምሃሮ ንዝገብራ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ሕጋዊ ስጉምቲ ከምዝወስድ ኣፍሊጡ፡፡

ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ዶ/ር ኪሮስ ጉዑሽ

ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ዶ/ር ኪሮስ ጉዑሽ፤ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ወርሓዊ ክፍሊት ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ኣመልኪቶም ንማዕኸናት መራኸብቲ ሓፋሽ ኣብዝሃብዎ መግለፂ፤ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ንስራሕ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ብዝጥዕም መንገዲ ደረጃ ከምዝወፀለንን ንተምሃሮ ዘኽፍለኦ ወርሓዊ ክፍሊት ትምህርቲ ብመሰረት ዝተውሃበን ደረጃ "ዝለዓለን ዝተሓተን" ብዝብል ተነፂሩ ዕላዊ ክሳብ ዝግበር ኣብ ዘመነ ትምህርቲ 2017 ዓ/ም ብዝነበረ ክፍሊት ጥራሕ ክቕፅል ከምዝተወሰነ ኣፍሊጦም፡፡

ካብ ክፍሊት ክውሰኽ ዘይከኣል መምርሕን ኣሰራርሓን ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ ወፃኢ ብስልጣነን ወሰኽ ክፍሊት ተምሃሮ ዝውስኻ፣ በዚ ምኽንያት ተምሃራይ ዘባርራን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘተዓናቕፋን ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ፍቓደን ካብ ምምንጣል ጀሚሩ ክሳብ ምዕፃው ዝበፅሕ ዘየላጢ ሕጋዊ ስጉምቲ ከምዝወሰደለን ዶ/ር ኪሮስ ኣፍሊጦም፡፡

ብምሸታውን ብርሕቐትን ንዘምህራ መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ እውን በቲ ዝፀንሐ ክፍሊት ተምሃሮ ክቕበላን እቲ ውሳነ ተግባራዊ ክገብራን ከምዘለወን ዝሓበሩ ዶ/ር ኪሮስ፤ "ኢንተርናሽናል ኣብያተ ትምህርቲ ኢና" ብዝብል ኣብ ወሰኽ ክፍሊት ተምሃሮ ልዕሊ ዓቕን ዘኽፍላ ኣብያተ ትምህርቲ ከምዘለዋ ዛጊድ ኣብ ትግራይ "ኢንተርናሽናል ዝበሃል" ውልቀ ቤት ትምህርቲ ከምዘየለን እንተሃልዩ እውን ካብ መምርሕን ኣሰራርሓን ቢሮ ትምህርቲ ወፃኢ ክኸውን ከምዘይኽእል ወሲኾም ገሊፆም፡፡
ኣብ ኤጀንሲ ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርቲ ትግራይ መተሓባበሪ ኣፍልጦን ሕድሳትን ትካላት ትምህርቲ ዝኾኑ መምህር ፀጋይ ነጋ ብወገኖም፤ እቲ ኤጀንሲ ተምሃሮ ንደረጅኦም ዝምጥን ክእለትን ፍልጠትን

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

ሕድሪ ስውኣትና ንምውሓስ ሉኣላውነትና!

ዋና ዳይሬክተር - ተወልደብርሃን ተኽሉ
ቁ.ስ - 034 440 00 10

ዋና ኣሰናዳኢ- ኣክሊሉ ታደሰ
ቁ.ስ - 034 440 22 92

ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ኣማኑኤል ገ/ሩፋኤል

ዲዛይንን ለይኣውትን - መነን ይሕደጐ
- ማርታ መረሳ
ቁ.ስ - 03 42 40 53 98

15 ሓምለ 2017 ዓ/ም
መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1070
ፋክስ - 034 440 46 07
ቁ.ሳ.ፖ- 840 መቐለ

መልእኽተ ወይን

ኣብ ሰላም ዘለና ፅኑዕ መትከል ብጉልባብ ሽርሒ ኣይኽበስን!!

ሓደጋ ብሄራዊ ህላወ ንምምካት ዝተኸፈለ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ክቡር ቦታ ሒዙ ዝንተ ዕለት ዝነብር እዩ። ብህወሓት ዝተመርሐን ሕዚ እውን ይምራሕ ዘሎን ህዝባዊ መኸተና ካብ ምሉእ ፅንተት ዘድሐነናን ተነፃፃሪ ሰላም ክንረክብ ገይሩ እዩ። እዚ ክገሃድ ዝኸኣለ ድማ ብሳላ መስዋእትነት ጀጋኑ ስውኣትናን ፅንዓት ህዝብናን ብምዃኑ ኣብ መዋእል ታሪክና ክቡር ቦታ ሒዙ ዝንተ ዕለት ይነብር። ይኹን'ምበር ህዝባዊ መኸተና ዝዓመሞም ዕላማታት መሊኦም ኣይተዓወቱን። ስለዚ ድማ ስቓይን መከራን ህዝብና ሕዚ እውን እናቐፀለ ይርከብ። ብፍላይ ናብ ሳልሳይ ዓመቱ ዝስጋገር ዘሎ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ኣብ ኣፈፃፅማኡ ዘጋጠምዎ ውሽጣውን ግዳማውን ፀገማት ሉኣላዊ መሬትና ከይምለስ፣ ተመዛበልትና ናብ መረበቶም ከይኣተው፣ ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ንቡር መንግስታዊ ስርዓት ከይህልዎ ከቢድ ማሕንቖ ኮይኖም ኣለው። ኣብዚ መዳይ ብኣውርኡ ማእኸላይ መንግስቲ ዝፈጥሮ ዘሎ ዓንቀፍቀፍ ከምዘሎ ኮይኑ በቲ ጠላም ጉጅለን መሻርኽቱን ዝተፈጠሩን ይፍጠሩ ዘለውን ማሕንቖታት ተደሚሮም እቲ ውዕል ኣብ ባይታ ወሪዱ ከይትግበር እኳ ድኣስ ወርኡ ክርሕቕ መዓልታዊ ሽርሕታት ይእለም ኣሎ።

እቲ ንባዕሉ ልዕሊ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ሰሪዑ ደንበ ህዝባዊ መስመር ራሕሪሑ ናብታ ትኽክለኛ ናይ ደንበ ምድሕርሓር ቦትኡ ኣትዩ ዘሎ ጠላም ጉጅለ ንትግራይን ህዝቢ ትግራይን ጥር ትብል ሓዱሽ ሓሳብን ተግባርን ዘይብሉ ናይ ጥፍኣት ሓይሊ ምዃኑ ዘመስክሩ ብዙሓት ምንቅስቓሳት እናካየደ መፂኡ እዩ። ህወሓት መሲሉ ንህወሓት ብውሽጢ ብምግዝጋዝ ውድብና ካብ ህዝቢ ትግራይ ክትንፀልን ክትብተንን ዝገበሮ ሓደገኛ ምንቅስቓስ ብቓልሲ ካድረና፣ ኣባልናን ህዝብናን ፈሺልዎ ንባዕሉ ክበታተንን ናብ ደምብኡ ክሰፍርን ዝገበሮ ኩነት ተፈጢሩ። እዚ ጠላም ጉጅለ ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብዚ መልክዑ ዝቐየረ ኩነታት ፅንተት፣ መሳርሒ ልፍንታውያን ወረርቲ ምስዝነበሩ ባንዳ ፖለቲከኛታት ዘይተቐደሰ ሕብረት ፈጢሩ ውድብና ንምብታን፣ ሉኣላዊ ግዝኣትና ተወሪሩ ክተርፍን ተመዛበልትና ተበታቲኖም ክተርፉን ክፀንቱን ብዘይዕረፍቲ እናሰርሐ ፀኒሑ ሕዚ እውን ይሰርሕ ኣሎ። እዚ ጠላም ሓይሊ ከምዝዝከር፤ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ጄኖሳይድ ዝፈፀሙ 400 ወታደራት ብልፅግና ብኢደ ወነኑ ብነፃ ክስደዱ ገይሩ እዩ። እዞም ዓለምለኻዊ ገበን ዝፈፀሙ ጄኖሳይደራት ብዓለም ለኸ መስርሕ ሕጊ ከይዳነዩን ተሓታትነት ከይረጋገፀን ኮነ ኢሉ ዝሰደደ ሓንሻሺ ህዝባዊ መኸተና እዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ፤ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ሓድነቶም ክልሕልሕን ክበታተንን ዝገብር ዘሎ፣ በብመዓልቱ ኣብ ልዕሊ ሰራዊትናን መራሕቱን ማእለያ ዘይብሉ ፀለመን ሓሶትን እናነዝሐ ኣብ ህዝብና ዘየድሊ ስግኣት ዝፈጥር ዘሎ እዚ ናይ ክሕደት ሓይሊ ምዃኑ ምሽጥር ኣይኮነን። እዚ ጉጅለ፤ ሕጋዊ ኣፍልጦ ህወሓት ከይምለስ ዝገበረን ዝገብር ዘሎን ጥራሕ እንተይኮነ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ዝፈረመ ህወሓት ኣብ ኣተገባብራ እቲ ውዕሊ ሓላፍነቱ ከይዋፃእ ኣብ ጐኒ እቲ ቀንዲ ዕንቅፋት ዝኾነ ፌደራል መንግስቲ ኮይኑ ዘማኽርን ዝገርሕን መጋበርያ ጥፍኣት እዩ። እዚ ፅግዕተኛን ክራይ ኣካብን ጉጅለ ንውድብን ህዝብን በቲኑ፣ መንግስታዊ ስርዓት ሃደሽደሽ ኣቢሉ ዘይእዱብ ረብሓ ክእምርር ብዘለዎ ሃርጓፍ ድልየት ውድብና ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ዝፈጠርዎ ትእምት እንተኸኢሉ ክቆፃፀር እተዘይክኢሉ ድማ ኣሕሊፉ ክህብን ክፍርሶን ብዕቱብ እናሰርሐ ይርከብ።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ፤ ህወሓት ምስ መንግስቲ ፌደራል ዝፈረሞ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ምሉእ ብምሉእ ተግባራዊ ንምግባር ህወሓት ዘለዎ ቁርፀኝነት ብተደጋጋሚ እንተርኣየ እውን ሽርሒ ዘይውድኡ መንግስቲ ፌደራል ብዝተፈላለየ መንገዲ እናተዓናቐፈ ኣብዚ ተበፂሑ ኣሎ። ሓደ ግዜ "ተመዛበልቲ ከይምለሱ ዘዐንቅፍ ዘሎ ህወሓት እዩ" ይብል፤ ካሊእ ግዜ ድማ "ካብ ፅባሕ ጀሚሩ መንነቶም ቀይሮም (በቲ ኣብኡ ዘሎ ምምሕዳር ተገዚኦም) ክኣትው ይኽእሉ እዮም፤ ንሕና ፀገም የብልናን፤" ወዘተ ዝብሉ ማይ ዘይቋፅሩ ምኽኒታትን ብደዐታትን እናደርደረ ውዕሊ ፕሪቶሪያ ከይፍፀም፣ ተመዛበልትና እውን ሓምሻይ ክረምቲ ኣብ ዝተቐደደ ዳስ ክኸርሙ ገይሩ ኣሎ። ኣብ ቅድሚ ኣደራዳደርትን ማሕበረሰብ ዓለምን ዝኣተዎ ውዕል ክፍፅም ዘይፈቐደ ፌደራል መንግስቲ ተገልቢጡ ድማ "ህወሓት ንኹናት ይዳለው ስለዘሎ ቅድሚ ነገራት ካብ ቁፅፅር ምውፅኦም ምዓድዎ" ዝብል ሓዱሽ ኣጀንዳ ፈጢሩ ሽማግለታትን መራሕቲ ሃይማኖት ዝኾኑ ኣቦታትን እናመላለሰ ዝተለመደ ተዋስኦ ይሰርሕ ኣሎ።
ህወሓት ኣብዚ ጉዳይ ተመስሪቱ፤ "ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ትግራይ ብመፈራርሒ ኲናት ምዕፋን ኣይከኣልን!!" ብዝብል ርእሲ 11 ሓምለ 2017 ዓ/ም ዘውፅኦ ሰሙናዊ መልእኽቲ፤ ነቲ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ዝሓዝዎ ቅኑዕ ሰላም መንገዲ ናብ ሽርሒን ስግኣት ኲናትን ዝመርሖ ዘሎ ፌደራል መንግስቲ ናብ ንቡርን ናብ ቀልቡን ክምለስ ዘተሓሳሰበ እዩ።

ህወሓት ኣብ መልእኽቱ ከምዝሓበሮ፤ ህዝቢ ትግራይ ኮነ መሪሕ ውድቡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኩሎም ኣፈላላያት ብሰላማዊ ፖለቲካዊ ቓልሲ ክፍትሑ ከምዘለዎም ናይ ትማሊን ሎምን ዘይንቕነቕ ቅዋሞም እዩ። ሰላማዊ ልዝብ ኮነ ሽምግልና ካብቶም መበቆላዊ ትውፊታት ህዝቢ ትግራይ እዮም። ንዘጋጥሙ ኣፈላላያት ብሰላማዊ ዘተ ንምፍታሕ ዝግበር ዝኾነ ይኹን ተበግሶ በሪ ህዝቢ ትግራይ ኮነ መሪሕ ውድቡ ህወሓት ርሕው እዩ። ኣብ ቀረባ ምስ ልኡኽ ጉጅለ ጉባኤ ሃይማኖታት ኢትዮጵያ መሪሕነት ውድብና ዝገበሮ ዘተ እውን ካብዚ ሓቂ እዚ ይብገስ።

ኩሉ ደላዪ ሰላም ክፈልጦ ዝግባእ እምበኣር እቲ ብወገን ትግራይ ንሰላም ኢልካ ዝግበር ዘሎ ትዕግስቲ ዓብይ ምዃኑ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ንኲናት ኣማራፂ ስኢኑ ተገዲዱ ዝኣትዎ እምበር ብሂጉ ዝኣትዎ ፈፂሙ ዘይምዃኑ ብተደጋጋሚ ዝገለፆ ጉዳይ እዩ። ይኹን እምበር ብወገን ትግራይ ንጐንፂ ዝዕድም ዝኾነ ይኹን ምንቅስቓስ ኣብዘይብሉ ኩነታት፤ መንግስቲ ፌደራል ነቲ ዋና ኣጀንዳ ምፍፃም ውዕሊ ፕሪቶሪያ መልክዑ ንምቕያር ዝኣለሞ ሽርሒ ኣብ ምፍፃምን ኣብ ወፍሪ ምፍርራሕን ተፀሚዱ ይርከብ።
ካብዚ ብምብጋስ፤ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝፍፀሞ ዘሎ ሽርሒታት፣ ተደራራቢ በደልን ደበና ኲናት ዝዕድም ጐስጓሳትን ተቖጢቡ ህዝቢ ትግራይ ኮነ መሪሕ ውድቡ ዘቕርብዎ ዘለው ተደጋጋሚ ፃውዒት ሰሚዑ ወረርቲ ሓይልታትን ሰፈርትን ብቕልጡፍ ካብ መሬት ትግራይ ብምውፃእ ዝተሰደደን ዝተመዛበለን ህዝብና ውሕስንኡ ተሓልዩ ናብ መረበቱ ክምለስ ንምግባር ግቡኡ ክፍፅም ይግባእ። እዚ ክሳብ ዘይተፈፀመ ህዝቢ ትግራይ ኮነ ህወሓት ንሃለዋቱን ሉኣላዊ መሬቱን ዝገብሮ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቓልሲ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን እዋን ኣጠናኺሩ ክቕፅል እዩ። ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ትግራይ ብመፈራርሒ ኲናት ምዕፋን ኣይከኣልን!!

ብሄራዊ ሓድነት ንምኽባር ሉኣላውነት!
ዘልኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንስውኣትና!

ትብፃሕ

"ኣይትብከ እንድዩ ዘብክየኒ ዘሎ!"

ዝኸበርኩም ኣሰናዳእቲ ጋዜጣ ወይን፤ ሰላም ከመይ ቀኒኹም እናበልኩ ንሎሚ ናብ ዝሓረኹዎ ፅሑፈይ ክኣቱ፡፡

ከም ዝፍለጥ ካብ 10 ሰነ 2017 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ዝነበሩ ሰሙናት ምስ ዝኽሪ መበል 37 ዓመት ሰማእታት ትግራይ ተኣሳሲሩ "ሕድሪ ስውኣትና ንምውሓስ ሉኣላውነትና" ብዝብል ቴማ ንዕላማን ክብርን ሰማእታት ትግራይ ዝገልፁ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብምስራሕ ኣብ መላእ ወረዳታትን ዞባታትን ትግራይ ስነ ስርዓት ዝኽሪ ሰማእታት ተኻይዱ እዩ፡፡ ተጋደልቲ ትግራይ ምስ ዝተሰውእሎም ዕላማታት ተዛሚዱ ዛጊድ ካብ ዘይተዛዘሙ ዕማማት ሓደ ምውሓስ ልኣላዊ መሬት ትግራይን ምምላስ ተመዛበልትን እንትኸውን ነዚ ኣመልኪቶም ዝተመዛበሉ ወገናት ሓምሻይ ክረምቲ ኣብ ኬንዳ "ይኣክል" ብዝብል መሪሕ ጭርሖ ኣብ ኬንዳ ምንባር ዘብቕዕሉን ናብ ቤት ንብረቶም ዝምለስሉን ስራሕቲ መንግስቲ ንክሰርሕ ዘስምዕ ድምፂ ንሰለስተ መዓልትታት ሰለማዊ ሰልፊ ኣካይዶም እዮም፡፡ እቲ ሰለማዊ ሰልፊ ኣብ ውሽጢን ዓድን ወፃእን ብዝነብር ህዝቢ ተደጊፊ ኣብዚ ዓመት ክልተ ግዘ ዝተኻየደን ብኣፅንኦት ድማ "ይኣክል እውን ይኣክል" ዝተበሃለሉ፣ ሉኣላውነት መሬት ትግራይ ናይ ዋንኡ ይመለስ፣ ተመዛባላይ ብውሑስ መንገዲ ናብ መረበቱ ንክምለስ ዝፅውዕ ናይ መረረት ድምፂ ተመዛበልቲ ተሰሚዑ እዩ፡፡
እንተኾነ ግን እቶም ተመዛበልቲ ወገናት ኣብዚ ዓመት ብፍሉይ ለይትን ቀትርን ንሰለስተ መዓልቲ ደኣ ኣካየድዎ እምበር ቅድሚ ሐዚ ኣብ በቢዓመቱ ኣብ ዘካየድዎም ሰለማዊ ሰልፍን ዘስምዐዎም ድምፂ ምሎስና ሰማዒ ስኢኑ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ሽርሒ ዝተመልአ ኣጉል መፅበዓን ኣፍ መዕፀዊ መልስን እናተወሃቦም ፀኒሖም፡፡ ኣብቲ እዋን ፕረዚደንት ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝነበረ ጌታቸው ረዳን ካልኦት ላዕለዎት ኣመራርሓን ካብ ሓቂ ዝረሓቀን ናብ ተግባር ዘይወረደን፣ ትልሚ ዘይተተሓዘሉ፣ "ክትምለሱ ኢኹም"፣ ናይ መወዳእታ ሰልፊ እዩ" ዝብሉን ካልኦት መምሰልቲ ቃላዊ መልሲ ይወሃቦም ነበረ እምበር ብቁርፀኝነት ብዛዕባ ልኣላዊ መሬትን ተመዛበልትን ተገዲሱን ድቃስ ስኢኑን ክመርሕ ዝተረኣየ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ኣይነበረን፡፡ እኳድኣስ ከርፋሕ ናብራን መከራን ተመዛበልቲ ሱር ሰዲዱ ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት እናሃለወ ልኣላዊ መሬት ትግራይ ዘመሓደረ የመሓድሮ ዝተመዛበለ ህዝቢ ንምላስ ውሕስና ኣየገድስን" ብምባል መዳእትኡ ምስቲ ጨፍጪፉን ኣፀኒቱን ካብ ቤት ንብረቶም ዘፈናቐሎም ስትራተጂካዊ ፀላኢ ህዝቢ ትግራይ ምውጋን ኮይኑ፡፡
ብተግባር ድማ ምእንቲ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ክብሉ ብሄራዊ ክብርን ልኣላዊ መሬትን ትግራይ ኣሕሊፎም ብምሃብ ትማሊ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ብሓይሊ ገቢቶም ምስ ዝሓዙ፣ ኣብ ማይ ካድራ ንተጋሩ ብኣረሜናዊ ተግባር ምስ ዝጨፍጨፉን ዘጨፍጨፉን ሓይሊታት ተኮፊሶም ንህዝቦም ከጉህይዎ ደጋጊሞም ከንብዐዎን ተራእዮም፡፡ እቲ ዝገርም ጉጅለ ክሕደት ምኽሓዶም ጥራሕ ዘይኮነስ ትማሊ ንተመዛበልቲ እናታለሉ ፀኒሖም ኣሰላልፍኦም ብሽም ደለይቲ ሰላም ተመዛበልቲ ሓምሻይ ክረምቲ ኣብ ኬንዳ ተደርብዮም ብሰላሕታ እናፀነቱ ንወገኖም ዘይምግዳስን እዩ፡፡ ካብኡ ሓሊፎም እውን ዕላምኦም ዘሰጉሙ ሰራዊት ወዲቦም ኣብ መሬት ዓፋር ከሰልጥኑን ተመሊሶም ናብ ህዝቢ ትግራይ ክትኩሱ፣ ሓው ምስ ሓው ንክጣርስን ዝፍሕስዎ ዘለዉ ውዲት "ኣይትብከ እንድዩ ዘብክየኒ" ዝበሃል ኣበሃህላ ዝገልፆ መሲሉ ይስምዓኒ፡ ፡ ስለዝኾነ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ጨፍጫፍን ወረራን ከይሓወየ ንተወሳኺ ጥፍኣትን ህልቀትን ምስ ዝተዳለወ ፀላኢ ዝተሰለፈ ጉጅለ ክሕደት ዝፈጠሮም ኣተሓሳስባን ከባብያዊነት ከይተምበርከኽና ሓድነትናን ብሄራዊ መንነትና ብምቕዳም ሉኣላዊ ግዝኣትናን ዝተመዛበለ ህዝብና ውሕስ ብዝኾነ መንገዲ ናብ ዋንኡ ንክምለስ ሰለማዊ ቃልስና ከነጠናኽር ሕድሪ ሰማእታትና ክነኽብርን ይግባእ ብምባል ዛዕባይ ይኸምብት፡፡

ኣስረስ ኣረሩ
ካብ መቐለ

50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ዓወትን!

እዋናዊ ዛዕባ

ንምውሓስ ብሄራዊ ህልውናና ዘውስን መፍረያይነት

ሕርሻ፣ ዓንዲ ሑቐ ቁጠባና እዩ። ምኽንያቱ ልዕሊ 80 ምኢታዊ መነባብሮ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሕርሻ ዝተመርኮሰ ስለዝኾነ። እዚ ድማ ህልውናና ብኣውርኡ ኣብ ሕርሻ ዝተመስረተ ከምዝኾነ እዩ ዘርእየና። ህልውናና ኣብ ሕርሻ ዝተመስረተ እንተኾይኑ ድማ ኣብዚ ዓውዲ ብዝለዓለ ምንቕናቕን ተሳትፎን ህዝቢ ክንነጥፍ ግድን ይኸውን። እምብኣር ካብዚ ወድዓዊ ሓቂ ብምብጋስ እዩ ንመፍረያይነትን ምድንፋዕ እቶትን ዝለዓለ ትኹረት ብምሃብ ብዕቱብ እናተሰርሐሉ ዝመፅን ሕዚ እውን ዝስርሐሉ ዘሎን። ይኹን እምበር ብመንፅር ክሳብ ሕዚ ዘሎ ውፅኢታውነት እንትምዘን፣ መፍረያይነት ሕርሻ ኣዝዩ ትሑት እዩ። ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ዝተበጣጠሰ ትሕዝቶ መሬት ሕርሻ፣ ጉድለት ፍልጠት፣ ክእለትን ኣረኣእያን ምህላው፣ ሓደሽትን ዝተመሓየሹን ቴክኖሎጅታትን ኣሰራርሓታትን ኣብ ምቕራብን ምጥቃምን ዘሎ ተበግሶ ትሑት ስለዝኾነ እዩ። ብተወሳኺ ሃፍቲ ተፈጥሮ ብኣግባቡ ኣብ ምሓዝን ምጥቃምን ውስንነት ምህላው፣ ዝለዓለ ብኽነት ድሕረ ምህርቲ ምህላው፣ ምትእስሳር ዕዳጋን ከብሪ መፍረያይነትን ዘውስኹ ስራሕቲ ድኽመት ዘለዎም ምዃኖም፣ ከምኡ እውን ንሕርሻ ዘድሊ ቀረብ ፋይናንስ ኣዝዩ ትሑት ምዃኑ ተጠቀስቲ ፀገማት እዮም።

ብመሰረቱ ኣፈፃፅማ መደባት ሕርሻ ድልየትን ተሳትፎን ሓረስታይ መሰረት ዝገበሩ፣ ኣብ ምስፋሕ ስትራቴጂ ቀንዲ ትኹረት ዝገበሩ፣ ክላስተር መሰረት ዝገበረ ኣለማምዓ ዝኽተሉ፣ ምሉእ ፓኬጅ ሕርሻ ዘተግብሩ፣ ክላስተር መፍረይቲ ሓረስቶት ምሉእ ብምሉእ ካብ ስዲ ጋህዲ ነፃ ዝኾነሉ ኣሰራርሓ ተግባራዊ ክገብሩ ግድን ይኸውን። ብተመሳሳሊ ተጠቃምነትን ተሳትፎን ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ፍሉይ ትኹረት ዝገበሩ ስራሕቲ ሕርሻ ተግባራዊ ምግባር የድሊ። ብተወሳኺ ንከባብያዊ ኣየር ዝፃወሩ ዝተዋደዱ ስራሕትን ኣሰራርሓታትን ሕርሻ፣ ቐፃልነት ዘለዎ ስርዓት ክትትልን ደገፍን ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ይኹን እምበር፣ ኣብዚ ንርከበሉ ጭቡጥ ኩነታት እዞም መደባት ንከይዕወቱ መሓንቓት ዝኾኑ ኣለዉ። ንኣብነት፣ ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ኣይተተግበረን። እዚ ሓደ ዓብይ መሓንቕ ኾይኑ ኣሎ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። ተመዛበልቲ ወገናትና ናብ መረበቶም ኣይተመለሱን። እዚኦም ብዘይምትግባሮም ድማ ኣብ መፍረያይነትን ምድንፋዕ እቶትን ከቢድ ፀገም እናፈጠረ ይርከብ። ከምዚ ዝበለ ፀገም ብምህላዉ ድማ ንሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ዝግበር ደገፍ ኣዝዩ ከቢድ ገይርዎ ኣሎ። እቲ ካልእ መሓንቕ ስእነት ስራሕ እዩ። ነቲ ኣብ ልዕሌና ዝተኣወጀ ኲናት ፅንተት ስዒቡ ብብርኪ ትግራይ ስራሕ ዝሰኣነ ብዙሕ እዩ። ብሰንኪ ስእነት ስራሕ እቲ መፍረያይ ሓይሊ መንእሰይ ናብ ስደት ስለዝኸይድ ኣብ መፍረያይነትን ምድንፋዕ እቶትን ናይ ባዕሉ ኣሉታዊ ፅልዋ የሕድር ኣሎ። እቲ ካልእ መሓንቕ ለውጢ ኩነታት ኣየር እዩ። ምኽንያቱ እቲ ዓለማዊ ለውጢ ኩነታት ኣየር ኣብ መፍረያይነት ኣሉታዊ ፅልዋ እናሕደረ ስለዝርከብ። እዚ ከምዘሎ ኾይኑ ኣብ ፖሊሲ ኣጠቓቕማ መሬትን ምሕደራ መንግስታዊ ደንታትን ዘሎ ግንዛበ ትሑት ምዃኑን ብዝግባእ ተግባራዊ ዘይምዃኑን እውን ሓደ መሓንቕ እዩ።

እቶም ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ መሓንቓት ከምዘለዉ ኾይኖም ብኣንፃሩ ድማ ዕድላት ከምዘለዉ ምርዳእ የድሊ። ንኣብነት፣ እቲ ሕዚ ተረኺቡ ዘሎ ተነፃፃሪ ሰላም ከምዕድል ተጠቒምኻ መፍረያይነት ምድንፋዕ ይከኣል እዩ። እቲ ካልእ ከምዕድል ተገይሩ ዝውሰድ፣ ተመኩሮ ሕሉፍ እዋን እዩ። ከምክልል ኣብ ምድንፋዕ መፍረያይነት ቐለልቲ ዘይበሃሉ ውፅኢት ዘረጋገፁ ብሉፃት ተሞክሮታት ኣለዉ። ነዞም ተመክሮታት ብምጥቃምን ብምግፋሕን ናብ ተረባሕነት ምቕያር ዝከኣለሉ ዕድል ሰፊሕ እዩ። እቲ ተነቢሩልና ዝነበረ ዕፅዋን ክባን ካብኡ ንምውፃእ ዝገበርናዮ ቓልሲ እውን ክንመሃረሉ ይግብኣና። ካብዚ ትምህርቲ ወሲድና ምህርትና ንምስሳን ናይ ሞትን ሕየትን መደብ ገይርና ክንረባረብ ኣለና። ዓቕምታት መኸተ ወዲብኻ ናብ መፍረያይነት ምውፋር እውን ሓደ ዓብይ ዕድል እዩ። ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ድማ ዝተወደበን ፅኑዕን ህዝቢ ስለዘሎ ነዚ ዓብይ ዕድል ምጥቃም የድሊ። ቅድሚ ቐፀልቲ መደባት ምርኣይና፣ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ዕድላት ብምጥቃም ኣብ 2017 ዓ.ም ካብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ዝተወሰኑ ክንጠቅስ። ኣብዚ ዓመት (2017 ዓ.ም) ካብ ዝተርኣዩ ጥንካረታት፣ ኣብ ቑልፊ መደብ ዝተገበረ ርብርብ ሓደ እዩ። ብፍላይ መተግበሪ ትልሚ ኣብ ምድላውን በብብርኩ ሰፋሕቲ ዋዕላታት ኣብ ምክያድን ከምጥንካረ ምቕማጥ ይከኣል። ብተመሳሳሊ ምስመዳርግቲ ኣካላት ዝተገበረ ምትእስሳር ፅቡቕ እዩ። ኣብዚ መዳይ ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ጅማሮ ኣሎ። እዚ ብቐፃልነት ክጠናኸር እዩ። ክፍተት ዝምልኡ ስልጠናታት ኣብ ምሃብ እውን ከምሓደ ጥንካረ ተገይሩ ክውሰድ ይኽእል እዩ። እቲ ካልእ ጥንካረ ዓበይቲ መደባት ዝምልከት ኾይኑ፣ ብሓደ ምዕማም፣ ኣብ ምዕባይ ዓቕሚ፣ ክትትልን ደገፍን ኣብ ምግባር ዝሐሸ ስራሕ ተሰሪሑ እዩ። ከምኡ እውን ኣፍቲ ወራር እዋን ኣዐርዩ ዝተጋደደን ዝቐፀለን ብርሰት ኣግራብ ምፅያፍን ደው ንክብል ዘኽእል ርብርብ ምግባርን ዝተጀመሩ ስራሕቲ ተስፋ ዝህቡ እዮም። ብፍላይ ሓምለዋይ ልምዓት ናይ ኩሉ ሴክተርን ኣካልን ናይ ምግባር ጅማሮ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ጣብያታት ፈልሲ፣ ፈልሲ ኣብ ምድላውን ክንክን ኣብ ምግባርን፣ ንተኸላ ጠሊ ዓቀብትን ድኹዕን ብውሱን ኣብ ምድላው ዝሓሸ ስራሕ ተሰሪሑ እዩ። ሞዴል ልምዓት መፋስስ ኣብ ምትግባር ንኣብነት፣ ጉህሚ፣ ልምዓት ጎቦ፣ ኩታ ገጠም ልምዓት ወዘተ ዘተባብዑ ጅማሮታት ኣለዉ። ከምኡ እውን ኣብ ስነ ህይወታውን ቀለብ እንስሳን፣ ምዕቃብ ጠሊ ወዘተ ዝተሰርሑን ዝስርሑ ዘለዉን ስራሕቲ ከምጥንካረ ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዮም።

እቶም ልዕል ክብል ዝተቐመጡ ጥንካረታት ከምዘለዉ ኾይኖም ሕዚ እውን ገና ዘይተሰገሩ ጉድለታት ኣለዉ። ንኣብነት፣ መላእ ህዝቢ ኣብ ኩሎም መደባት ኣብ ምውዳብን ምልዕዓልን ገና ዘይተሰገረ ፀገም እዩ። ብፍላይ መድረኻት ንታሕቲ እንትወርዱ ምዝሕሓልን ትሑት ክትትል ምህላውን ብሰፊሑ ዝርአ ፀገም እዩ። እቲ ካልእ ፀገም፣ ኣብ ጎረባብቲ ወረዳታትን ጣብያታትን ዘለዉ ደንታት ክትትል ኣብ ምግባር ክንድ'ቲ ዝድለ ዘይምዃን እዩ። ከምኡ እውን ዘይምምጥጣን ኣፈፃፅማ መደባት፣ ትካላትን ኣካላትን ይርአ ኣሎ። ብርሰት ኣግራብ ብህፁፅን ዘላቕን ደው ብዘይምባሉ ሕዚ እውን ብርሰት፣ ወፍሪ ዘመት፣ ዘይምዕሩይ መጠሻ፣ ዕደና ... ኣለዉ። “ብርሰት ደኒ ደው ኑብል” ዝብል መትከል ጅማሮ እምበር ዳርጋ ገና እዩ ምባል ይከኣል። ብተወሳኺ ሰፊሕ ስዲ ጋህዲ፣ ሰውሒ ምሕራስን ተርእዮታት ባርዕ ሓውን ዝኣመሰሉ ፀገማት ኣለዉ። ኣብ ምድላው ጠሊ ዓቀብትን ምምላእ ድኹዕን ዘሎ ክፍተት ገና ኣይተሰገረን። ስነ ህይወታውን ቀለብ እንስሳን ብውነን ብወነን ዘይምእታው ኣሎ። ጠሊ ምዕቃብን ማይ ምሓዝን ህዝቢ ብምንቕናቕ ዘይምምራሕ ካብቶም ዝተርኣዩ ጉድለታት ተጠቀስቲ እዮም።

ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተቐመጡ ጥንካረታትን ጉድለታትን ብምብጋስ ነዚ ዘለናሉ ክረምቲ ሓዊሱ ኣብ መፍረያይነት 2017፣ 2018 ዓ.ም ዝዕመሙ መደባት ብውነ ክራኣዩን ተዋዲድካ ክዕመሙን ዘለዎም እዮም።

ኣብዚ ክረምቲ ንቑልፊ መደብ ፍሉይ ትኹረት ብምሃብ ዝለዓለ ርብርብ ይግበር ኣሎ። ንኣብነት፣ ኩሎም ዓቕምታት ብዘላቕነት ምምራሕ ነዚ እውን “ስትሪንግ”ን “ቴክኒካል”ን ኮሚቴታት መደበኛ ስራሕተን ጀሚረን ኣለዋ። ብሉፅን ድኹምን ተሞክሮ ምውዳብን ከምመምሃሪ ምጥቃምን፣ ክረምታዊ መደባት ንምፍፃም ዘኽእሉ ኮሚቴታት ምውዳብን ምውፋርን ዝኣመሰሉ ስራሕቲ ይስርሑ ኣለዉ። ብዘይካ እዚ ንስራሕቲ ክረምታውን መደባት 2018 ዓ/ምን ዘድሊ ኩሉ መዳይ “ሎጂስቲክስ” ንምምላእ ይስራሕ ኣሎ። እቶም ክረምታዊ መደባት ብመሰረት ዝተትሓዘሎም ኣንፈትን ዝወፀ ትልምን ንክትግበሩ ዘድሊ ደገፍን ክትትልን እናተገበረ እዩ። ብተመሳሳሊ ኩሉ መዳያዊ መፍረያይነት ብዝተኣሳሰረ መንገዲ ንምፍፃም ብዕቱብ ይስራሕ ኣሎ። እቲ ካሊእ ጉዳይ ኣብዚ ክረምቲ ዝተትሓዘ ትልምን ምድላውን ተኸላ ፈልሲ ብዕዉት ኣገባብ እናተሳለጠ ይርከብ። ካብ ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮ ብህፁፅን ዘላቕነትን ነፃ ምውፃእ፣ ስነ ህይወታውን ቀለብ እንስሳን ብዝተወደበ መንገዲ ምልማዕ፣ ምዕቃብ ጠሊ ኣብዚ ክረምቲ ንምስራሕ ከምኣንፈት ተታሒዞም ዝስርሑ ዘለዉ መደባት እዮም።

ሓለዋን ኣጠቓቕማን ደኒ ብዝምልከት፣ ስትሪንግን ቴክኒካልን ኮሚቴ ሓምለዋይ ልምዓት ብዘላቕነት ንምጥንኻር እናተሰርሐ እዩ። ነዚ ንምፍፃም ዘኽእል መተግበሪ ትልሚ ተዳልዩ ተግባራዊ ይኸውን ኣሎ። ብመሰረት እዚ ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮ ደው ንምባል ዝተጀመሩ ስራሕቲ ኣለዉ። እዚኦም ተጠናኺሮም ክቕፅሉ እዮም። ሕድሕድ ወረዳ ካብ ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮን ስዲ ጋህፅን ነፃ ንምግባር ብቑዕ ትልሚ ተዳልዩ ናብ ተግባር ተኣትዩ ኣሎ። ኣብዚ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ኣብ ሓለዋ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝነበሮ ተሞክሮን ዓቕምን ተጠቃሚ ንክኸውን ስራሕቲ መዕበይ ግንዛበ ክስርሑ እዮም። እዚ ከምዘሎ ኾይኑ ኣብ ሓለዋን ኣጠቓቕማን ደኒ ኣመልኪቱ ዝወፀ ትልሚ ተግባራዊ ይኸውን ምህላዉ ጥቡቕ ክትትል ክግበር ተተሊሙ እናተተግበረ ይርከብ። ኣብ ሓለዋን ኣጠቓቕማን ደኒ ዘሎ ተሞክሮ ንምውዳብን ናብ ካልኦት ከባብታት ንምስፋሕን ዝለዓለ ቆላሕታ ብምሃብ እናተሰርሐሉ ይርከብ። እዚ ብዝበለፀ ንምጥንኻር ክስራሕ እዩ። ብፍላይ ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ከባብታት ዘለዉ ደንታት ዝለዓለ ትኹረት ብምሃብ ጥቡቕ ሓለዋ ክግበር ተተሊሙ እናተተግበረ ይርከብ። ኣብዚ ጉዳይ በብከባቢኡ ዘሎ ክፋል ሕብረተሰብ ካብኡ ትፅቢት ዝግበር ሓለዋ ንክገብር ብዝተዋደደ መንገዲ ንምምራሕ መደብ ተታሒዙ ናብ ተግባር ተኣትዩ ኣሎ። መደባት ምዕቃብ ጠሊ ካልእ ቐፃሊ ኣንፈት ናይዚ ክራማት መደብ እዩ። እዚ ብዝተወደበ ኮሚቴ ክምራሕን ትልሚ ብምድላው ናብ ተግባር ንምእታውን ክስራሕ እዩ። ኣብዚ ክስመረሉ ዝግባእ መሰረታዊ ነጥቢ፣ ምዕቃብ ጠሊ ንኩሉ መዳያዊ መፍረያይነት ከምዝውዕል ተገንዚብኻ ክስራሕ ከምዘለዎ እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ስራሕቲ ምዕቃብ ጠሊ ሰፊሕ ምንቕናቕ ክካየድ እዩ። ንኣብነት፣ ብውልቀን ብውዳበን ማእኸል ዝገበረ ምንቅስቓስ ንምፍጣር ይስራሕ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ስራሕቲ ሓዱሽን ፅገና ነባራትን ዛላታት፣ ምእላይን ምዕቓርን ማይ ብዝተዋደደን ዝተተለመን ኣግባብ ንምስራሕ ቅድመ ምድላዋት ተወዲኖም ናብ ተግባር ተኣትዮም ኣለዉ። ተሳትፎ ሰብ ሃፍቲ፣ ተወለድትን መዳርግቲ ኣካላትን ብስፍሓት ንምዕባይ ከምኣንፈት ተታሒዙ ይስርሐሉ ኣሎ። እዚ ከምዘሎ ኾይኑ፣ ኣብ ልምዓት ስነ ህይወታውን ቀለብ እንስሳን ዝስርሑ ስራሕቲ ኣለዉ። ኣብዚ፣ “ኮር ቲም” ንምጥያሽ፣ ከባብያዊ ሃፍተ ገነት ንምትእልላሽን ወዲብካ ንምትግባርን ዝተጀመሩ ምንቅስቓሳት ከምዘለዉ ምግንዛብ የድሊ። ብተመሳሳሊ ዘላቕነት ሃፍቲ ተፈጥሮን ፍርያት እንስሳን ንምርግጋፅ ይስራሕ ኣሎ። ኣብ ኩሎም ስትራቴጅታት ብፍላይ ከምኒ ሰውሒ፣ ጉህሚ፣ ዓርሞ፣ ገደናን ካልኦትን ብስፍሓት ንምትግባር ቅድመ ምድላው እናተገበረ እዩ። ምስ'ዚ ተኣሳሲሩ ኣብ ልምዓት መፋስስ ዝስርሑ ዘለዉ ስራሕቲ ተጠናኺሮም ክቕፅሉ እዮም። ምስልምዓት መፋስስ ተኣሳሲሩ ካብ ስዲ ጋህዲ ነፃ ዝኾና ጣብያታትን ወረዳታትን ንምፍጣር ከምኣንፈት ተታሒዙ ምንቅስቓስ ተጀሚሩ ኣሎ።

ከምቲ ዝፍለጥ ኣብ ዝራእቲ ጉድኣት ዘብፅሑ ባልዓት ብተደጋጋሚ ይኽሰቱ እዮም። ኣብዚ፣ ዝተዋደደ ምክልኻል ባልዕ ከምቀንዲ መስርሕ ብምሓዝ ስራሕቲ ቅድመ ምድላው ተወጊኖም ኣለዉ። “ዝተዋደደ ምክልኻል ባልዓት” ዝበሃል ብኢኮኖሚ መዋፃእቲ ዝኾኑ፣ ኣብ ሕብረተሰብን ከባብን ጉድኣት ዘየብፅሑ፣ ቐፃልነት ዘለዎ መፍረያይነት ክህልው ዝገብሩ ካብ ክልተ ንላዕሊ ሜላታት መከላኸሊ ተጠቒምካ ባልዓት ጉዳእቲ ናብ ዘይኾንሉ ደረጃ ምውራድ ማለት እዩ። ኮይኑ ግና ዝተዋደደ ምክልኻል ባልዕ ከምቀንዲ መስርሕ ገይርኻ ዝዕቀን መደብ ኣብ ምሓዝ ደንገርገራት ይረኣዩ እዮም። ነዚ ፀገም ንምፍታሕ ድማ መደባት ምክልኻል ባልዕ ናብ ዝዕቀን መደብ ብምምፃእ እቶም ዝፍጠሩ ደንገርገራት ንምፍታሕ ዝዕቀንን ዝግምገምን ናይ ተግባር ኣንፈት ተነፂሩ ከምዘሎ ምርዳእ የድሊ።

እዚ ከምዘሎ ኾይኑ፣ ምጥያሽ ጉጅለ ኢንስፔክሽን /ቁፅፅር ዘይሕጋዊ ንግዲ ፀረ ባልዕ፣ ዘርእን ፈልስን ጠጠው ንምባል ናይ ቁፅፅር ሓይሊ ዕማም ምጥያሽ ኣድላይ ስለዝኾነ ብጥብቂ ክትትል ዝግበረሉ ዘሎ መደብ እዩ። እዚ መደብ ብብርኪ ክልል ጥራሕ ዝስራሕ ስለዘይኾነ ኩለን ወረዳታት ናይቲ መደብ ክብደት ኣብ ግምት ዘእተወ ከተማን ገጠርን ብምትእስሳር ጉጅለ ኢንስፔክሽን /ቁፅፅር ዘይሕጋዊ ንግዲ ፀረ ባልዕ፣ ዘርእን ፈልስን ብምጥያሽ ከባቢኣን ካብ ዘይሕጋውያን ነጋዶ ናይ ምክልኻል ግቡእ ኣለወን። ኣብ ምጥያሽ ጉጅለ ኢንስፔክሽን /ቁፅፅር ዘይሕጋዊ ንግዲ ፀረ-ባልዕ፣ ዘርእን ፈልስን ናይ ወረዳታትን ዞባታትን ዘሎ ምንቅስቓስ ክረአ እንተሎ ብድምር ከምክልል 45 ወረዳታት ኣጣይሸን ኣለዋ። እዚ ናብ ኩለን ወረዳታት ንምስፋሕ ይስራሕ ኣሎ። ካልእ ነዚ ክረምቲ ሓዊሱ ኣብ ኣጠቓላሊ ስራሕቲ መፍረያይነት ሕርሻ ብትኹረት ክስርሐሉ ዝግብኦ፣ ንስድራ ስዉኣትና ዝግበር ሓገዝ እዩ። እዞም ጀጋኑ ስዉኣት ምእንቲ ህዝቢ ትግራይ እዮም ክቡር መስዋእቲ ኸፊሎም። “ንሕና እናሃለና ትግራይ ኣይትድፈርን፣ ኣዶ ትግራይ ኣይትገሃስን፣ ኣቦ ትግራይ ኣይሕረድን፣ ሓፍተይ ኣይትድፈርን፣ ኮታስ ትግራይ ትስዕር!” እናበሉ እዮም ተሰዊኦም። መስዋእቶም ድማ ህያው እዩ። እዚ ክቡር መስዋእቲ መፍረያይነት ብምዕባይ፣ ዘላቒ ልምዓት ብምርግጋፅ፣ ሰላምን ፀጥታን ውሑስ ብምግባር፣ ፍትሕን ዴሞክራስን ብምስፋን፣ ሰናይ ምምሕዳር ብምርግጋፅ እዩ ዝድበስ። እዚ ድማ ስድራ ስዉኣት ብምሕጋዝን ብምድጋፍን እዩ ዝረጋገፅ። ስለዚ ኣብዞም ክረምታዊ መደባት ይኹን ኣብ ኣጠቓላሊ መደባት መፍረያይነት ሕርሻ ንስድራ ስዉኣት ዘድሊ ሓገዝ ክግበር እዩ። ህዝቢ ድማ ኣብዚ ልዑል ተሳትፎ ክገብር ትፅቢት ይግበር።

ጥቕልል ኣቢልኻ እንትርአ፣ ጉዳይ መፍረያይነትን ምድንፋዕ እቶትን ጉዳይ ምህላውን ዘይምህላውን፣ ጉዳይ ሞትን ሕየትን እዩ። ምኽንያቱ ህልውናና ንምርግጋፅ ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ኲናት ኢና ፀኒሕና። በዚ ኲናት ድማ ትካላትና፣ ሃፍትናን ንብረትናን ብወረርቲ ዓንዩምን ተዘሪፎምን እዮም። ከምቲ ኣብ መእተዊ እዚ ፅሑፍ ዝተገለፀ እቲ ዓንዲ ሑቕና ዝኾነ ዘፈር ሕርሻ እውን ኣዝዩ ተሃሲዩን ኣንቆልቂሉን እዩ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። ሕዚ እውን መልክዕ እቲ ኲናት እዩ ተቐይሩ እምበር ፀላእትና ንዓና ንምጥፋእ ስልም ኣይበሉን። ብዝተዋደደን ዝተተለመን መንገዲ እዮም ቀትርን ለይትን ዝሰርሑ ዘለዉ። እዞም ፀላእቲ፣ ሉኣላዊ ግዝኣትና ንከይኽበርን ተመዛበልቲ ወገናትና ናብ መረበቶም ንከይምለሱን ቀንዲ ዕንቅፋት ኾይኖም ኣለዉ። ሕዚ እውን ካብ ዕፅዋን ከባን መሊእና ተናጊፍና ምባል ኣይከኣልን። ብድምሩ ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት ከምዘለና ምርዳእ የድሊ። ካብዚ ከምዚ ዝበለ ዝኸፍአ ኩነታት ንምንጋፍ ድማ ጉዳይ መፍረያይነትን ምድንፋዕ እቶትን ጉዳይ ምውሓስ ብሄራዊ ህልውናና ገይርኻ ብምውሳድ ብናይ “ግዝ የለን” መንፈስ ክስርሐሉ ዝግብኦ መደብ እዩ። ነዚ እውን እዩ ግዝያዊ ምምሕዳርን ውድብና ህወሓትን ንመፍረያይነት ሎም ዘበንን ንዓውዲ ሕርሻ ብሓፈሻን ቐዳምነት ሂቦም ዝረባረቡ ዘለዉ። ስለዚ ነቶም ተታሒዞም ዘለዉ መደባት ሕርሻ ንምዕዋት ኩሉ ኣባልን መሪሕነትን ተወዲቡ ክመርሕን ክሰርሕን ኣለዎ። ብዋናነት ድማ ህዝብና ካብኡ ትፅቢት ዝግበር ኩሉ ክገብር ይግብኦ። ሰናይ ክራማት!!

ኣብዚኣማ

እዚ ዓምዲ እዚ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ተመስሪቱ ካብ ተሳተፍቲ ዝመፁ ፅሑፋት የተኣናግድ

ብሄራዊ ዕርቂ ምስመን? ... ብኸመይ?

ብመንክር ካብ መቐለ

ዝተፈላለዩ ኣካላት “ትግራይ ሰዓርን ተሰዓርን የብላን፣ ብሄራዊ ዕርቂ እዩ ዘድሊ” ዝብል ደጋጊሞም እንትገልፁ ይስማዕ። እዚ ሓሳብ ኣብ መዓልኡ ዘይወዓለን ኣብ መሬት ዘየለን ኩነታት ኮይኑ እዩ እምበር ብደረጃ ሓሳብ ቅቡል እዩ። ትግራይ ኣብዚ እዋን ብሄራዊ ዕርቂ እተካይደሉ ኣብ መሬት ዝርከብ ዓብዪ መፈላለዪ ዛዕባ የብላን። ምኽንያቱ ብሄራዊ ዕርቂ ዝበሃል ኣብ መንጎ ህዝቢ ብሽም ሃይማኖትን ዓሌትን ንንውሕ ዝበለ እዋን ዝተኻየደ ጎንፅን ውግእን እንተሃልዩ እዩ ብሄራዊ ዕርቂ ዝካየድ።

ብሄራዊ ዕርቂ ኣብ ሃገራት ኣውሮጳ ይኹን ኣፍሪካ እናተኻየደ ዝመፀ ዓለም ለኻዊ መስርሕ እዩ። ፕሮፌሰር ክንፈ ኣብርሃ ኣብ ወርሒ ግንቦት 2017 ዓ/ም ኣብ ሚድያ ወይን ዝገለፅዎ ሓሳብ ተወኪሰ ውሱን ነገር ከልዕል። ኣብ ሰሜን ኣየርላንድ ኣብ መንጎ ሃይማኖት ካቶሊክን ፕሮቴስታንትን ንነዊሕ ጊዜ ዝፀንሐ ደማዊ ጎንፂ ነይሩ። ህዝቢ ኣየርላንድ እቲ ከቢድ ዕንወት ዘምፅአ ደማዊ ውግእ ኣብ መወዳእታ ብብሄራዊ ዕርቂ እዮም ፋይሉ ዓፅዮምዎ። ብዕርቂ ክዛዘም ዝኸኣለ እውን መዓዝን ብኸመይን ክዕዖ ከምዘለዎ ፍሉይ ትልምን ተበግሶን ብምሓዝ እዩ።

ካሊእ ብሄራዊ ዕርቂ ዝተኻየደ ኣብ ሩዋንዳ ኣብ መንጎ ብሄረሰባት ቱትስን ሁትስን ዝነበረ ፅንተታዊ ኩናት እዩ። እቲ ብብርኪ ዓለም ካብቶም ዓበይቲ ዝበሃሉ ፅንተታዊ ኩናት ዝተኻየደሎም ዘሕዝኑ ተግባራት ሓደ ዝኾነ ብዕርቂ ክፍታሕ ዝኸኣለ እውን ፍትሒ ብምርግጋፅ እዩ። እዚ እውን መራሕቲ እቲ ፅንተት ዝነበሩ ኣካላት ብገበን ዝሕተት ምስተሓተተ ኣብ መንጎ ምቁሳል ዝፈጠርሉ ህዝቢ ግን ብሄራዊ ዕርቂ ክካየድ ክኢሉ። ኣብዚ ፈፃሚ ፅንተትን ፅንተት ዝተኻየደሉን ክፋል ሕብረተሰብ ልባዊ ዕርቂ ዝገበረሉ ምኽንያት ክልቲኡ ንዕርቂ ደው ስለዝበለ እዩ።

ካሊእ ኣብነት ብሄራዊ ዕርቂ፤ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ዝተኻየደ ኮይኑ ኣብ መንጎ ፀዓዱን ፀለምትን ንዘመናት ዝፀንሐ ቅርሕንቲ ዝተዓፀወሉ ምዕራፍ እዩ። እዚ እውን ንልዕሊ 50 ሚልዮን ዝኾኑ ፀለምቲ ደቡብ ኣፍሪካውያን ሓሙሽተ ሚልዮን ዝኾኑ ስርዓት ኣፓርታይድ ብዝመርሖ ፀዓዱ ዝበፅሖም ዝነበረ ከቢድ ግፍዒ ዝፈጠሮ ኩርኳሕ ንምልዛብ እዩ። ፀዓዱ እታ ሃገር ንፀለምቲ እታ ሃገር ንልዕሊ 300 ዓመት ዘውረድዎ ግፍዒ ብቓላት ዝግለፅ ኣይኮነን። ብምኽንያት ብእኒ ኔልሰን ማንዴላ ዝምራሕ ውድብ “ኣፍሪካን ናሽናል ኮንግረንስ” (ኤኤንሲ) ብዘካየዶ መሪር ቃልሲ፤ ስርዓት ኣፓርታይድ ክውገድ ክኢሉ እዩ። እቲ ስርዓት ሕብሪ ቆርበት መሰረት ገይሩ ዘመሓድር ብምንባሩ ኣብ መንጎ ፀዓዱን ፀለምትን ዝነበረ ሓርፋፍ ርክብ ንምቕራፍ ብሄራዊ ዕርቂ ተኻይዱ።

ካብዞም ልዕል ክብል ዝረኣናዮም ታሪኻት ብምብጋስ፤ ብሄራዊ ዕርቂ ዝካየድ ኣብ መንጎ ዓሌታት፣ ሃይማኖታትን ስርዓታትን ዝተፈጠረ ቅርሕንቲ ቀፃልነት ዘለዎ ጎንፂ ከይህሉ ንምዕባስ እዩ። ብመሰረቱ ብሄራዊ ዕርቂ ዝካየድ ኣብ ሕሉፍ ዝነበረ ዘይፍትሓውነት ንምእላይን ማሕበራዊ ምምስቕቓል ንምዕጋትን እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ሓደ ዓይነት ብሄራዊ መንነት ንምህናፅን ተሓታትነት ኣረጋጊፅካ ዘላቒ ሰላም ንምምፃእን እዩ ብሄራዊ

ብሄራዊ ዕርቂ ዝካየድ ኣብ መንጎ ዓሌታት፣ ሃይማኖታትን ስርዓታትን ዝተፈጠረ ቅርሕንቲ ቀፃልነት ዘለዎ ጎንፂ ከይህሉ ንምዕባስ እዩ። ብመሰረቱ ብሄራዊ ዕርቂ ዝካየድ ኣብ ሕሉፍ ዝነበረ ዘይፍትሓውነት ንምእላይን ማሕበራዊ ምምስቕቓል ንምዕጋትን እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ሓደ ዓይነት ብሄራዊ መንነት ንምህናፅን ተሓታትነት ኣረጋጊፅካ ዘላቒ ሰላም ንምምፃእን እዩ ብሄራዊ ዕርቂ ዝካየድ። እዚ ተግባራዊ ንምግባር ድማ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን በደል ኣፍልጦ እንትወሃብን ኮሚሽን ዕርቂ ተጣይሹ ተሓታትነት እንትረጋገፅን ጥራሕ እዩ።

ዕርቂ ዝካየድ። እዚ ተግባራዊ ንምግባር ድማ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን በደል ኣፍልጦ እንትወሃብን ኮሚሽን ዕርቂ ተጣይሹ ተሓታትነት እንትረጋገፅን ጥራሕ እዩ።

“ብሄራዊ ዕርቂ” ዝበሃል እዞም ልዕል ክብሉ ዝገለፅኩዎም መትከላት ዘማልእ ካብ ኮነ፤ ኣብ ትግራይ እንታይ ስለዘጋጠመ እዩ “ብሄራዊ ዕርቂ ይካየድ” ዝበሃል ዘሎ? ናብ ዘብል ቁምነገር ከኣቱ። ብናተይ እምነት ንብሄራዊ ዕርቂ ዝዕድም ነገር ኣብ ትግራይ የለን። ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ ኣብ መንጎ ህዝቢ ይኹን ሃይማኖት ዝተፈጠረ ፀገም የለን። እቲ ህዝቢ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ሓደ ዓይነት ክብሪ ዝውንን እዩ። ሕዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብሃይማኖት ይኹን ዓሌት እንተይተጓነፀ ተኸኣኢሉ ብሰላም ከምዝነብር መስጊድ ነጋሽ ሓደ መርኣዩና እዩ። ስለዚ ኣብ መሬት ዘየለ ፀገም፤ ፀገም ከምዘሎ ኣምሲልካ ኣጀንዳ ምግባር ትርፉ ምህውታት እዩ። ኣብ ቅድመና ዘሎ ጉዳይ ተመዛበልቲ፣ ምምላስ ግዝኣታዊ ሓድነት መሬትን ዳግም ህንፀትን ገዲፍና ኣብ ባይታ ብዘየለ ነገር ጊዜ ምጥፋእ ረብሓ የብሉን ጥራሕ ዘይኮነስ ንትግራይ ዳግም ምዕናው እዩ ክኸውን።

ምናልባት ብሄራዊ ዕርቂ ዘድሊ እንተኾይኑ ኣብ መንጎ ትግራይን ኢትዮጵያን ወይ እውን ትግራይን ኤርትራን እዩ። እዞም ኣካላት ስለዝጨፍጨፉናን ህይወትናን ንብረትናን ስለዘዕነውዎን ኣብ መንጎ ህዝቢ ኩርኳሕ ስለዘሎ ብከይዲ ምቕራፍ ኣገዳሲ እዩ። ይኹን እምበር በቲ ሕዚ ዘሎ ኩነታት ንዕኡ ዝዕድም ስለዘይኮነ ኣጀንዳ ክኸውን ኣይኽእልን። ካብዚ ልዕል ክብል ዝተገለፀ መሰረታዊ ፅንስ ሓሳብ ተበጊስኻ ክርአ እንተሎ፤ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ንብሄራዊ ዕርቂ ዝኾን እዚ ዝበሃል ፀገም የለን።

ኣብዚ መዳይ እቲ “ብሄራዊ ዕርቂ” ዝበሃል ዘሎ ኣብ ፖለቲካ ዝተፈጠረ ተሕሚስ እንተኾይኑ፤ ኣገላልፃኡ እዩ ክስተኻኸል ዘለዎ። ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ብርግፅ ኩሉ ጊዜ ዘሎ ኮይኑ ግን ድማ ኣብዚ ጭቡጥ ኩነታት ንዘሎ ኣፈላላይ እንተወሲድና ኣብ መንጎ ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀመን ንህዝቦም ዘቐድሙን ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ቃልሲ ብምኽኑ፤ ብሄራዊ ዕርቂ ዘይኮነስ ዕርቂ ናይቶም ኣፈላላይ ዝፈጠሩ ውልቀ ሰባት እዩ ክኸውን። ፖለቲካዊ ዕርቂ ክይበሃል እውን ከምቲ መስርሕ በደሎም ኣሚኖምን ተናሲሖምን ዘቕረብዎ ዓርሰ ነቐፌታ የለን። ይትረፍ ከናስሑ ሕድሪ ሰማእታት ጠሊሞም ብዝተጠናኸረ መንገዲ ክሕደቶም ይቕፅሉ እዮም ዘለዉ። መራሒ እቲ ክሕደት ዝኾነ ጌታቸው ረዳ ኣብ ሚድያታት ብልፅግና ዝዛረቦ እንተተዓዚብና ኣብ ርእሲ ጥልመት ካሊእ ጥልመት ይውስኽሉ ኣሎ እምበር ዝተናሰሐ ኣይኮነን። ትግራይ መሪሕን ዋሕስን ኣልቦ ንክትኸውን ዝሰርሖ ዝነበረ ክንዲ ዝጠዓስ ሕዚ እውን ሕድሪ ህዝብን ሰማእታትን ረጊፁ ኣጠናኺሩ ይቕፅለሉ ኣሎ። ቢሮ ሰላምን ፀጥታን ከምዝገለፆ፤ ልዕሊ 400 ዝኾኑ ቀንዲ ጀኖሳይደር ዝሰደዶምን ምልክታት ፅንተትና ዝኾና ዝተቓፀላ ናውትታት ውግእ ክጎሓላ ኣብ ልዕሊ ምግባሩ፤ እቲ ባዕሉ ዝሰርሖ ጥፍኣት ንጀጋኑ ምልጋቡ እዩ። ፕረዚደንት እናሃለወ ባዕሉ ፅሒፉ ኩሎም ሓፃውን ክእረዩ ዝገበሮ ከይኣክል ሓፂን መፂንን ወርቅን ጀነራላት ትግራይ ይሰርቑ ከምዝነበሩ ብሕሶት ከፀልሞ ተራእዩ እዩ። ካብዚ ንላዕሊ ክሕደት የለን። እዚ ድማ ፖለቲካዊ ጉዳይ እምበር ብሄራዊ ዕርቂ ኣየድልዮን።

እቲ ካሊእ ቅጥፈት ተመዛበልቲ ከይምለሱ ንክልተ ዓመት እናሓመሰ ዝፀንሐ ከይኣክል ዕጡቓትን ሰፈርትን ከምዘይወፁ እናፈለጠ “ተመዛበልቲ ዘይተመለሱ ብፀገም መንግስቲ ፌደራል ዘይኮነስ ብመሪሕነት ህወሓት እዩ” ክብል ኣፀሊሙ እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ በጀት ሰራዊት እናዓገተ ሰራዊት ንክብተን ዝገበሮ ከይኣክል፤ ኣብ ባይታ ዘየለ ቁፅሪ ሰራዊት እናተነገረ እቲ በጀት ኣዘዝቲ ይከፋፈልዎ ነይሮም ዝብል ፈጠራ ሓሶት ተዛሪቡ እዩ። እቲ ሓቂ ግን ብጥምየት ዝሳቐ ዘሎ ሰራዊት መኸተ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ብምትግባር ናብ ህዝቡ ከይሕወስ ሓኒቑ ምሓዙ እዩ። በዚ ተግባር ውላዱ ንጥምየት ተቓሊዑ ንዓርሱ እውን እንትፅገም ፀገም ህዝቡ ከቃልል ስደት መሪፁ ንሞትን መጉዳእቲ ኣካልን ዝተቓልዐ ጅግና ቀሊል ኣይኮነን። ናይቲ ፅግዕተኛ ጉጅለ ኣባላት እውን ከይሓነኹ ብዝተፈላለዩ ሚድያታት ዝዛረብዎ መእነዋይ መልእኽቲ ብፖለቲካዊ ቃልሲ እምበር ብብሄራዊ ዕርቂ ኣይፍታሕን።

እቲ ሓቂ እዚ እናሃለወ ንምንታይ እዩ “ብሄራዊ ዕርቂ” እናተብለ ዝዝመር ዘሎ? እንተኢልና ህዝቢ ትግራይ ካብ ኣጀንዳኡ ንምውፃእ እዩ። ይዝከር እየ ቅድሚ ክልተ ዓመት ህፃናት ባኒ ስኢኖም ብጥምየት እንትረግፉ፤ እቶም ከሓድቲ ኣብ ልእኾም ዘየለ “ሪፎርም ክንገብር ኢና” ብዝብል ኣብ ኣዳራሻት ገንዘብ ይንስነስ ነይሩ። ብመሰረቱ ኣጀንዳ ሪፎርም ንውድባት እምበር ንጊዜያዊ ምምሕዳር ዝምልከት ኣይኮነን።

ምኽንያቱ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ክጣየሽ እንተሎ ተመዛበልቲ ክምልስ፣ መሬትና ከውሕስ፣ ውሑስ ሰላም ፈጢሩ ዳግመ ህንፀት ክካይድን ናብ ስሩዕ መንግስቲ ከሰጋግርን እዩ። ኮይኑ ግና እቲ ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀመ መሪሕነት ኣብዚ ጉዳይ ሓንቲ ነገር እንተይሰርሐ ንባጃጅን ኣፍራሰን ሓዊሱ ኣብ ኣዳራሻትን ሰልፍታትን ንዝምወሉ ገንዘብ ይንስንስ ነይሩ። ብኣንፃሩ ኣብ ኬንዳ ዘለዉ ህፃናት ብጥምየት “ስሕግ” ኢሎም ይረግፉ ነይሮም። ስለዚ ዕርቂ ዝብል ዘረባ ህዝብና ካብቲ ቀንዲ ኣጀንዳኡ ንምውፃእ ዝተፍሓሰ ከምዝኾነ ክስመረሉ ኣለዎ።

ካብዚ ወድዓዊ ኣምር ብምብጋስ እንትርአ፤ ሕዚ ዕርቂ ምባል ነቲ ዓለም ለኻዊ መዐቀኒ ይኹን ማሕበራዊ ክብሪ ህዝብና መሰረት ዝገበረ ዘይኮነስ ብስም ዕርቂ ገበናት ዓቢጥካ ተወሳኺ ሓደጋ ንምፍጣር እዩ። ምኽንያቱ እዞም ሰባት በዳላይን ተበዳላይን ማዕረ ክረኣዩ፣ ፍትሒ ክጉዕፀፅ፣ ተሓታትነት ክለምስ፣ ኣንጭዋን ድሙን “ኣሳኒኻ” ናይ ምንባር ዝዓይነቱ እዩ። እዞም ትማሊ ምእንተ ህዝቢ ትግራይ ንቃለስ ነይርና ዝብሉ ሰባት ብጭቡጥ ተግባሮም ነኒሊላይ ሃይለማርያም፣ ዛዲግ ኣብርሃ፣ ንጉሱ ጥላሁን፣ን ዳኒኤል ክብረትን ለገሰ ቱሉን በሊፆም ህዝቢ ዘፀልሙ ዘለዉ ነውራማት እዮም። ቅድም ኢሉ “ረዲኤት መሪሕነት ትግራይ ልክዕ ከምሻዕብያ ሰሪቕዎ” ኢሎም ብምዝራብ ረዲኤት ደው ኢሉ ህዝቢ ብጥምየት ክረግፍ ከኢሉ እዩ። ነቲ ዝተረፈ ህዝብና ኣብ ወፃኢ ዘሎ ትግረዋይ ወይ ድማ ዲያስፖራ ከይሕግዝ ድማ ትማሊ “ኩሉ ኦዲት ገይርናዮ ኣብ ዝተሓሰበሉ ውዒሉ” ዝበለ ከሓዲ ጉጅለ ሕዚ ገልቢጡ “ገንዘብ ዲያስፖራ ተበሊዑ” ብምባል ምድንጋር ፈጢሩ እዩ። ስለዚ እቶም ዕርቂ ዝብሉ ሰባት ነዞም ከምዚ ዝበሉ ነውራማት ተግባሮም ንምሽፋን እዩ።

ኣብዚ ብሄራዊ ዕርቂ እንትበሃል እቲ ዓለም ለኻዊ መዐቀኒ ተሓታትነት ፍትሒ ብዘረጋግፅ ክኸውን ከምዘለዎ ልዕል ኢልና ርኢናዮ ኢና። ብማሕበራዊ ክብርና እውን ተመሳሳሊ እዩ ዘሎ። ህዝቢ ትግራይ ለባምን በሳልን ህዝቢ ብምኻኑ ክሳብ ምቅታል ዝበፅሐ ጎንፂ እውን ብመውስቦ ገይሮም ዘጥፍእዎ ጥንታዊ ስርዓት ኣሎ። ኣብዚ ኣብ መንጎ ተጓነፅቲ ሞት እንተጋጢሙ እቲ በዓሊ ሸማግለታት ሒዙ ገመድን ካራን ኣብ ክሳዱ ገይሩ ኣብ እግሪ ተቐታሊ ወገን እምኒ ሒዙ ብምውዳቕ ምሕረት ዝሓትተሉ ኩነታት ኣሎ። ናይ ሕጊ ጉዳይ ከምዘለዎ ኮይኑ እቲ ኣብ መንጎ ዝፍጠር ደምነት ግን ብውሕሉል መንገዲ እንትፈትሕዎ ይረአ። ከምዚ ዝበለ ስርዓት ዝነበሮ ህዝቢ እዩ “መን ምስ መን ይዕረቕ” ዝብል እኳ እንተይነፀሩ ካብ ኣጀንዳ ንምውፃእ ብሄራዊ ዕርቂ እናበሉ ዘደንፅውዎ ዘለዉ።

ኣብዚ ሰዓት ቀንዲ ዋኒን ትግራይ ብፀላእትን ተስፋሕፋሕትን ሓይልታት ዝተወረረ መሬትና ሓራ ምስወፅ ተመዛበልትና ምሉእ ውሕስና ኣረጋጊፅካ ምምላስ እዩ። ነዚ ስዒቡ ብኩናት ዝተዳቐቐት ትግራይ ዳግም ምህናፅ እዩ። ስለዚ እዞም ኣካላት ኣብ ዘየድሊ ኣጀንዳ ካብ ዘህውትቱና ነተን ብውዕሊ ፕሪቶሪያ ክንፍጽመን ንደልየን ዓበይቲ ጉዳይ ካብ ምዕንቃፍ ኢዶም ክእርንቡልና ኢና ንሓቶም። ህዝቢ ትግራይ ሕቶኡ ኣጀንዳ ብሄራዊ ዕርቂ ዘይኮነ ኣጀንዳ ሰላም፣ ምምላስ ሉኣላውነትን ቀፃሊ ህንፀትን ብምኻኑ ደምበኡ ፈልዩ ምስዝኸደ ሓይሊ ብሄራዊ ክሕደት “ብሄራዊ ዕርቂ እናበልካ ግዘ ምጥፋእ ህዝቢ ትግራይ ተወሳኺ ዋጋ ክኸፍል ዘግብር ሓደጋ ስለዘስዕብ ኣይፋል ንበሎም።

ዋዕሮታት

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ስእነት ፍትሒ - ፍልፍል ምስፍሕፋሕ ገበን

ተልእኾ፣ ኣድላይነትን ምጥያሽን መንግስቲ ሰላምን ፀጥታን ህዝቢ ምስፋን፣ ድሕንነት ዜጋታት ምሕላው፣ ሰብኣዊው ዴሞክራስያውን መሰላት ምርግጋፅ፣ ሕጊ ምኽባርን ገበን ምክልኻልን እዮም። እዞም ተልእኾታት ንምፍፃም ካብ ዘኽእሉ ኣካላት መንግስቲ ድማ ቢሮ ፍትሒ ሓደ እዩ። ቢሮ ፍትሒ መንግስታዊ ተልእኾታት ንምፍፃም ምስ ፖሊስ ኮሚሽን ብምኧን ኣብ ከበድትን ተ኿ሳሕትን ገበናት ትኹረት ገይሩ ናይ ምስራሕ ግዴታ ከም ዘለዎ ደንቢ 215/2004/ ዓንቀፅ ትሽዓተ የመላኽት። ብዋናነት ሕግታት ኣብ ምርቓቕን ምስራፅን፣ ሕጊ ክፍፀም ኣብ ምግባርን ገበናት እንትፍፀሙ ክፃረዩ ምክትታልን ቀንዲ ዕላማታት እቲ ቢሮ እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ዝተፃረየ ገበን ናብ ፖሊስ ምሃብን እቲ ገበን ዘኽስስ ኮይኑ እንተተረኺቡ ናብ ቤት ፍርዲ ምውሳድ፣ ክሳብ መወዳእታ ከይዲ እቲ ፍርዲ ክትዕ ምክያድ፣ ፈፀምቲ ገበን ግቡእ ቅፅዓት ክወሃቦምን ተሓታትነት ክረጋገፅን ምግባር እውን የካትት።

ኣብ ትግራይ ኣብዚ ክልተ ሰለስተ ዓመት ብዙሓት ከበድትን ተ኿ሳሕትን ገበናት ዝፍፀሙ ዘለዉ እንትኾኑ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀሙ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ጥቕዓታትን ገበናትን ዝለዓሉ እዮም። ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ተረጋጊፁ ዝነበረ ስርዓተ ፆታ፣ ድሕንነት፣ ፍትሕን ካልኦት ማዕርነታዊ ረብሓን ተጣሒሶም ኣብ ልዕሊኦን መጭወይቲ፣ ፆታዊ ዓመፅ፣ ግብረሰዶም፣ ቅትለት፣ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ስርዓተ ፆታን፣ ካልኦት ከበድቲ ገበናትን ይፍፀሙ እዮም። እዞም ገበናት ብቤተሰበን፣ ሰብ ሓዳረንን ወገነንን ዝፍፀሙ እዮም። ነዚ ኣመልኪተን እተን ደቂ ኣንስትዮ ድሕንነተን ክሕለወለን፣ መሰለን ክኽበረለን፣ ገበነኛታት ብሕጊ ክሕተቱ ፍርዲ ክወሃቦምን ፍትሒ ክረጋገፀለንን ብዝተፈላለየ ኣጋጣምታት ድምፀን እናስመዓ መፂአን እየን።

ካብዚ ብምብጋስ ኣብ መወዳእታ 2016 ዓ.ም ቢሮ ፍትሒ ትግራይ ብዘፈር ምኽባር ሕጊ ብላዕለዋይነት ዳይሬክቶሬት ምምሕዳር ዝተፈላለዩ ገበናትን ዳይሬክቶሬት ምምሕዳር ዝተወደቡን ተሳገርቲ ገበናትን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝተፍፀሙ ጥቕዓታትን ገበናትን ሕድሕድ መዝገብ እናተኸታተሉ ንምፅራይን ተሓታትነት ንምርግጋፅን ብሓደ ክሰርሑን ጀሚሮም እዮም። እቲ ዝተጀመረ ከይዲ ምፅራይ ገበን ተሓታትነቱ ምርግጋፅ ካብ ሕዳር 2017 ዓ.ም ጀሚሩ ምስ ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮን ብምኧን ኣብ ሕድሕድ ዝተፈፀሙ ጥቕዓታት ደቂ ኣንስትዮ ጥቡቕ ክትትል እናገበረ ይርከብ። ክሳብ ሐዚ ብዘሎ ኣፈፃፅማ ናይ 13 መዛግብቲ ገበናት ዕድመ ልክዕ ማእሰርትን ሓደ መዝገብ ድማ ሞት ፍርድን ተወሲኑሎም እዩ። ብርክት ዝበሉ መዛግብቲ ድማ ብከቢድ ቕፅዓት ውሳነ ቤት ፍርዲ ከም ዝተወሃበሎም ኣብ ቢሮ ፍትሒ ትግራይ ዳይሮክቴሬት ዳይሬክተር ምምሕዳር ዝተፈላለዩ ገበናት ኣይተ ፍሰሃ ገብረሩፋኤል ይገልፁ።

በቲ ካልእ መዳይ ቢሮ ፍትሒ ስራሕቲ ገበን ፍትሃብሄር ብዋናነት ዝከታተል እንትኸውን ከም ክልል ብዳይሮክቶሬት ምምሕዳር ፍትሃብሄር ዝምራሕ ናይ ጥብቅና ወይ ውክልና ሒዙ ነፃ ድጋፍ ሕጊ እውን ይሰርሕ። መንግስቲ ወይ ፅጉማት ውልቀ ሰባት እንትኸሱን እንትኸሰሱን ድማ ንዕኦም ወኪልካን ተጣቢቕካን ኣብ ቤት ፍርዲ ምኽርኻር ግልጋሎት ሕጊ ዝረኽብሉ ከይዲ ምስራሕ እውን የካትት። ብምኧኑ ኣብ ሕድሕድ ወረዳታት ን250 ወገናት ነፃ ድጋፍ ሕጊ ክወሃቦም መምርሒ ዝፈቕድ እንትኸውን ኣብ ተግባራውነቱ ግን ዓቀብቲ ሕጊ ንገበናት ፍትሃብሄር ማዕረ ከበድቲ ገበናት ጌርካ ዘይምሳድ ብምህላዉ ኣብተን ደቂ ኣንስትዮ ዝረኽቦኦም ድጋፍ ነፃ ሕጊ ዝነኣሰ እዩ።

ኣብቶም ዝተፈፀሙ ከበድትን ተ኿ሳሕትን ገበናት ኣብ ስራሕቲ ምፅራይ ገበናት ዘጋጥሙ ማሕንቖታት ተጠርጠርትን መሰኻኽርን ንምሓዝ ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ መሳርሒ ብዘይምህላው ስእነት ብቑዕ መረዳእታ፣ ብሓሶት ምምስካርን ገበነኛ ንምድጋፍን ኮነ ኢልካ መዝገብ ምጥፋእን የጋጥሙ እዮም። ከምኡ እውን ናይ ስልኪ መረዳእታ ንምርካብ ካብ ፌደራል ድህንነት ፍቓድ ዘይምርካብን ዝኣመሰሉ ወድዓዊ ፀገማትን ኣለዉ። ብተመሳሰሊ ብሰንኪ እቲ ዝነበረ

ኣብቶም ዝተፈፀሙ ከበድትን ተ኿ሳሕትን ገበናት ኣብ ስራሕቲ ምፅራይ ገበናት ዘጋጥሙ ማሕንቖታት ተጠርጠርትን መሰኻኽርን ንምሓዝ ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ መሳርሒ ብዘይምህላው ስእነት ብቑዕ መረዳእታ፣ ብሓሶት ምምስካርን ገበነኛ ንምድጋፍ ኮነ ኢልካ መዝገብ ምጥፋእን የጋጥሙ እዮም። ከምኡ እውን ናይ ስልኪ መረዳእታ ንምርካብ ካብ ፌደራል ድህንነት ፍቓድ ዘይምርካብ ዝኣመሰሉ ወድዓዊ ፀገማት ኣለዉ።

ፅንተታዊ ኲናት ኣብ ስራሕቲ ገበን ምምርማር ልዑል ልምዲ ዝነበሮም ሰብ ሞያ ፖሊስ ብህይወት ዘይምህላዎምን ብኣማኢትን ልዕሊኡን ዝቁፀሩ ሰብሞያ ዓቀብቲ ሕጊ ካብ ቤት ፍርዲ ምልቃቕን ኣጋጢሙ እዩ። እቲ ዘሎ እውን ብቁርፀኝት ዘይምስራሕን ከምኡ እውን ብሰንኪ ስእነት ባጀት ኣብ ባይታ ወሪድካ ገበን ምርመራን መጋባእያን ንምክያድን ኣዝዩ መፀገሚ ኩነታት ምህላዉን ዝበሉ ፀገማት ይርከብዎም። በዚ ድማ ኣብ ዝተፈፀሙ ገበናት ብቑዕ ውሳነ ሂብካ ተሓታትነት ዘይምርግጋፅ መዛግብቲ ክጓተቱን ክዕፀውን ባዕላዊ ፅልዋ እናፈጠረ ይርከብ።

ደሚርካ እንትርአ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ዝተርኣዩ ጥቕዓታት ኣዝዮም ከበድቲ ተ኿ሳሕትን እንትኾኑ መንቀሊኦም እውን እቲ ኣብ ትግራይ ዘጋጠመ ምልሕላሕ ልዕልና ሕግን ኣወሃህባ ዘየዕግብ ፍትሕን ተሞርኪሶም ዝደጋገሙን ዝስፋሕፍሑን ዘለዉ ጥቕዓታት እዮም። ዓይነት እቶም ጥቕዓታት መስካሕኻሕቲ እናሃለዉ ከም ቀሊል ገበን ኣቕሊልካ እናተረኣዩን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ብሕጊ ዘይሕተቱን ፍትሒ ዘይረጋገፀሎምን እዮም። ልዕሊ ኩሉ ድማ ገበነኛታት ገበኖም ንምጥፋእ ሓሶት ምስክርነት ምሃብ፣ እቲ ገበን ተፃርዩ ገበነኛታት ፍርዲ ከይወሃቦም ኮነ ኢልካ ችሎት ምርባሽን ደያኑ ምፍርራሕን ዝኣመሰሉ ተግባራት ብዕሊ ይረኣዩ ኣለዉ። ስለዝኾነ መንግስቲ ነዚ ተረዲኡ ኣብ ምኽባር ልዕልነት ሕጊ፣ ምስፋን ሰላምን ፀጥታን፣ ገበነኛታት ተመጣጣኒ ስጉምቲ ክወሃቦምን ተሓታትንት ሰብኣዊ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምርግጋፅ ዝጀመሮም ክያዶ ከጠናኽሮምን ሓላፍነቱ ክዋፃእን ይግባእ።

መፍረያይነት ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

እዚ ኮይኑ፤ ኣብ ዘመነ ምህርቲ 2017/2018 ዓ/ም ልዕሊ 758 ሽሕ 600 ሄክታር ተሓራሲ መሬት ብዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝራእቲ ስርናይ፣ ምሽላ፣ ጣፍ፣ ዕፉን፣ ዳጉሻን፣ ሰሊጥን ንምሽፋን ትልሚ ተታሒዙ ዛጊድ 482 ሽሕን 184 ሄክታር ማለት 63 ምኢታዊ ከምዝተሸፈነ ኣይተ ሚኪኤለ ሓቢሮም። መፍረያይነት እዚ ዓመት ንምስሳን ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ኩንታል ዘመናዊ ድኹዒ ካብ መንግስቲ ፌደራል ንምርካብ ተሓሲቡ ዛጊድ 611 ሽሕን 732 ኩንታል ኣታዊ ኮይኑ ናብ ወረዳታት ዝበፅሐ እንትኸውን ካብዚ 589 ሽሕን 887 ኩንታል ናብ ኢድ ሓረስታይ ከምዝኣተወን 46 ሽሕን 157 ኩንታል ድማ ኣብ ጥቅሚ ከምዝወዓለ እቶም ዳይሬክተር ገሊፆም።
ከምመብርሂ ኣይተ ሚካኤለ፤ ሎሚዘበን ብመንግስቲ ናብ ሓረስቶት ዝቐርብ ምሩፅ ዘርኢ ከም ዘይህሉን ናይዚ ምኽንያት ድማ ኣብ 2016 ዓ/ም ብነፃ ናብ ሓረስቶት ዝቐረበ 55 ሽሕ ኩንታል ምሩፅ ዘርኢ ክባዛሕን ንቐፀልቲ ዓመታት እውን ሓረስቶት እናበዝሑ ብምሩፅ ዘርኢ ዓርሶም ክኽእሉ ተሓሳቢ ዝገበረ ከምዝኾነ ይገልፁ። ይኹን እምበር ምቁርራፅ ንከይፍጠር ምስ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ብምዝርራብ ዛጊድ 19 ሽሕ ኩንታል ምሩፅ ዘርኢ ናብ ሓረስቶት ከምዝተኸፋፈለ ወሲኾም ሓቢሮም።

ኣብ ዝሓለፈ ምህርቲ ዘመን 2016/2017 ዓ/ም ብፀላእቲ ዝተወረረን ናብ ሰብዋንኡ ዘይተመለሰን ተሓራሲ መሬት ከይሓወሰ ኣብ ልዕሊ 758 ሽሕን 600 ሄክታር ብዝተፈላለዩ ዝራእቲ ዝተሸፈነ ተሓራሳይ መሬት ልዕሊ 13 ሚልዮን ኩንታል ምህርቲ ዝተረኸበ እንትኾን ብተመሳሳሊ ኣብዚ ዘመነ ምህርቲ 2017/2018 ዓ/ም እውን ኩነታት ኣዝመራ ብፅቡቕ እንተቐፂሉ ልዕሊ 16 ሚልዮን ኩንታል ምህርቲ ክርከብ ይኽእል እዩ ዝብል ትፅቢት ከምዘሎ ኣይተ ሚኪኤለ የረድኡ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ "ወፍሪ ሓምለዋይ ልምዓት፣ ንውሕስ ብሄራዊ ህልውናና" ብዝብል መሪሕ ጭርሖ ሎሚ ዓመት ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ዝርከባ 54 ወረዳ ትግራይ ኣብ 35 ሽሕ ሄክታር መሬት 42 ሚልዮን ፈልሲ ንምትካል መደብ ተታሒዙ 8 ሓምለ 2017 ዓ/ም ኣብ ወረዳ ሓውዜን ጣብያ ደብረ ህይወት ንኡስ ተፋሰስ ሰጋሉ ብዕሊ ተጀሚሩ እዩ።

ኣብቲ ብደረጃ ክልል ብዕላዊ መንገዲ ዝተጀመረ ተኸላ ፈልሲ ተረኺቦም መደረ ዘስምዑ ፕሬዝደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሌ/ጀነራል ታደሰ ወረደ፤ እቲ ብዝተፈላለዩ ቐወምቲ ተኽልታት ንኽትከል ብትልሚ ዝተትሓዘ ልዕሊ 42 ሚልዮን ፈልሲ ብምሉእነት ክትከልን ኣብ ምፅዳቑ እውን ብትኹረት ክስራሕን ክትትል ክግበርን ከምዝግባእ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ኣብ ትግራይ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ጨቢጦም ክኸዱ፣ ኣብያተ ትምህርቲ ማእኸል ፍልጠት ኮይነን ወለዶ ክሃንፃ ኣድላይ ዝብሃል ደገፍ እናተገበረ ከምዝመፀ ሓቢሮም፡፡ ይኹን እምበር ኣብዝበዝሓ ወልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ነቲ መምርሒ ኣኽቢርካ ኣብ ክንዲ ምኻድ ገንዘብ ኣብ ምእካብ ጥራሕ ተፀሚደን ንምርግጋፅ ፅሬት ትምህርትን ንተምሃሮ እኹል ፍልጠትን ክእለትን ክጭብጡን ኣብ ምግባር ፀገማት ይፈጥራ ምህላወን ግልፂ ገይሮም፡፡
ነዚ ፀገም እዚ ንምቕራፍ ኣብ ከተማ መቐለ ንዝርከባ ብዘይኣፍልጦ ዘምህራ ኣፀደ ህፃናትን ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርትን ብመርሃ ግብሪ ስርዓተ ትምህርቲ /ቀለንተን/ ንኽምርሓ ምስ ሰብ ዋና እዘን ኣብያተ ትምህርቲ ክልተ መድረኻት ከምዝተፈጠሩ ዝሓበሩ እቶም መተሓባበሪ፤ ብመሰረት እዚ ናብቲ ደረጃ ብቕዓት /ስታንዳርድ/ ዝኣተዋ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ፍቓድ ክወሃበን ብኣንፃሩ ከማልአኦ ካብ ዝግበአን ልዕሊ 55 ምኢታዊ እታዎታት ትምህርቲ ዘየማልኣ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ክዕፀዋ ከምዝግበር ሓቢሮም፡፡ ነዚ ግንዛበ ብምትሓዝ በብደረጅኡ ዘሎ ኣካል ነዚ ከተግብርን ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ነዚ መስርሕ እዚ ተኸቲለን ክኸዳ ከምዘለወንን መምህር ፀጋይ ግልፂ ገይሮም፡፡
ቕድም ክብል ብሰንኪ ፅንተታዊ ወራር ተመዛባላይ ኣብ ዝበዝሐንን በዝሒ ጠለብ ተምሃሮ ኣብዝነበረንን ሓሙሽተ ኣብያተ ትምህርቲ ከተማ እንዳስላሴ ሽረ፤ ክልተ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ኣብ ከተማ መቐለ ብዘይኣፍልጦ ከምህራ ተፈቒዱለን ከምዝነበረን ካብ ዝቅፅል ሓዱሽ ዓመት ዘመነ ትምህርቲ 2018 ዓ/ም ግን ብስሩዕ ሕቶ ኣቕሪበን ብመሰረት ስታንዳርድ ተመዚነን ንኽቕፅላ ወይ ጠጠው ንኽብላ ከምዝውሰነለን ኣፍሊጦም፡፡

ኣብ ዘመነ ትምህርቲ 2017 ዓ/ም ኣብ ዞባታት ደቡብ ምብራቕ፣ ማእኸላይ፣ ሰሜን ምዕራብ፣ መቐለን ምብራቕን፣ ኣብ ዝርከባ 11 ወረዳ ኣብ ዘለዋ 33 ኣፀደ ህፃናትን ሸውዓተ ቀዳማይ ብርኪን ብድምር 40 ኣብያተ ትምህርቲ ብዘይኣፍልጦ ቢሮ ትምህርቲ ተምሃሮ ተቐቢለን እናምሃራ ከምዝሓገያ መ/ር ፀጋይ ሓቢሮም፡፡ ይኹን እምበር ኣብ ዘበነ ትምህርቲ 2018 ዓ/ም ሕጋውነት ኣፍልጦ ክረኽባ እንተዘይኪኢለን ብዘይኣፍልጦ ተምሃሮ ተቐቢለን ከምህራ ከምዘይኽእላን ክዕፀዋ ከምዝግበርን ኣስሚሮምሉ እዮም፡፡

ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ቢሮ ትምህርቲ ኣፍልጦ ዝሃበንን ሐዚ ብጭቡጥ ኣብ ስራሕ ዝርከባን 1843 መንግስታዊ፣ 110 ናይ ውልቀ ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ከምኡ እውን 228 መንግስታዊ፣ 17 ናይ ውልቀ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ከምዘለዋ ዝፍለጥ እዩ፡፡

ዳሃይ መቐለ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ምምሕዳር ከተማ መቐለን ዝዳሎ መደብ

ግብሪ፤ መፀገኒ ፅንተታዊ መጉዳእቲ

ህዝቢ ትግራይ ስርዓተ መንግስትን ግብርን ኣብ ዘይፍለጠሉ ዓለም፤ መንግስቲ ዝመስረተ፣ ስርዓተ ግብሪ ዘተኣታተወ፣ ብወርቅን ብሩርን ሳናቲም ሰሪሑ ባሕሪ ሰጊሩ እውን እንተይተረፈ ስርዓተ ንግዲ ዘካይድ ዝነበረ ስልጡን ህዝቢ እዩ። ካብቲ ምጡቕ ኣተሓሳስባኡ ዝብገስ ሕዚ እውን ኣብ ብሂላቱ "ግብርን ሞትን ዘይቐሪ ዕዳ እዩ፣ ዘቄሳር ለቄሳር፣ ማለት እውን ናይ ቄሳር (መንግስቲ) ንቄሳር" ዝብሉ ኣገላልፃታት እንትጥቀም ይረአ።

ህዝብና ከምዚ ዝበለ ኣተሓሳስባን ተግባርን ቀዲሙ ዘተኣታተወ፤ ህልውና ህዝቢ ዝረጋገፅ ነቲ ህዝቢ ዝመርሕ ልምዓታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ መንግስቲ እንትህሉ ምኳኑ ስለዝርዳእ እዩ። መንግስቲ እውን ህልውናኡ ኣረጋጊፁ መሰረተ ልምዓት እናጠናኸረ ንህዝቢ ግቡእ ግልጋሎት ክህብ ዝኽእል፤ ስርዓት ግብሪ እንትህሉ እዩ። "ስርዓት ግብሪ" እንትበሃል ገንዘብ ምእካብ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ እቲ ዝግባእ ግብሪ እንትኽፍል እዩ። "ዝግባእ ግብሪ" ዝበሃል ድማ ከፈልቲ ግብሪ ትሕቲ ዓቕሞም ይኹን ልዕሊ ዓቕሞም ዝኸፍልዎ ገንዘብ ኣወጊድካ እቲ ዝግባእ ምጡን ግብሪ ዝኸፍልሉ ስርዓት እንትተኣታቶ እዩ። ግቡእ ግብሪ፤ ይትረፍ ብፅንተታዊ ኩናት ዝተሃሰየ ከባብን ማሕበረሰብን ኣብ ዘለዎ ዓዲ፤ ኣብተን ዝማዕበላ ዓደታት እውን ንኹሉ መዳይ እቶት ደም ሰር ህልውናኦን እዩ።

ብምኳኑ ክረምታዊ መደባት እቶትን ቤት መዘጋጃን ትግራይ ዝለዓለ ግምት ተዋሂብዎ፤ ምክትል ፕረዚዳንት ጊዜያዊ ምምሕዳር ትግራይን ምክትል ኣቦ መንበር ውድብና ህወሓትን ተጋዳላይ ኣማኑኤል ኣሰፋ ብዕሊ ኣጀሚርዎ ኣሎ። ተጋዳላይ ኣማኑኤል ኣብቲ ኣብ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ተረኺቡ ዘሕለፎ መልእኽቲ እንትረአ፤ ኣብ እንታይነት "ግብሪ ንሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ" ዝብል ዘተኮረ እዩ ነይሩ። እቲ ምኽትል ፕረዚዳንት ጊዝያዊ መንግስቲ ትግራይን ምኽትል ኣቦመንበር ውድብ ህወሓትን መልእኽቱ እንትፍልም "'ግብሪ ንሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ' ዝብል ሓሳብ ንኩሎም ዛዕባታት ትግራይ ዝሓዘ እዩ" ብዝብል እዩ ጀሚርዎ። ንሱ እውን ተጋሩ ኩሉ ዓይነት በደልን ወራርን ስለዝተፈፀመልና፣ ዘይሓወየ ቁጠባ፣ ዘይሓወየ ስነ ልቦናዊ ቅልውላው ስለዘለናን ግብሪ ዓንዲ ህልውናና ስለዝኾነን እዩ ክብል ኣረዲኡ። እዚ ሓሳብ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ከምዝስዕብ ወሲኹ ፍርኽ ኣቢሉ እውን ገሊፅዎ ኣሎ።

ከምቲ ዓለምለኻዊ መስርሕን ሕግን ዝብሎ እንተዝኾን ነይሩ፤ ተጋሩ ንዝተፈፀመልና በደልን ፅንተትን ካሕሳ፣ ሕውየትን ዳግም ህንፀትን እዩ ዝግበኣና ነይሩ። እንተኾነ ግን "ካብታ ዘላታ ተቐርሚማታ" ከምዝበሃል ኣብ ክንዲ ክንሓዊ፣ ክንድሕንን ክንከሓስን ዝግበር ብዝበኣሰ ክንድቀስ ይስራሕ ኣሎ። ከም ምንቅስቓስ ንግዲ ሕርሻ፣ ዝኣመሰሉ ብስምምዕ ፕሪቶርያ ዘትረፍናዮም ብዙሓት ነገራት እንተሃለዉ፤ እቲ ዝተረኸበ ነቲ ዝበፅሐና ጉድኣትን ሃሰያን ዝምጥን ኣይኮነን። እቲ ምንታይ ትግራይ ብዕላምኡ ዝሰሓተ ጥይት ጥራሕ ዘይኮነትስ ኮነ ተባሂሉ ዝዓነወ ማሕበረ ቁጠባ፣ ዝሃለቐ ሰብን ንብረትን እዩ ዘለና። ስለዝኾነ ከምቲ ኮነ ተበሂሉ ዝዓነወ፤ ኮነ ኢልካ ዳግም ህንፀትን ናብ ንቡር ምምላስን የድልዮ ነይሩ። እንተኾነ ግን ይትረፍ ዳግመ ህንፀት ከውገን ኣብ ትግራይ ኣብ ማሕበረ ቁጠባን ዳግመ ህንፀትን ወሳኒ ቁልፊ ዝኾነ ነዳዲ በቢ መዓልቱ ይቕነስ ኣሎ። መሬትና ብምውራር ተመዛበልቲ ክፀንቱን ዝተረፉ ክርፋሕ ህይወት ክነብሩን ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዘሎ ህዝብና

"ግብሪ ንሕውየትን ዳግመ ህንፀትን" እንትንብል እቲ ሸኽሚ ኣብ እንግዳዕና ስለዝኾነ እዩ።"
ም/ኣቦ መንበር ህወሓት ተጋደላይ ኣማኑኤል ኣሰፋ

ባርነታዊ ናብራ ክነብር ተፈሪድሉ ከምዘሎ ተጋዳላይ ኣማኑኤል ኣብቲ መድረኽ ምጅማር ግብሪ ብዝርዝር ገሊፁ እዩ።

ተጋዳላይ ኣማኑኤል "ኩሉ ትግራዋይ ክርደኦ ኣለዎ" ዝብሎ ሓሳብ እውን ኣሎ። ንሱ እውን ኣብዚ ሰዓት ጊዜያዊ ምምሕዳር ትግራይ ማሕበረ ቁጠባዊ ስራሕቱ ብኣግባቡ ከየሳልጥ ኮነ ተባሂሉ ብዝተፈለየ ሸርሒ መንግስቲ ፌደራል ይፅገም ኣሎ። እዚ ከምዚ እናሃለወ እቲ ተመዛቢሉ ፎቖድኡ ተበቲኑ ዘሎ ህዝብና መፅለሊ፣ ምግብን መስተን ሓሪምዎ ይፀንት እዩ ዘሎ። ስነ ልቦናውን ቁጠባውን ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ዝግበኦ ህዝቢ፤ ካሊእ ተወሳኺ ጉድኣት ይበፅሖ ኣሎ። ብምኳኑ "ግብሪ ንሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ" እንትንብል፤ ኩሉ ሸኽሚ ኣብ ባዕልና ይዓርፍ ከምዘሎ ዘረድእ ዓብዪ መልእኽቲ እዩ። ከምትግራይ፤ ተሓባቢርና ካብ ዘጥፍኡና ዓድታትን ክልላትን ክንረኽቦ ዝግበአና ካሕሳ፣ ዳግመ ህንፀትን ሕውየትን ብዝግባእ ንምርካብ ኣይከኣልናን። ሸኽሚ እዛ ክልል ኣባና እዩ ዝዓርፍ ዘሎ። ይትረፍ ከምካልኦት ክልላት ተሓብሒብና ክንነብርን ብዝግባእ ክንሕገዝን ሰላም ረኺብና ዓርስና ክኢልና ተንቀሳቒስና ንምስራሕ እውን ንፅገም ኣለና ክብል እዩ ኣረዲኡ።

እወ! ከምመብርሂ እቲ ምክትል ፕረዚዳንትን ምኽትል ኣቦ መንበር ውድብ ህወሓትን፤ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ በደሉ ካልእ በደል እዩ ዝፍፀመሉ ዘሎ። ናይዚ መርኣዪ ተወሳኺ ዝገለፆ ሓሳብ እውን ዝስዕብ እዩ። ከም መንግስቲ፣ ህወሓት፣ ሰራዊት ትግራይን ውድባትን ንሰላም ኢልና ተፀሚምና እንተሓለፍናን ንሰላም እንተተማሕፀንናን ብኣንፃሩ ንህሰ ኣለና። ኣብ ህዝብና ዝበፅሐ ዕንወት ንምሕዋይ እቲ ሸኽሚ ኣብ በይንና ኮይኑ ኣሎ። ስለዝኾነ ማሕበረሰብ ንግዲ ነቲ ህልው ኩነታት ህዝብና፣ መንግስትናን ተግባር እዛ ሃገርን ተረዲኡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝጀመሮ ስርዓት ንግድን ግብርን ኣጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ። ህዝብና ፀገም እንትበፅሖ ይሕርን እምበር ኣይስኮንን። ስለዝኾነ ብዙሓት ጉድለታት ስለዘለውና ሕድሕድ ነጋዳይ እቲ ዝኸፍሎ ግብሪ ተመሊሱ ኣብ ልምዓትን ግልጋሎቱን ዝውዕል ምኳኑ ተረዲኡ ክኸፍል ከምዝግባእ ተጋዳላይ ኣማኑኤል ኣረዲኡ ኣሎ። ነዚ ዛዕባ እውን ከምዝስዕብ ፍርኽ ኣቢሉ ገሊፅዎ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን ብሰንኪ ዝበፅሐና ፅንተታዊ ኩናት ከምትግራይ ብዓሰርተታት ቢልዮናት ዝግመት ክፍተት በጀት እዩ ዘሎ። ብኡ ልክዕ ብጣዕሚ ብዙሕ ዕዳ ኣለና። መሃያ 17 ወርሒ ዘይተኸፈሎ ሰራሕተኛ መንግስቲ፣ ንመሰረተ ልምዓት ተባሂሉ ካብ ሕርሻኡ ዝተመዛበለ ሓረስታይ ዘይተኸፈለ ገንዘብ ኣሎ። ከም ፕሮጀክት መስተ ማይ መቐለ ዝበሉ ብዙሓት መሰረተ ልምዓታት ትግራይ ደው ኢሎም ኣለዉ። ብምኳኑ ይትረፍ ንቐፀልቲ ልምዓታት ብዝግባእ ክነዐውት፤ ነቲ ዝሓለፈ ፀገም እኳ ንምፍታሕ ብጣዕሚ ኣፀጊሙ ኣሎ። ስለዝኾነ ነቲ ከምዚ ዝበለ ፀቕጢ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ምስ ህዝቢ ተረዳዲእኻ እንትውፈር ኣይኸብድን። እቲ ሸኽሚ ከም ህዝቢ ናይ ሓባር እንተገይርናዮ፣ ሰላምና እንተተሓልዩ፣ ላዕላውነት ትግራይ እንተተኸቢሩ፣ ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዘሎ ህዝብና ሓራ እንተወፂኡ ትግራይ ናብ ጥንታዊ ምዕባለኣ ክትምለስ ትኽእል እያ። እዚ ተገባራዊ ንክኸውን ድማ ኩሉ ወገን ተናቢቡን ተረዳዲኡን ክንቀሳቐስ ከምዝግባእ ተጋዳላይ ኣማኑኤል ይገልፅ።

ኣብቲ መድረኽ ምጅማር ግብሪ ዝተረኸቡ ኣባል ፈፃሚት ስራሕ ህወሓትን ምኽትል ከንቲባ ከተማ መቐለን ዶ/ር ረዳኢ በርሀ፤ በቲ ዝተርኣየ ውሱን ጭላንጭል ሰላም ዝተኣከበ እቶት ኣብ ዳግም ህንፀት ትግራይ ከመይ ይውዕል ከምዘሎ ብዝርዝር ኣረዲኦም እዮም። ናይ ሎሚዘመን ምኽፋል ግብሪ እውን ነቶም ዘጋጠሙና ተደራረብቲ ፀገማት ንምፍታሕ ብዝተወደበ መንገዲ ምንቅስቓስ ይግበር ከምዘሎ ይገልፁ። ስለዝኾነ ኩሉ በዓል ሞያን ኣመራርሓን ክልተ ሚልዮን ግብርን እቶት ቤት መዘጋጃን ብምእካብ ዝተወዘፉ መሰረተ ልምዓትን ግልጋሎትን ንምኽንባት ብዕቱብ ክሰርሕ መደብ ተትሒዙ እዩ ዝስራሕ ዘሎ። ከም ከተማ መቐለ ኣብ 2017ዓ/ም 12 ቢልዮን ንምእካብ ተሓሲቡ በቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ታሕሚስ ልዕሊ ሸሞንተ ቢልዮን ብር ተኣኪቡ እዩ። ኣብ 2018ዓ/ም ድማ ትሽዓተ ነጥቢ ሸሞንተ ቢልዮን ካብ እቶትን ክፍሊት ቤት መዘጋጃን ንምእካብ ተሓሲቡ ይስርሐሉ ከምዘሎ ካብ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

ዋና ኣመሓዳሪ እታ ብብርኪ ክልል ምጅማር ክረምታዊ መደባት እቶትን ቤት መዘጋጃን ዝተበሰረላ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ተጋዳላይ መንበሩ ንጉስ እውን ዝስዕብ መልእኽቲ ኣሕሊፉ ኣሎ። እታ ክፍለ ከተማ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 4976 ነጋዶ ሓዱሽ ፍቓድ ንግዲ ሂባ እያ። ብምኳኑ ካብቶም ዝነበሩ 11 ሽሕን 112 ነባራትን 4976 ሓደሽትን ነጋዶ 800 ሚልዮን ንምእካብ ዝተሓሰበ 765 ነጥቢ 23 ሚልዮን ብር እቶት ከምዝተኣከበ ገሊፁ እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ 156 ሚልዮን ብር ቤት መዛጋጃዊ እቶት ንምእካብ ተሓሲቡ 117 ነጥቢ 60 ሚልዮን ብር ተኣኪቡ ኣሎ። ብድምሩ ከምክፍለ ከተማ 956 ሚልዮን ብር ንምእካብ ተተሊሙ 882 ነጥቢ 83 ሚልዮን ከምዝተኣከበ ተጋዳላይ መንበሩ የረድእ። ክረምታዊ መደባት ምኽፋል ግብሪ እቶትን ቤት መዘጋጃን ካብ ባሕቲ ሓምለ 2017 ዓ/ ክሳብ 30 ጥቅምቲ 2018 ዓ/ም እዩ ከካየድ። እንተኾነ ግን ግብሪ ተመሊሱ ኣብ ግልጋሎትን ልምዓት ዓድን ዝውዕል ብምኳኑ ህዝብና ባሕቲ ሓምለ 2017 ዓ/ም ብድሙቕ ፅንብል እንትኸፍል እዩ ዝረአ። ኣብ መወዳእታ ኣርባዕተ ወርሒ ማለት እውን 30 ጥቅምቲ 2018 ዓ/ም ክኸፈል እናኸኣለ "ኣብታ ፈላመይቲ ዕለት ባሕቲ ሓምለ 2017 ዓ/ም ክኸፍል እየ፣ ግልጋሎት ኣመዓራርዩለይ፣ እቲ ግልጋሎት ሰለጠን ይሃልዎ" እናበለ ክሓትት ፀኒሑ እዩ። ብመሰረት ሕቶኡ እውን ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ኣብቲ ግብሪ ዝኽፈሎ ቦታ ከይዱ ጊዜያዊ ማእኸል ብምኽፋት ግልጋሎት ዝህበሉ ኩነታት እውን ተፈጢሩ ኣሎ።

ኣብቲ ነጋዳይ ዘሎ ወነ ምኽፋል ግብሪ መርኣዪ ዝኾነና ነባሪ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ጣብያ ዘስላሰ ዝኾነ ኣብ እንዳ ፀጉሪ ዝንቀሳቐስ መንእሰይ መሓሪ ፀጋይ ዝሃቦ ሓሳብ እዩ። እቲ መንእሰይ ኣብታ ፈላመይቲ መዓልቲ ምኽፋል ግብሪ "ማንም ክቕድመኒ የብሉን" ኢሉ እንትኸፍል ዝረኸብናዮ እዩ። ከምኡ ዝብል ውሳነ ዝሓዘ እውን "ግብሪ ማለት ተመሊሱ ንግዳዊ ምንቅስቓስ ዘጠናኽረልካን ዓድኻ ዘዕብየልካን ስለዝኾነ ብትግሃት ክኽፈል እዩ ዘለዎ። 'ግብሪ የለን' ማለት ግልጋሎት የለን፣ መሰረተ ልምዓት የለን፣ ሰላም የለን ማለት እዩ። እዚ ኩሉ እንተዘይሃልዩ ድማ ወፊርካ ምእታው የለን። ግብሪ ማለት ነዚ ካብ ኮነ ኩሉ ነጋዳይ ምኽፋል ንዘይቐርዮ፣ ተገዲዱን ተቐፂዑን ካብ ዝኸፍል ብእዋኑ ክኸፍል ይግባእ። ልምዓት ክቀላጠፍ እንተኾይኑ ድማ መንግስቲ ገንዘብ ክረክብ ስለዘለዎ ከፋሊ ግብሪ ቀዲሙ ክኸፍል ኣለዎ" ክብል እዩ መልእኽቱ ዘመሓላልፍ።

ታሪኽና እንትፍተሽ፣ ብሂላትናን ስነ ቃላትናን እንትምርመሩ ግብሪ ዓንዲ ህልውና ህዝቢ ምኳኑ እዮም ዘረድኡ። ኣብዚ ክስመረሉ ዝግባእ መሰረታዊ ለውጢ ሸኽሚ ሕውየትን ዳግም ህንፀትን ትግራይ ኣብ እንግዳዕና ምኳኑ እዩ። ምኽፋል ግብሪ ድማ ኣብ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ዘይትካእ ብፅሒት ኣለዎ። ግብሪ ዓንዲ ህልውና ህዝብና እዩ። ወለዲ "ዓንዲ ሒዝካ ተቖፀ" ዝብሉ ዓንዲ ሒዝካ ውድቀት ስለዘየለ እዩ። ስለዝኾነ ከምህዝቢ ዓንዲ ህልውናና ዝኾነ ስርዓት ግብሪ ብዝግባእ ብምትእትታውን ብምትግባርን ህልውናና ክነረጋግፅ ይግባእ።

ክብርታት ህወሓት ብናይ ወለዶታት ቅብብል እናተኾለዐ ክነብር እዩ!!

እንግዶት

ሞሳ ኩለመንኡ ንዘወፈየ ሃርበኛ!

ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ ንኽጣየሽ ውሳነ ዝረኸበ ኣብ 2012 ዓ/ም ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ። እዚ ኮሚሽን ዝተጣየሸሉ ቀንዲ ዕላማ ድማ ኣብዝሓለፈ ዕጥቃዊ ቃልሲ 17 ዓመትን ኣብ ፀረ ወራር ሻዕብያን ዝተሳተፈ ተጋዳላይ ታሪኹ ንምስናድ፣ ክብሩን ረብሓታቱን ንምርግጋፅ እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር ኣብ ትግራይ ብዝተፈፀመ ፅንተታዊ ወራር ንሰለስተ ዓመት ስርሑ ተቛሪፁ ፀኒሑ እዩ። ዳግም ኣብ 2015 ዓ/ም ዕማማትን ተልእኾታትን ብምውሳኽ ህዝቢ ትግራይ ንምድሓን ብዘለዓለ ጅግንነትን ውፍይነትን እናተኺሽሑ ዝመፁ ጉድኣት ኩናት፣ ብኽብሪ ዝተሰናበቱ ተጋደልትን ስድራ ስውኣትን ረብሐኦም ንምሕላዉ ብዕሊ ተጣይሹ ስርሑ ጀሚሩ። ብመንፅር እዚ ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ ዝተጣየሸሉ ዕላማ፣ ሃርበኛታት ተጋደልትና ኣፍልጦ ኣብ ምሃብ፣ ተጠቃምነት ኣብ ምርግጋፅን ኣብ ካልኦት ዓበይቲ ጉዳያት ዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣመልኪትና ምስ ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ ተጋዳላይ ናስር መምሑር ዘካየድናዮ ቃለ መሕተት ከምዝስዕብ ተዋዲዱ ቐሪቡ ኣሎ። ሰናይ ንባብ!

ወይን፡- ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ ዝተጣየሸሉ ዕላማ እንታይ እዩ? እቲ ኮሚሽን ዛጊድ ዝሰርሖም ስራሕቲ እንታይ ይመስሉ?

ተጋዳላይ ናስር፡- ኮሚሽን ሃርበኛታት ዝተጣየሸሉ ዕላማ ካብ ክልል ክሳብ ወረዳ መሓውሩ ብምዝርጋሕ ነቲ ጠቕላላ ዕማማት ክፍፅም ዝኽእል መስርሕ ተዘርጊሑ ናብ ስሩዕ ስራሕ ተኣትዩ። ኣብዚ እቲ ኮሚሽን ክሳብ ምሉእ መሓውር ዘጣይሽን ኣብ ክልል ዓቕሚ ክሳብ ዝፍጠር ምፅባይ ዘየድልዮም ተኣሳሕቲ ጠለባት ነይሮም። ጠለባት ሃርበኛታት ምምላስ ግድን ስለዝነበረ ዝተማለአ መሓውር ከየድለየ ብቐጥታ በቲ ዝሓዞ ውሱን ሓይሊ ሰብን ናውትን እዩ ናብ ስራሕ ኣትዩ። ኣብ 2015 ዓ/ም መወዳእታ ስፊሕ ናይ ደረጃ ሓደ ወይ ድማ ጥቡቕ ክትትልን ደገፍን ዘድልዮም ጀጋኑ ጉድኣትና ንምሕብሓብ ዘኽእል ሓደ ማእኸል ተሃኒፁ። ኣብዚ ዝበዝሐ ስራሕ ክበሃል ዝኽእል ቀደም ሰዓብ ጠለባት ብምንፃር ቀዳምነት ክረኽቡ ዘለዎም ጉዱኣት ኣካል ተጋደልቲ፣ ስድራ ስውኣትን ተጋደልትን እዮም። ስድራ ስውእ ኩሉ ነገር ዝገበረ ስለዝኾነ ኩለ መዳያዊ ድጋፍ ምግባር ዘድሊ እኳ እንተኾነ እቲ ናይ ጉድኣት ኩናት ግን ግዜ ዝህብ ኣይነበረን።

ብመሰረት እዚ ቀዳምነት ሂብካ ዝስራሕ ዘሎ ጉዳይ ጉድኣት ኩናት ትግራይ ሕክምና ክረኽቡ፣ ኣካላዊ ሕውየት ክረጋግፁ፣ ስነ ልበነኦም ብምምሕያሽ ናብ ንቡር ክምለሱ፣ እግሪ ክተኽሉ ናይ ምግባር ስራሕ እዩ። ኣብዚ ብፍላይ ኣብ ግልጋሎት ሕክምና ብዙሓት ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። ከም መርኣዪ በቲ ስሩዕ ዝኾነ ናይ ሪፈር ስርዓት ክሳብ ወፃኢ ከይዶም ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ካብ ህዝቢ፣ ግዝያዊ ምምሕዳርን ውልቀ ሰብ ሃፍቲ በጀት ብምሓዝ ከቢድ ጉድኣት ዘለዎም ናይ ምሕካም ስራሕ ተሰሪሑ እዩ። በዚ መንገዲ እዚ ልዕሊ 2500 ካብ ማእኸላይ ክሳብ ዝዓበየ ወይ ዝተሓላለኸ መጉዳእቲ ዝበፅሖም ጀጋኑና ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ክኢሎም እዮም።

ከምኡ እውን ምስ ምንጋጋን ገፅን ዝተፈላለየ ዓይነት መጉዳእቲ ዝበፅሖምን ደገ ከይዶም ንኽሕከሙ ሪፈር ዝተብሃሉ፣ ኣብ ሓፂር ግዜ ግልጋሎት ሕክምና እንተዘይረኺቦም ጉድኣት

> ነቲ ብዙሕ ዕማም ተሸኪሙ ዝሰርሕ ዘሎ ትካል ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ፤ ካብ ህዝቢ ብዝፈሊ መንገዲ ፀለመታት ምኪያድ ካብ ረብሕኡ ሓደግኡ እዩ ዝዛይድ። እዚ ኮሚሽን እዚ ናይ ሃርበኛታት ትግራይ ትካል እዩ። ምስ ህዝቡ ሓቢሩ ክሰርሕ ንዝደሊ ትካል እምነት ካብ ዘሰእኑ ቤላቤሎ ወረታት ተቖጢብና ኣብ ዕብየት እቲ ትካል ክንሰርሕ ይግባእ ዝብል እምነት ኣለኒ።

ክበፅሖም ዝኽእሉ 70 ጀጋኑና ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ተገይሩ። እዚኦም ኣብ ሃገራት ህንዲ፣ ኣሜሪካ፣ እስራኤል፣ ቱርኪ፣ ታይላንድ ኮታስ ፅቡቕ ሕክምና ኣለወን ኣብዝበሃላ ሃገራት ከይዶም ክሕከሙ ብምግባር ህይወት ናይ ምድሓን ስራሕ ተሰሪሑ። ካብዚ ብተወሳኺ ልዕሊ 400 ዝኾኑ ሪፈር ዝተብሃሉ ውጉኣት ተጋደልቲ ክራይ መኪና፣ ሰብ ሞያን መጓዓዝያን ብምምዳብ ከምኡ ድማ መዕረፊ ገዛ ብምክራይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከይዶም ክሕከሙ ተገይሩ። ከምኡ እውን ን192 ተጋደልቲ ውግኣት ዓይኒ ክልተ ህንፃታት ብምክራይ ናይ ምግቢ ፣ መደቀሲ ግልጋሎትን ኽትትልን ብምግባርን ክልተ ሰለስተ ግዜ ብኣየር እናተጓዓዙ ክሕከሙ ተገይሩ እዩ።

ኣብዚ እቲ ዝዓበየ ስራሕቲ ተሰሪሑ ንምባል ዝከኣል ዳርጋ ኣብ መላእ ሃገራት ኣፍሪካ እውን ተገይሩ ዘይፈልጥ ክበሃል ዝኽእል ንልዕሊ 210 ኣብ ጎሎን ብርክን ከቢድ መጉዳእቲ ዝነበሮም ተጋደልቲ ብኣርቴፊሻል ናይ ምቅያር ስራሕ እዩ ተሰሪሑ። ከም ውፅኢቱ ድማ ዱቁሳት ዝነበሩ ብሓደ ክራንች ተጠቒሞም ዓርሶም ኽኢሎም ብክራንች ዝኸድሉ ኩነታት ተፈጢሩ እዩ። ነዚ ድማ ካብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሰብ ሃፍቲ ዲያስፖራን ብዝተረኸበ ልዕሊ 220 ሚልዮን እቶት እዩ ክሕከሙ ተገይሩ።

ወይን፡- ንስድራ ስውኣት፣ ጉድኣት ኣካል፣ ብኽብሪ ዝተሰናበቱ ተጋደልቲ፣ ብሓፈሻ ንሃርበኛታትና ጉዳይ ምሃብ ኣፍልጦን ምርግጋፅ ተጠቃምነትን ብዝምልከት እንታይ ይመስል? ንቐፃሊ ዝተትሓዘ መደብ ከ እንታይ ኣሎ?

ተጋዳላይ ናስር፡- እቲ ኮሚሽን ፈለማ ጠለባት ጉድኣት ኩናት ኣነፂሩ ዘላቒ ዝኾነ ኣካላዊ ስንክልና ብዘወግድ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ምግባር እዩ እቲ ቐዳማይ ሕርይኡ። ምኽንያቱ ግልጋሎት ሕክምና እንተረኺቡ ምስ ስድርኡ፣ ሕብረተሰቡ ክሕወስ ይኽእል። ቐፂሉ ዘሎ ዕማም ውጉኣት ስነ ልቦናዊ ሕውየት ዘረጋግፅሉ መንገዲ ምፍጣር እዩ። ጉድኣትና ከምድላዮም ከይኾኑ ዝገብር ስነ ልቦናዊ መጉዳእቲ ኣለዎም። ስለዚ እዚኦም እቲ መጉዳእቲ እንተደኣ ተሓኪሞም እቲ ስነ-ልቦናዊ መጉዳእቲ ሓቢሩ ስለ ዝሕከም እዩ።

እቲ ጉድእ ኣካል መሰረታዊ ዝበሃል ሕክምና እንተረኺቡ ዓርሱ ኽኢሉ ክንቀሳቐስ፣ ክሰምዕ፣ ክርኢ እንተኾይኑ ዊልቸር፣ ክራንች፣ መዳመፂ፣ ሓጋዚ መነፅር ዓይኒ፣ መራሒ መንገዲ በትሪ /ኬን/ ኮታስ ብዙሓት ቴክኖሎጂ ዘፍረዮም መሳርሒታት ናይ ምምላእ ስራሕቲ እዩ ክስራሕ ዘለዎ። ድሕሪ እዚ ስልጠናን ኣካዳማዊ ትምህርትን ሂብካ ድማ እግሪ ናይ ምትካል ስራሕቲ ክስራሕ ኣለዎ። ዓርሶም ክኢሎም ክኸዱ ዘይኽእሉ ዕብይ ዝበለ ጉድኣት ዘለዎም ድማ ክሳብ ኣካላዊን ስነ ልቦናዊን ሕውየት ዘረጋግፁ እናሓብሐብካ ምኻድ የድሊ።

ኣብዚ ብዝተፈላለየ ገበርቲ ሰናይ ዝኾኑ ትካላት ውልቀ ሰባት ዝወሃብ ሞተር ሳይክል ዝግበር ሓገዝ ኣሎ። እዚ ብቐሊሉ ምንቅስቓስ ንዘይኽእሉ ጀጋኑና ሓጋዚ እዩ። ምኽንያቱ ነቲ ሕክምና ሓሊፎም ሞተር፣ ዝፅበዩ ዝነበሩ ጉድኣት ኣካል ኣድላይ ስለዝኾነ። ይኹን እምበር ተሓኪሞም ናብ ሞተር ዘይበፅሑ ኣካል ጉድኣት ተጋደልቲ ኣለው። ቐዳምነት እዚኦም ክሕከሙ ኣለዎም። ኣብቲ ዝግበር ደገፍ ቅደም ሰዓብ ምትሓዝ የድሊ። ምኽንያቱ ሞተር፣ ዝሕሰብ ድሕሪ ሕክምና እዩ። በዚ ኣጋጣሚ እዚ ድማ ብውልቀ ይኹን ከምትካል ድጋፍ ክህብ ዝደሊ ኣካል ኣብ ጠለብ ናይቲ ኮሚሽን ዝተመስረተ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ዝኾነ ይኹን ሰብ ንጉድኣት ኣካል ብጉልበት፣ ብናውቲ፣ ብሞያ፣ ሃፍቲ ብምትእኽኻብ፣ እቶት ክረክብሉ ዝኽእሉ ፕሮጀክትታት ብምቅራፅ ብገንዘብ፣ ስድራ ስውኣት ብምሕብሓብ ሓገዝ ክገብር ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ፍትሓውነት፣ ተጠቃምነት ዘረጋግፅ እቲ ኮሚሽን ኣብ ዝሓዞም ቅደም ሰዓብ ሓገዝ እንትህሉ እዩ።

ዛጊድ ክብርን ስርዓትን ብዘለዎ መንገዲ ህዝብና ንስድራ ስውኣቱ ብዘለዎ ክብርን ሞጎስን ንምግላፅ ብዝተፈላለየ መንገዲ ደገፍ እናገበረ እዩ። እቲ ኮሚሽን ዛጊድ ካብ 600 ዘይበልፁ ስድራ ስውኣት ኣብ ምርባሕ ጤለ በጊዕ ተዋፊሮም ንምስራሕ ካብ 30 ክሳብ 40 ሽሕ ብር ንምሕጋዝ ፈቲኑ እዩ። እዚኦም ኣብዝኸፍአ ፀገም ስለ ዝርከቡ ውሱን ደገፍ ገይርካ ናብ ስራሕ ክኣትው ንዝኽእሉ ዝተገበረ ንኡሽተይ ደገፍ እዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ 2017 ዓ/ም ድማ ን326 ስድራ ስውኣት ኣባላት ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ዘዉፅእዎ 13 ሚልዮን ብር ነብሰ ወከፎም 40 ሽሕ ብር ሓገዝ ተገይሩ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ዲያስፖራ ዝርከቡ ተጋሩ እውን ንደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ናይ ባኒ ማሽን ዓዲጎም ዝሃብሉ ኩነታት ኣሎ።

እቲ ሳልሳይ ትኹረት ዝግበረሉ ተመላሳይ ሰራዊት እዩ። እዚ ናብ ገዝኡ ዝምለስ ዘሎ ብዕድመ፣ ብመጉዳእቲ ወይ ብሕማም እዩ። ዝምለሰሉ ዘሎ ከባቢ ድማ ኣዝዩ ዝተጎድአ ካብ ፅንተት ዝተረፈ፣ ብሰንኪ እቲ ኩናት ዝተበተነ፣ ቁጠባዊ ዓቕሙ ኣዝዩ ዝደኸመ፣ ከቢድ ስነ ልቦናውን ኣካላዉን ቅልውላው ናብ ዘለዎ፣ ትብላዕ ትለሓስ ናብ ዘይብሉ ስድራ ንማሕበረሰብን እዩ ዝምለስ ዘሎ። እቲ ስድራ ካብቲ ተመላሳይ ሰራዊት ዝፅበ

ናብ ገፅ 9 ይዘውር

ኮሚሽነር ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ ተጋዳላይ ናስር መምሑር

ኩሎም ዓቕምታትና ንምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነትናን ህላወናን!!

ግምባር ጥዕና

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጥዕና ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ዝነኣድ ተግባር . . . ዘየስተርሐ ለውጢ

ምክልኻል ሕማማትን ምስጓም ጥዕናን ማእኸል ገይሩ ዝተቐረፀ ፖሊሲ ስርዓት ጥዕና ትግራይ ቅድሚ ኲናት ፅንተት ኣብ ዝነበሩ 27 ናይ ሰላምን ልምዓትን እዋናት ብርክት ዝበላ ትካላት ጥዕና ብምህናፅ ተበፃሕነት ስርዓት ጥዕና ትግራይ ናብ ዝሐሸ ብርኪ ተሰጋጊሩ ነይሩ። ከም ትግራይ ክልተ ሪፈራል ሆስፒታል፣ 14 ሓፈሻዊ ሆስፒታል፣ 224 ጣብያታት ጥዕናን 760 ኬላታት ጥዕናን ተሃኒፀን ግልጋሎት ኣብ ምሃብ ፀኒሐን እየን። ብመንፅር ሰብ ሞያ ጥዕና እውን ሓይሊ ሰብ ኣብ ምፍራይ ዓብይ መደብ ተታሒዙ እናተሰርሐሉ ብምፅንሑ ካብ ዝለዓለ "ስፔሻላይዝድ" (ምጥቀት ሞያ) ክሳብ እቲ ታሕተዋይ ናብ ከባቢ 22 ሽሕ ዝኾውን በዓል ሞያ ጥዕና ኣብ መንግስታዊ ትካላት ጥዕና ትግራይ ኣብ ስራሕ ምፅንሖም ዝፍለጥ እዩ።

ይኹን እምበር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ወራር ፅንተት ስዒቡ መብዛሕትአን ትካላት ጥዕና ህንፀአን ብምሉእን ብኽፋልን ዓንዩ ከምኡ እውን ውሽጣዊ ኣቑሑተን፣ ናውቲ ሕክምናን መድሓኒትን ምሉእ ብምሉእ ተጓሒሉን ተቓፂሉን እዩ። ብሰንኪ እዚ ድማ ግልጋሎት ሪፈራል፣ ሃንደበታዊ ሕክምና፣ ግልጋሎት ወሊድን ካልኦት መሰረታዊ ግልጋሎታትን ጥዕና ትግራይ ናብ ባዶ ወሪዶም እዮም። ኣብ ትግራይ ካብ ዝነበራ 312 ኣምቡላንስ እተን 230 ብወረርቲ ሓይልታት ተጓሒለንን ተቓፂለንን እየን። ብኻሊእ ገፅ ድማ ኣብ ሰብ ሙያ ጥዕናን ስድርኦምን ብዝተፈፀመ ጨፍጫፍ ግዳይ ሞት፣ ስደት፣ ጥምየትን ስነ ልቦናዊ ሃሰያን ከምዝኾኑ መረዳእታታት ቢሮ ጥዕና ትግራይ የመላኽቱ።

ኣይተ ኣስመላሽ ተክለሃይማኖት
ኣካያዲ ስራሕ መባእታዊ ሆስፒታል ፍረ ሰማእታት

በቶም ልፍንታውያን ፀላእቲ ዓብዪ ዕንወትን ጉሕለትን ካብ ዝበፅሐን፣ ከምኡ እውን ኣብ ንፁሃን ሰብ ሞያአን ጨፍጫፍን ምምዝባልን ካብ ዝተፈፀመለን ትካላት ጥዕና መባእታዊ ሆስፒታል ፍረ ሰማእታት (ሓውዜን) ሓደ እዩ። መባእታዊ ሆስፒታል ፍረ ሰማእታት፣ ኣብቲ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ምእንተ ምርግጋፅ መሰልን ማዕርነትን ህዘቢ ትግራይ ህይዎቶም ዝኸፈሉ ተጋደልቲ ንምዝካር ብሽሞም ዝተሰየመ ትካል ጥዕና እዩ። እቲ ሆስፒታል ቅድሚ ኲናት ፅንተት ኣብ ዝነበሩ ዓመታት ካብተን ኣብ ብርኪ መባእታዊ ዝቐመጣ ሆስፒታላት ኣብ ዝሐሸ ደረጃን ዝሐሸ ግልጋሎት ክሕምናን ኣብ ምሃብ ፀኒሑ። በዚ ድማ ከተማን ወረዳን ሓውዜን ሓዊሱ ኣብቲ ከባቢ ናይ ዝርከባ ካልኦት ወረዳታት ደሚርካ ንልዕሊ 170 ሽሕ ህዝቢ ግልጋሎት ሕክምና ይህብ ነይሩ። ኣብ መዳይ ሓይሊ ሰብ 14 ሓፈሻዊ ሓካይም ሓዊሱ 170 ሰብ ሞያ ሕክምናን ምምሕዳር ስታፍ ሰራሕተኛታትን ነይሮምዎ። ብመሰረት እዚ ካብ ቀሊል ክሳብ ከበድቲ መጥባሕቲታት ዝስርሐሉ፣ ምሉእ ናውቲ ሕክምናን እኹላት ሰብ ሞያን ዝነበርዎ ትካል ጥዕና ከምዝነበረ ኣካያዲ ስራሕ መባእታዊ ሆስፒታል ፍረ ሰማእታት ኣይተ ኣስመላሽ ተክለሃይማኖት ይገልፁ።

ከም መባእታዊ ሆስፒታል ኣብ ምክልኻል ሕማማት ማእኸል ዝገበረ ግንዛበ ሕብረተሰብ ኣብ ምፍጣርን ግልጋሎት ሕክምና ኣብ ምሃብን ኣዋዲዱ ይሰርሕ ነይሩ። ባእታታት ጥሙር ጥዕና መሰረት ብምግባር ሕብረተሰብ ቅድሚ ምሕማሙ ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ከዕቢ፣ ጥዕና ባዕሉን ስድርኡን ክሕሉ ዘኽእል ግንዛበ ኣብ ምዕባይ እናሰርሐ መፂኡ። ካብዚ ሓሊፎም ንዝረኣዩ ሕማማት ድማ ግቡእ ግልጋሎት ሕክምና ኣብ ምሃብ ዝሐሸ ብርኪ ነይርዎ። ብድምር ደቂሶም ዝሕከሙን ተመላለስትን ክሳብ 210 ሽሕ ህዝቢ ዓመታዊ ግልጋሎት ሕክምና እናሃበ ፀኒሑ እዩ።

ይኹን እምበር ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ከምቲ ካልእ ህዝብን ንብረትን ትግራይ እቲ ሆስፒታል እውን ብልፍንታውያን ፀላእቲ ጨፍጫፍ፣ ብርሰትን ምምዝባልን ኣጋጢምዎ እዩ። ንኣብነት፣ ሓደ ዶክተር ኣብቲ ሆስፒታል ግልጋሎት ሕክምና እናሃበ ውዒሉ ናብ መንበሪኡ እንትኸይድ ኣብ ኣፍ ገዛኡ ተቐቲሉ። ብዘይካ እዚ ምሉእ ናውቲ ሕክምና እቲ ሆስፒታል ብሰራዊት ሻዕብያ ተነቒሉም ብሄሊኮፕተር ተፃዒኖም ናብ ኤርትራ ተወሲዶም እዮም። ንልዕሊ ሸሞንተ ወርሒ መዓስከርን ድፋዕን ወታደራት ሻዕብያ ብምንባሩ ንፁሃት ሰባት ዝቐትልሉን ደቂ ኣንስትዮ ዝዕምፁሉን ኮይኑ ፀኒሑ፣ ህንፀኡን ሓፁሩን ድማ ክዓኑ ተገይሩ እዩ።

ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ ብዝተረኸበ ኣንፃራዊ ሃዋህው ሰላም ግና በቢኣንፈቱ ተበቲኑ ዝነበረ ሰራሕተኛ እቲ መባእታዊ ሆስፒታል ናብ ስርሑ ክምለስ ብምግባር እተን ዝዓነዋ ክፍልታት ፀሪጉ ሃንደበታዊ ሓገዝ ግልጋሎት ሕክምና ምሃብ ጀሚሩ እዩ። ካብ 2016 ዓ/ም ድማ ምስ ቢሮ ጥዕና ትግራይን ካልኦት ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ብምውዳድ መሳርሒ ናውቲ ሕክምና ክተኣላለሹ ብምግባር ብዝሐሸ ብርኪ ግልጋሎት ናብ ዝህበሉ ብርኪ ተሰጋጊሩ ኣሎ። ስለዝኾነ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣርባዕተ ዓበይቲ ስፐሻሊስት ሓካይም፣ ከምኡ እውን ናይ ማህፀን፣ ሕርሲ፣ ህፃናትን ሰብ ሞያ መጥባሕትን ሓዊሱ 193 ሰብ ሞያ ሒዙ ግልጋሎት ሕክምና ኣብ ምሃብ ይርከብ። ካብዚ ብተወሳኺ ምስ ዩኒቨርስቲ ዓድግራት፣ "ኤፍ ኤች ኣይ 360" ዝተብሃለ ትካል ገባሪ ሰናይ ብምርድዳእ ዝተፈላለዩ ናውቲ ሕክምና ክሕግዙን ግልጋሎት እቲ ሆስፒታል ናብ ንቡር ክምለስን እናተሰርሐ መፂኡ እዩ።

ምምሕዳር መባእታዊ ሆስፒታል ፍረ ስውኣት መስሕባት ገርዓልታ ክህውፁ ምስ ዝመፁ ደቂ ዓድን ወፃእን ብምርድዳእ ኣብ ዳግመ ህንፀት እቲ ሆስፒታል ዝገብርዎ ዘለዉ ስራሕቲ ዝነኣድ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ 2017 ዓ/ም ሃይማኖታውን ተፈጥሮኣዊ ቦታታት ቱሪዝም ክህውፁ ምስ ዝመፁ "ማኔላ በርግር" ዝበሃል ገባሪ ሰናይ (ቻሪቲ) ሰብ ሓዳር ንመርዐኦም ሓሲቦምዎ ዝነበረ ሓደ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚልዮን ብር ክሕግዙ ተገይሩ እዩ። በዚ ሓገዝ እዚ ድማ እቲ ዓንዩ ዝነበረ ህንፃ እቲ ሆስፒታል ዳግመ ህንፀት ብምግባር ምሉእ ናይ ቀለም፣ ቆርቆሮ፣ ጣውላን ማዕፆን ሕድሳት ክግበረሉ ኪኢሉ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ገባሪ ሰናይ ምስ ሓደ ተወላዲ ሓውዜን ብምኽኣን ናይ ሓደ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ብር ዝወድአ ዓብዪ ማሽን "ኣንስቴዥያ" ብምዕዳግ ሓጊዞም እዮም። ንቐፃሊ እውን ብኡኡ ልክዕ ዝጎድሉ ማሽናት ክሕግዙ ብዘኽእል መንገዲ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣይተ ኣስመላሽ ይገልፁ።

ብሓገዝ ብዝተረኸበ ገንዘብ ካብ ዝተዓደጉ ናውቲ መሳርሒ ሕክምና

ካብኡ ሓሊፉ ምስ በዓል ዋና ሎጅ ገርዓልታ ብዝተገበረ ምርድዳእ ፀገም እቲ መባእታዊ ሆስፒታል ክግንዘቡን ኣብ ምድሓን ጥዕና ሕብረተሰብ ግድኦም ክፃወቱን ተገይሩ። ከም ውፅኢቱ ድማ 230 ሽሕ ብር ብምምዳብ ማሽን ኬሚስትሪ ዝበሃል ክዕደግን ናብ ግልጋሎት ክውዕልን ተገይሩ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣተሓሕዛ መረዳእታ ዘመናዊ ንምግባር ዝሕግዛ ሸውዓተ ኮምፒተራት ኣበርኪቱ ኣሎ። ብካልእ መዳይ ምምሕዳር እቲ ሆስፒታል ዝተፈላለዩ ፕሮጀክታት ብምቕራፅ ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ዝገብሮም ዘሎ ዝተዋደዱ ስራሕቲ ሐዚ እውን እናቐፀለ ይርከብ። ንኣብነት፣ ኣብቲ መባእታዊ ሆስፒታል ዘሎ ዋሕዲ ክፍልታት ሕክምና ንምቕራፍን ደረጃ ግልጋሎት ክብ ንምባልን ብዝሓዘ ትልምን ብዝሓንፀፆ ፕሮጀክትን ሓደ በዓል ሃፍቲ ሓደ ህንፃ ሃኒፁ ክህቦም ቃል ከምዝኣተወሎም የረድኡ። መባእታዊ ሆስፒታል ፍረ ስውኣት ከምቲ ኣብ ላዕሊ እናተገለፀ ዝመፀ ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ብምርድዳእ ብዝተገዝኡ ናውቲ ሕክምና ቅድም ክብል ሓደ ክፍሊ መጥባሕቲ ዝነበረ እንትኸውን ኣብዚ ሕዚ እዋን ናብ ክልተ ክፍሊ ክዓቢ ተገይሩ ኣሎ። እዚ ድማ ሰኣን ክፍሊ መጥባሕቲ ዝዝንግዕን ዝሳቐን ዝነበረ ሕሙም ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ዓበይቲ ስራሕቲ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ብርኪ በፂሑም ኣለዉ። ይኹን እምበር ሐዚ እውን ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት ሕክምና እቲ ሆስፒታል ዘጋጥሙ ፀገማት ኣለዉ። ብፍላይ ኣብ ገልጋሎት ሕክምና ህፃናት ናይ መሞቒ ማሽን፣ ከምኡ እውን መሳርሒ ፊዝዮትራፒ ዓብዪ ሕፅረት ስለዘሎ ግልጋሎት እቲ ሆስፒታል ምሉእ ከይኸውን ገይርዎ እዩ። ካልእ ድማ ሕፅረት መድሓኒት ዓብዪ ማሕንቖ እቲ ሆስፒታል እዩ። ብፍላይ ኣብ ቀረብ መድሓኒት "ዩኤስ ኤይድ" ዝህቦ ዝነበረ ሓገዝ ብውሳነ ፕረዚደንት ኣመሪካ ጠጠው ምባሉ ዓብዪ ሕፅረት የጋጥም ከምዘሎን እዚ ድማ ዓብዪ ፈተና ኮይነዎም ምህላዉን ይፍለጥ። ሰኣን መድሓኒት እውን ተገልጋላይ ሪፈር ዝበሃለሉ ኩነታት ከምዘሎ የረድኡ።

መባእታዊ ሆስፒታል ፍረ ስውኣት ካብ ዝበፅሖ ዕንወት ተስፋ እንተይቆረፀ ተንከልኪል እናበለ ስራሕ ዝጀመረን ኣብዚ ሐዚ እዋን ዝሐሸ ግልጋሎት ዝህብ ዘሎን ትካል ጥዕና እዩ። እቲ ሆስፒታል ዝህቦም ግልጋሎት ሕክምና ካብ እዋን ናብ እዋን እናስፈሐን ኣብ ምክልኻል ሕማመት ድማ ቀዳምነት ብምሃብ ግንዛበ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕባይን ይርከብ። ኣብ 2016 ዓ/ም ልዕሊ 121 ሽሕ ህዝቢ ግልጋሎት ሕክምና ዝረኸበ እንትኾን ኣብ 2017 ዓ/ም ናይ ትሸዓተ ወርሒ ዘሎ ኣፈፃፅማ እንትርአ ድማ ልዕሊ 146 ሽሕ ህዝቢ በፂሑ ኣሎ። ኣብ መዳይ ወሊድ ኣዴታት እንትርአ እውን ኣብ 2016 ዓ/ም 1,710 ኣዴታት ግልጋሎት ወሊድ ረኺበን እየን። ኣብ 2017 ዓ/ም እዚ እውን ኣብ ትሸዓተ ወርሒ 1,645 ኣዴታት ኣብቲ ትካል ጥዕንኡ ብዝሓለወ መንገዲ ግልጋሎት ወሊድ ክረኽባ ኪኢለን ኣለዋ።

ካብዚ ብተወሳኺ ብፅኑዕ ዝሓመሙ ህፃውንቲ ናይ ባዕሎም መሐብሐቢ ተገይሩሎም ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ እናተገበረ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ 2016 ዓ/ም 296 ህፃናት ዓመታዊ ግልጋሎት ዝረኸቡ እንትኸውን ሎሚ ዓመት ድማ ኣብ ትሸዓተ ወርሒ ልዕሊ 280 ህፃናት ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ተገይሩ ኣሎ። ብመንፅር እዚ ሞት ህፃናት ኣብ 2016 ዓ/ም 40 ህፃነት ሓደጋ ሞት ዘጋጠመ እንትኸውን ኣብ 2017 ዓ/ም ናብ 22 ወሪዱ እዩ። ካብ ሚያዝያ 2017 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ዘሎ ሰለስተ ወርሒ ድማ ሞት ህፃናት ዝበሃል የለን። ካልእ ኣብ 2016 ዓ/ም ዓመት ምሉእ 960 ወገናት ግልጋሎት መጥባሕቲ ዝተገበረሎም እንትኸውን ኣብ 2017 ዓ/ም ድማ 1,100 ሰባት ውሽጣውን ደጋውን ሰውነት መጥባሕቲ ተገይርሎም እዩ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ ምምሕዳር መባእታዊ ሆስፒታል ፍረ ስውኣት ሓውዜን ዘለውዎ ፀገማት ንምፍታሕ ዝገብሮ ዘሎ ፃዕርን ዘመዝግቦ ዘሎ ለውጥን ዝነኣድ እዩ። ከባቢታት ሓውዜን ማእኸል ስሕበት ቱሪዝም ምኳኑ ይፍለጥ። ኣብዚ ዘለዉ ፀጋታት ብምጥቃም ንዑደት ዝመፁ ወፃእተኛታትን ደቂ ዓድን ፀገም እቲ ሆስፒታል ክሪኡዎን ብዘለዎም ዓቕሚ ኣብ ዳግመ ህንፀቱ ክሕግዙን ኣብ ምግባር ዝሰርሕዎ ዘለዉ ተግባር ከምመርኣያ ይቕመጥ። እቲ ዝስራሕ ዘሎ ለውጢ ብምዕቃብ ቀፃሊ ፀገማት እቲ ሆስፒታል መሊኣኻ ብምፍታሕ ሕብረተሰብ ግቡእ ግልጋሎት ሕክምና ክረክብ ምስራሕ የድሊ። ስለዚ ኣብ ዳግመ ህንፀት መባእታዊ ሆስፒታል ፍረ ስውኣት መንግስቲ ጥራሕ ሰሪሑ ክምልኦ ስለዘይኽእል ተወለድትን ፈተውትን ሓውዜን ብውልቀ ይኹን ብውዳበ ብዘለዎም ዓቕሚ ደገፍ ክገብሩ ይግባእ ንብል።

ቴምትስ ፈጠራ ዕድል ስራሕ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ቴክኒክን ሞያን - ሓበን ብዙሓት!

ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ንምርግጋፅ ሕድሕድ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ካልኦት ዘይመንግስታዊ ትካላትን ነቲ ዝተረኸበ ተነፃፃሪ ሰላም ተሞርኲሰን ክሰርሕኦም ዝኽእላ መደባት ትልመን ኣዳልየን ናብ ተግባር ካብ ዝሰጋገራ ኣዋርሕ ኣሕሊፈን እየን። ብፍላይ ሰብኣዊ፣ ቁጠባው፣ ማሕበራውን ሕውየት ንምርግጋፅ ብኣወዳድባን ኣፈፃፅማን ቅደም ሰዓብ ዝሓለወ ከይዲ ምንቅስቓስን መድረኻትን ሕውየት ኣብ ምርኣይ ስዳሮታት ተጀሚሮም እዮም። ካብቶም ስዳሮታት ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ዝጀመሩ ኣብያተ ዕዮታት ቤሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ሓደ እዩ።

ቤሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ንምርግጋፅ ኣብ ዝተመረፁ ዕማማት ኣተኲሩ ቅደም ሰዓብ ኣነፂሩ ምትግባር ዝጀመረ እንትኸውን ኣብ ባጀት ዓመት 2017 ዓ.ም ብዙሓት መደባት ዓሚሙ ንምስራሕ ዘኽእል ትልሚ ኣዳልዩ ናብ ስራሕ ክኣቱ ክኢሉ እዩ። ካብቶም ቀዳምነት ሂቡ ዝዓመሞም ስራሕቲ ኮሌጃት ቴክኒክን ሞያን ትግራይ ናብ ንቡር ክምለሰን መናእሰይን ሰልጠንቲ ተምሃሮን ብሞያን ክእለትን ክበቕዑን ብሞያ ተወዳደርቲ፣ ፈጠርቲ ስራሕን መሃዝትን ኣብ ምግባር ዝሰርሖም ስራሕቲ ብዋናነት ይጥቀስ።

በዚ መሰረት ኣብ ዘመነ ትምህርቲ 2017 ዓ.ም ኣብ ትሕቲ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝርከባ 40 ኮሌጃት ቴክኒክን ሞያን ብመደበኛ ከምኡ እውን ሓፀርትን ነዋሕትን ስልጠናታት ብምሃብ ልዕሊ 30 ሽሕ ሓደሽትን ነባራትን መናእሰይ ብሞያን ክእለትን ከሰልጥንን ከብቕዕን ትልሚ ተታሒዞ ነይሩ። ካብዚ ልዕሊ 13 ሽሕ መናእሰይ ብመደበኛን ሓፂርን ክስልጥኑ ከም ዝፀንሑ ካብቲ ቢሮ ዝተረኸበ መረዳእታ የመላኽት። ጎኒ ጎኒ ከይዲ እቲ ትምህርትን ስልጠናን ንሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ዝዋሳእ ሰራሕተኛ ንምፍጣር ብብርኪ ክልል ኮነ ብብርኪ ሃገር ልዕሊ 90 ምኢታዊ ንኣመራርሓ ኮሌጃት፣ ኣሰልጠንትን ካልኦት መዳርግትን ክንዲ ዝከኣል ብቕዓት መዕበይ ግንዛበን ስልጠና ክወሃቦም ተኻኢሉ እዩ።

በቲ ካልእ መዳይ ምስ ምዕባይ ዝርገሐን ብቕዓትን ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠናን ተኣሳሲሩ እቲ ቢሮ ምስ ዝተፈላለዩ ዘይመንግስታዊ ትካላት ብምኺን ሰፋሕቲ ስራሕቲ ይሰርሕ ከም ዘለዉ ኣብ ቢሮ ቴክኒክ ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተር ልምዓታዊ ትልምን ባጀትን ኣይተ ተስፋየውሃንስ ገብረሚካኤል ይገልፁ። ኮሌጃት ዘለወን ፀገማት ንምቅላል መማረፂ ዕድላትን ብምጥቃም ዝዓነዋ ማሽናት ብምፅጋን ግልጋሎት ስልጠና ክህባ ምግባር፣ ኮሌጃት ናብ ፖሊ ቴክኒክ ምዕባይ፣ ምስፍሕፋሕ ስግግር ቴክኖሎጅን ኢንዳስትሪያል ኤክስተንሽንን ካልኦት ቴክኒካል ስራሕትን ምዕባይ ሞያዊ ብቅዓት ሰፋሕቲ ስራሕቲ ከም ዝተሰርሑ እውን የገንዝቡ። ከም “ሲድ፣ ኤስኤንቪ፣ ኢዝ፣ ጂኣይዜድን” ካልኦትን ዝበሉ ዘይመንግስታዊ ትካላት ብዝገበርዎ ሓገዝ ኣብ ዝተመረፃ ፖሊ ቴክኒክ ኮሌጃት ብኣማኢት ሚልዮን ዝግመት ዝርገሐ ድጅታል ቴክኖሎጂ ሲስተም ከም ዝተኣታተውን ናብ ካልኦት ኮሌጃት እውን ንክተኣታተው እናተሰረሐሉ ከም ዘሎን ኣይተ ተስፋ ዮውሃንስ ወሲኾም የረድኡ። ከምኡ እውን በቶም ዘይመንግስታዊ ትካላት ንመናእሰይ ዕድል ስራሕ ኣብ ምፍጣርን ሓደሽቲ ኢንተርፕራይዛት ኣብ ምትእትታውን ኣብ ኩለን ገጠር ወረዳታትን ከተማታትን ፋንናሳዊ ሓገዝ ኣብ ምሕጋዝ፣ ስርዓት ፆታ ኣብ ምርግጋፅ፣ ኣብተን ኮሌጃት ንህፃውንቲ መፅንሒ ዝኸውን ምቹው ኩነታት ኣብ ምፍጣርን ዓበይቲ ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም።

ይኹን እምበር ብሰንኪ ኣብ ትግራይ ዘጋጠመ ከቢድ ኢኮኖምያውን ፋይናንሳውን ውድቀት ቢሮ ቴክኒክን ሞያ ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ንዝሓዞም ስራሕቲ ሓዚ እውን ከበድቲ ማሕንቖታት ሓፂሮሞ ይርከቡ። እቲ ቢሮ ሕፅረት በጀት ብምህላዉ ሕድሕድ ስራሕቲ ናብ ታሕቲ ወሪዱ በቢ እዋኑ ምክትታልን ምግምጋምን ኣይከኣለን። ስለዝኾነ ኣብ ላዕሊ ዝተንጠልጠለ ምውፋር ጥራሕ ከማእኸል ተገዲዱ ኣሎ። ከምኡ እውን ብሞያ ንዝበቕዑ መናእሰይ ንኹሎም ልቓሕ፣ መስርሕን መሸጥን ቦታ ሂብካ ናብ ስራሕ ዘይምትእስሳርን ዘለውኻ ዕድላት ፀንቒቕካ ዘይምጥቃምን ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ፀገማት ኣለዉ። ብወገን እቶም ሰልጠንቲ ተምሃሮ እንትርእ ኢኮኖምያዊ ሃሰያ ምህላዉን ተበፃሓይነት ኮሌጃት ብቀረባ ዘይምህላውን ሰልጠንቲ ተምሃሮ ክንዲቲ ዝድለ ናብ ስልጠና ዘይምኽታት ዝበሉ ዘይተፈትሑ መሰረታዊ ፀገማት ኣለዉ።

ኣብ ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተር ልምዓታዊ ትልምን ባጀትን ኣይተ ተስፋይ ዮሃንስ

ደሚርካ እንትርእ ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ንምርግጋፅ ኣብዚ ክልተ ዓመት ሰፋሕቲ ስራሕቲ ሰሪሑ እዩ። ብፍላይ ከይዲ ትምህርትን ስልጠናን ኮሌጃት ንምቕፃል፣ መናእሰይ ክእለትን ሞያን በቒዖም ክእለት ዝመርሖ ስራሕ ክህልዎም፣ ስራሕ መሃዝትን መፍረይትን ንክኾኑ ከምኡ እውን ቁጠባውን ዓቕሚ መናእሰይ ንምንቕቓሕ ዘለዎ ሃፍትን ዕድላትን ፀንቂቑ እናሰርሐ ይርከብ። በዚ ድማ መናእሰይ ብምሕዋይ ትግራይ መሊስካ ኣብ ምህናፅ ወሳናይ ግደ እናበርከተ ንቀፃሊ ርኡይ ለውጥን ሕውየትን ንምምፃእን መሓውሩ ኣጠናኺሩ ምስ ዝተፈላዩ ዘይመንግስታዊ ትካላት ተዋዲዱ ንምኻድ ዓበይቲ ዕማማት እናወገነ እዩ። ስለ ዝኾነ እዞም ተጀሚሮም ዘለዉ ስራሕቲ ዕውታት ንክኾኑ ነፍሰወከፍ ኣመራርሓ ይኹን በዓል ሞያ ኣብ ሕድሕድ ከተማታትን ወረዳታትን ንመናእሰይ ዝምጥን ቴክኒካውን ሞያውን ሕውየት፣ ዝተመዓራረየ ኢኮኖምያዊ ኣወዳድባን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ኣብ ዘረጋግፁ መንገዲ ልምዓት ክሰለፍን ብዕቱብ ክዋሳእን ይግባእ። ሞያ ዝሓዘ ፆሙ ኣይሓድርን ጥራሕ ዘይኮነስ ዓርሱ ክኢሉ ንካልኦት እውን ዕድል ስራሕ ይፈጥር እዩ’ሞ ኣብ ቴክኒክን ሞያን ዘፈራት ንዕሰል።

ሞሳ ኩለመንኡ... ካብ ገፅ 7 ዝዞረ

እምበር ነቲ ተመላሳይ ዝሕግዝ ኣይኮነን። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ከተማታት ዘለወን ሃፍተ ገነት ኣብ ግምት ብምእታው ንምሕጋዝ ምንቅስቓስ እናገበራ እየን። ከም ከተማታት መቐለ፣ ውቕሮ፣ እንትጮ፣ ኣኹሱምን ሽረን ዝኣመሰላ ንብዙሕ ተመላሳይ ተጋዳላይ ኣብ ከባቢኡ ንዘሎ ስራሕ ዕድል ክፈጥሩ ኣብ ዘኽእሉ ምንፃፍ ፅሩብ እምኒ /ኮብልስቶን/፣ ኣብ ስራሕቲ ደኣንት ክዋፈር ንምግባር ፃዕሪ ተገይሩ እዩ። ይኹን እምበር ብኽብሪ ዝተመለሱ ተጋደልቲ ብቑፅሮም ብዙሓት ስለዝኾኑ ከም ኮሚሽን በቲ ዝድለ መንገዲ ሓጊዝና ኢና ንምባል ኣይከኣልን። ብምኽንያት ዲዲኣር ሒዝዎ ዝወፅእ ውሱን ገንዘብ ተጠቂሙ ናብ ስራሕ ክኣቱ፣ ናብርኡ ከመሓይሽ ኣብ ምግባር እዉን ከም ኮሚሽን ክፍተት ኣሎ። እዚ ፀገም እዚ ናይ ኪሚሽን ሃርበኛታት ፀገም ጥራሕ ኣይኮነን። ከም ህዝቢ ከም ግዝያዊ ምምሕዳርን ካልኦት ኣካላት ደገፍ ዘድልዮ ውራይ እዩ። ብዝተወደበ ነቲ ፀገም ብዝፈትሕ፣ ኣብ ሕድሕድ ከባቢ ዘሎ ሃፍተ ገነት ተጠቒምካ ናብ ረብሓ ኣብ ምውዓል ምሉእ ድጋፍ፣ ትኹረት ኣብ ምግባር ዘሎ ሕፅረት ቐሊል ኣይኮነን። ዋላእኳ በቢከባቢኡ ንተመለስቲ ሰራዊት ንምሕጋዝ ዝተጀመሩ ስራሕቲ እንተሃለው ሓዚ እውን ክንድቲ ዝድለ ኣይኮነን።

ወይን፡- ፕሮግራም ምፍታሕ ዕጥቂ፣ ናብ ሕብረተሰብ ምምላስን እግሪ ምትካልን “(DDR)” ብኸመይ መንገዲ ይካየድ ኣሎ? ኣድላይነቱን ፍትሓውነቱን እንታይ ይመስል? ምስ ምምላስ ሉኣላዊ ግዝኣትናን ተመዛበልትናን ተኣሳሲሩ ኣብ ምኻድ ዘለው ምዝንጋዓት ከመይ ይርአ?

ተጋዳላይ ናስር፡- ብመሰረቱ ምስ ዲዲኣር ተኣሳሲሩ ዘሎ ዕማምን ኣብኡ ዘሎ ስትረራተጂክ ናይ ምፍፃም ሓላፍነት ናይ ኮሚሽን፣ ሃርበኛታትን ሓላፍነት ኣይኮነን። ይኹን እምበር ዝበዝሕ እቲ ብመስርሕ ዲዲኣር ዝሓልፍ ዘሎ እቲ ውጉእ ተጋዳላይ፣ ብኽብሪ ዝተሰናበተ ተጋዳላይ እዩ። ኣብዚ እንተወሓደ ማሕበራዊን ኢኮኖምያዊን ረብሕኡ ነቲ ተጋዳላይ ስለዝኾነ ብጥብቂ እንከታተሎ ስራሕ እዩ። ስለዝኾነ ጉዳይ ዲዲኣር ስራሕና ኣይኮነን ኢልና ንጎድኒ እንተገዲፍናዮ ኣብዚ ክፍጠር ዝኽእል ፀገም ቀጥተኛ ተጎዳኢ ዝኸውን እቲ ሃርበኛና እዩ። ስለዚ እንተደኣ ተኻኢሉ ዝእመን ኣእሚና፣ ክንድግፎ እንኽእል ድማ ደጊፍና ናይቲ ብምኽንያት ዲዲኣር ዝምለስ ዘሎ ትግራዋይ ተጋዳላይ ረብሓ ንምርግጋፅ ዘኽእል ስራሕ ንስራሕ ኢልና ከም ኮሚሽን ኣቲናዮ። ኣብዚ ግልፂ ክኸውን ዘለዎ ምስ ዕጥቂ ምፍታሕ ተኣሳሲሩ ክልቲኦም ውዕሊ ሰምምዕ ፕሪቶርያ ዝፈፀሙ ኣካላት ዘተግብርዎ እዩ ዝኸውን።

ይኹን እምበር እቲ ሕዚ ዝካየድ ዘሎ ዲዲኣር ህዝቢ ትግራይ ይኹን ግዝያዊ ምምሕዳር ንሰላም ዘለዎም ፅኑዕ እምነት ዝገልፀሉ እዩ። እዚ መስርሕ ዲዲኣር ኣብ ዝተማለአ ምትእምማን ወይ ቅድመ ኩነታት ኮይንካ ዝካየድ ዘሎ ኣይኮነን። ልኣላዊ ግዝኣት መሬት ትግራይ ኣብ ዘይተኸበረሉ፣ ተመዛባላይ ህዝብና ናብ መረበቱ ኣብዘይተመለሰሉ ኮይንካ እዩ ዝካየድ ዘሎ። ኣብ ዲዲኣር ዘለው ዕድላት ብገንዘብ ዝርከብ ረብሓ ጥራሕ ገይርካ ክረአ የብሉን። ብትክክል እንተደኣ ተፈፂሙ ዘላቂ ሰላም ሒዙ ናይ ምምፃእ ዕድል እውን ኣለዎ። ይኹን እምበር ሐዚ ዝወሃባ ዘለዋ ዉሑዳት ገንዘብ እቲ ተጋዳላይ ናብ ሕ/ሰብ ይምለስ ስለዘሎ ናይ ዳግመ ፅምባረ ዝወሃቦ ዘሎ ገንዘብ እዩ። እዚ ውራይ እዚ ንፌደራል መንግስቲ፣ ንለገስቲ ሃገራት ጥራሕ ዝወሃብ ዕማም ኣይኮነን። እግሪ ምትካል ዝበሃል ኣብ ጠቕላላ ናይ ማሕበረ ኢኮኖሚ ልምዓታዊ ምንቅስቓስ ኣቲኻ እዩ ዝካየድ። ንበይኑ ተነፂሉ እግሪ ዝተኸለሉ መንገዲ የለን።

ኣብዚ ኩሉ ክግንዘቦ ዝግባእ ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ መስርሕ ዲዲኣር በቲ ዝተትሓዘሉ ኣንፈት ንኽፍፀም ዝከኣሎ ዘበለ ኩሉ ዝገብር ዘሎ ትካል እዩ። ሓደ ዘይከሓድ ሓቂ በብደረጃኡ እናወረድካ ክትከይድ እንከለኻ ዝረኣዩ ቀንጠብጠባት ክህልው ይኽእሉ እዮም። ይኹን እምበር ነቶም ዝረኣዩ ዘለዉ ጠልቆምቆማት ፈሊኻ ምቅላስ ድኣ እምበር ነቲ ብዙሕ ዕማም ተሸኪሙ ዝሰርሕ ዘሎ ትካል ኮሚሽን ሃርበኛታት ትግራይ፤ ካብ ህዝቢ ብዝፈሊ መንገዲ ፀለመታት ምክያድ ካብ ረብሕኡ ሓደግኡ እዩ ዝዛይድ። እዚ ኮሚሽን እዚ ናይ ሃርበኛታት ትግራይ ትካል እዩ። ምስ ህዝቡ ሓቢሩ ክሰርሕ ንዝደሊ ትካል እምነት ካብ ዘስእኑ ቤላቤሎ ወረታት ተቖጢብና ኣብ ዕብየት እቲ ትካል ክንሰርሕ ይግባእ ዝብል እምነት ኣለኒ።

ሰላም መትከላዊ እምነት ህዝቢ ትግራይ እዩ!

ዓውደ ሕርሻ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ግቡእ ምድላው ዝጠልብ ክረምታዊ ዋኒን!

ማዳበርያ፣ ምሩፅ ዘርኢ፣ ክንክን ዘራእቲ፣ ምዕቃብ ጠሊ ወሰንቲ መደባት መፍረይነት

ቅድሚ ኲናት ፅንተት፣ ኣብ ካልኣይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ትግራይ ዝለዓለ ትኹረት ተገይርሎም ይፍፀሙ ካብ ዝነበሩ ዓውዲ ቁጠባ ዘፈር ልምዓት ሕርሻ ቀዳምነት ይስራዕ። ድርቂ ዝፃወር መፍረያይነት ምህርቲ ሕርሻ ብምፍጣር ብምግቢ ዓርስኻ ምኽኣልን ካብ ተፀባይነት ምውፃእን ማእኸል ሕምብርቲ እቲ ትልሚ ነይሩ። መፍረያይነት ልምዓት ሕርሻ ንምስሳን ድማ ኣብ ክረምታዊ ዝራእቲ ይኹን መስኖ ግቡእ ስራሕቲ ቅድመ ምድላው ምትግባር ግድን ይኸውን። ነዚ እውን ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ክርሰ ምድሪ ማይን ዓበይቲ ግድባትን ብምጥቃም ልምዓት ሕርሻ ንምዝማን ዘኽእሉ ስራሕቲ እናተሰርሑ ፀኒሖም እዮም። ከም ውፅኢቱ ድማ ካብ ሕድሕድ ሄክታር ዝርከብ ምህርቲ ብመጠንን ፅርየትን ክዓብን ዕዳጋ ዝመርሖ መፍረያይነት ኣብ ምትግባርን ዝለዓለ ለውጢ እናተመዝገበ መጺኡ እዩ። ይኹን እምበር እዚ ምንቅስቓስ እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ተኾሊፉን ስራሕቲ ልምዓት ሕርሻ ንድሕሪት ክምለስን ክኢሉ ኣሎ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ ኣብ ዳግመ ህንፀት ልምዓት ሕርሻ ብዝተወደበ መንገዲ ብምርብራብ መፍረያይነት ሕርሻ ቅድሚእቲ ኲናት ናብ ዝነበሮን ልዕሊኡን ንምምላስ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ዳግመ ሕውየት እናተሰርሑ ይርከቡ። ብመሰረት እዚ ከም ትግራይ መፍረያይነት ዘበነ ምህርቲ 2017/2018 ዓ/ም ክብ ንምባል ዕላማ ዝገበረ ሰፊሕ ስራሕቲ ቅድመ ምድላዋት እናተወገነ ፀኒሑ እዩ። ካብ እዋን ሓጋይ ጀሚሩ ኣብ ሰብ ሞያ ሕርሻን ሓረስታይን ዘሎ ዓቕምን ኣተሓሳስባን ዘዕብዩ ሰፋሕቲ ስልጠናታት ተዋሂቦም እዮም። ወፍሪ ዕቀባሓመድን ማይን ብምክያድ ድማ ጠሊ ዓቀብቲ ስራሕቲ ኣብ ምትግባር ተሓግዩ እዩ። ከምኡ እውን በቢእዋኑ ዝህሉ ኲነታት ዝናብ እናተኸታተልካ ሓረስታይ ትግራይ ሓበሬታ ዝረኽብሉ ኲነታት ተፈጢሩ። ከምኡ እውን መፍረያይነት ምህርቲ ሕርሻ ንምዕባይ ዘኽእሉ እታዎታት ማዳበርያን ቴክኖሎጅን ምቕራብ እውን ኣካል ቅድመ ምድላው ኮይኑ እናተሰርሐሉ ከምዝፀንሐ ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ርክብ ህዝቢ ኣይተ ሚኪኤለ ምሩፅ ይገልፁ።

ከም ትግራይ ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ሄክታር ተሓራሲ መሬት ዘለዋ እንተኸውንኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ኢድ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዘሎ ተሓራሲ መሬት ግን 758,679 ሄክታር (57 ነጥቢ ኣርባዕተ ሚኢታዊ)ጥራሕ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ 2017/2018 ዓ/ም ነቲ ዝተጠቐሰ ስፍሓት ተሓራሲ መሬት ብዓይነታት ዝራእቲ ስርናይ፣ ምሽላ፣ ጣፍ፣ ዕፉን፣ ዳጉሻን ሰሊጥን ንምሽፋን ትልሚ ተታሒዙ ኣሎ። ክሳብ ሐዚ 482,184 ሄክታር (63 ነጥቢ ሓሙሽተ ሚኢታዊ) ብዝራእቲ ተሸፊኑ እዩ። ቀረብ ማዳበርያ ዝምልከት እውን ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ኲንታል ካብ መንግስቲ ፌደራል ንኽመፅእ ዝተጠለበ እንተኸውን ክሳብ ሐዚ 611,732 ኲንታል ማዳበርያ ናብ ትግራይ ኣትዩ ይርከብ። ካብዚ እቲ 589,887 ኲንታል ማዳበርያ ኣብ ሓረስታይ ዝኣተወ እንተኸውን 46,157 ኲንታል ድማ ኣብ ጥቕሚ ከምዝወዓለ ይሕብሩ።

ብኻልእ መዳይ ቀረብ ምሩፅ ዘርኢ ዝምልከት ሎምዘበን ብፍሉይ ዝቐርበሉ ኲነታት የለን። ምኽንያቱ ኣብ 2016 ዓ/ም ናብ 55,000 ኲንታል ብነፃ ዝቐረበ ምሩፅ ዘርኢ ክባዛሕን ንቐፀልቲ ዓመታት እውን ክኸውንን ተሓሳቢ ዝገበረስራሕቲ ስለዝተሰርሐ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ዋላ እኳ ከም መንግስቲ ዝቐርብ ምሩፅ ዘርኢ ኣይሃሉ ምስ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ብዝተገበረ ምርድዳእ ናብ 19,000 ኲንታል ዝኸውን ምሩፅ ዘርኢ ናብ ሓረስታይ ዝተዓደለሉ ኲነታት ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት13 ሚልዮን ኲንታል ምህርቲ ዝተረኸበ እንተኸውን ኣብ ክረምታዊ ዝራእቲ 2017/2018 ዓ/ም ድማ 16 ሚልዮን ኲንታል ንምርካብ ትልሚ ተታሒዙ ከምዘሎ ፀብፃባት እቲ ቢሮ የረድኡ።

እዚ እናተገለፀ ዝፀንሐ ከም ትግራይ ኣብ ቅድመ ምድላዋት መፍረያይነት ክረምታዊ ዝራእቲ 2017/2018 ዓ/ም ዝተሰርሑ ስራሕቲ ዘመላኽት እዩ። ኣብ ታሕቲ ዘሎ ድማ ከም መርኣያ ቅድመ ምድላው ስራሕቲ ሕርሻ ወረዳ ሓውዜን እንታይ ከምዝመስል ዳህሲስና ኣለና። ከምወረዳ ሓውዜን ቅድሚ እቲ ኲናት ይሰርሑ ብዝነበሩ ዝተዋደዱ ስራሕቲ መፍረያይነት ልምዓት ሕርሻ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ፀኒሑ እዩ። ኣብ ምምላእ ትሕተ ቅርፂ ልምዓት ሕርሻ እውን እታ ወረዳ ፅቡቕ ምንቅስቓስ ዝነበራ ኮይኑ ብፍላይ ግድባት ኣብ ምስራሕ፣ ሓረስቶት መማረፂ ማይ ክሕዙ ኣብ ምግባር ዝለዓለ ኣፈፃፅማ ነይርዋ። ክላስተር መፍረዩ ሓረስቶትብምውዳብ ካብ 15 ክሳብ 30 ሄክታር መሬት ብኲታገጠም ከልምዑ ብምግባር ዝስራሕ ዝነበረ ስራሕ እውን መርኣያ እዩ።

ኣብ ተፋሰሳት ይስራሕ ብዝነበረ ዝተዋደደ ዕቀባ ሓመድን ማይን፣ ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮን ሓለዋ ደንን ኣብ ተሓራሲ መሬት ዝፈጥሮ ዝነበረ ማይን መስኖን ንዝራእትን ሃፍቲ እንስሳን ምቹው ኲነታት ነይሩ። ንኣብነት፣ ኣብ መወዳእታ 2012 ዓ/ም ሓረስታይና ብትራክተር ምሕራስ ዝጀመረሉ፣ ተኣታትዩ ብዝነበረ ክላስተር ስርናይ ክሳብ 40 ኲንታል ካብ ሄክታር ዝተረኸበሉ ኲነታት ተበፂሑ ከምዝነበረ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ዘፈር ቁጠባ ወረዳ ሓውዜን ኣይተ ብርሃነ ሃይላይ የረድኡ።

ይኹን እምበር ኣብ 2013 ዓ/ም ብዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ወረዳ ሓውዜን ሕምብርቲ ናይቲ ኲናት እያ ነይራ። ብኣርባዕተ ኣንፈት እታ ወረዳ ዝኣቱን ዝወፅእን ዝነበረ ፀላኢ ተደጋጋሚ ኲናት ዝካየደላ ከባቢ ክትከውን ገይርዋ እዩ። በቲ ኲናት ብዋናነት ሓደጋ ዝበፅሖምን ዝተጨፍጨፉን ንፁሃት ሰባት ከምዘለዉ ኮይኖም ንዝሓለፉ ብርክት ዝበሉ ዓመታት ዝተሃነፀ ቁጠባዊ ዓቕሚ፣ ዝተጠረየ ሃፍትን ናውትን ሓረስታይ ክዓኑን ክቃፀልን ተገይሩ። ነቲ ኲናት ስዒቡ ዝመፀ ዕፅዋን ክባን እውን ሓረስታይ ምህርቲ ከየፍርን ሓገዝ ከይረክብን ተኸቢቡ ተወሳኺ ዓፀቦ ኮይንዎ ፀኒሑ እዩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን እቲ ኲናት ብናይ ፕሪቶርያ ስምምዕነት ጠጠው ምስ በለ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሓረስታይ ንምሕዋይ ብፍላይ ስራሕቲ ልምዓት ሕርሻ ናብ መፍረያይነት ንምምላስ ዘኽእሉ ስራሕቲ እናተሰርሑ ይርከቡ። ንኣብነት፣ ኣብ ቀረብ ምሩፅ ዘርኢ፣ ማዳበርያን መድሓኒትን ብዝተወሰነ መልክዑ ንምትእትታው ተፈቲኑ ኣሎ። ውዳበታት ክላስተር መፍረያይነት ሓረስቶት፣ ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶትን ማእኸላት መሰልጠኒ ሓረስቶትን ብንፁር ብምድህሳስ ንፁር ትልሚ ብምውፃእ ናብ ዳግመ ውዳበ ክኣትዋ እናተሰርሐ እዩ።

ኣብ 2016 ዓ/ም ድማ ብፍላይ ብሰንኪ እቲ ኲናት ተቛሪፁ ዝነበረ ስራሕቲ ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮን ስራሕቲ ዕቀባ ሓመድን ማይን ናብ ስራሕ ብምእታው ፅቡቕ ጅማሮ ዝተጀመረሉ ዓመት ነይሩ። መፍረያይነት ዝራእቲ ዘድልዩ እታዎታት እውን ካብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ እኹል ብዝኾነ መጠን ክቐርብ ኪኢሉ እዩ። ብመሰረት እዚ ክረምታዊ መፍረያይነት 2016/2017 ዓ/ም ካብ ሄክታር 23 ኲንታል ንምርካብ ትልሚ ተታሒዙ ዝነበረ እንተኾን ብማእኸላይ 15 ኲንታል ተረኺቡ እዩ። ኣብ ሞዴላት ሓረስቶት ኣብ ዝራእቲ ስርናይ ዝሐሸ ምህርቲ 18 ኲንታል ብማእኸላይ ዝተረኸበ እንተኸውን ብድምር ከም ወረዳ ግና ካብቲ ዝተትሓዘ ሸቶ 61 ሚኢታዊ ጥራሕ ክፍፀም ኪኢሉ እዩ። ናይዚ ምኽንያት ብዋናነት ዝናብ ዘንጊው ምጅማሩ እንተኸውን ኣብ ሓረስቶት እውን እታዎታት ብምሉእነት ፀንቂቕካ ዘይምጥቃም ክፍተት ከምዝነበረ ተገምጊሙ ኣሎ። ብካልእ መዳይ ኣብ ኣርባዕተ ጣብያታት ምሉእ ብምሉእ ዝናብ ክረምቲ ብዘይምውቅዑ ዝተዘርአ ዝራእቲ እንተይፈረየ ክሓርር ከምዝኸኣለ ይገልፁ።

ብመሰረት እዚ ኣብ 2016/2017 ዓ/ም ዝነበሩ ጉድለታት ብምግምጋም ኣብ ክረምታዊ ዝራእቲ 2017/2018 ዓ/ም ንፁር ትልሚ ብምድላው ቀዲሞም ክሰርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ እናተወገኑ ፀኒሖም እዮም። ከም ወረዳ ዘሎ ተሓራሲ መሬት ናብ 14,000 ሄክታር እንተኸውን ካብዚ ብማእኸላይ 20 ኲንታል ካብ ሄክታርብድምር283 ሽሕ ኲንታል ምህርቲ ንምርካብ ትልሚ ተታሒዙ ኣሎ። እቲ ልዕሊ 18,000 ሓረስታይ ተጠቃሚ ዝገብር እዩ። እዚ ድማ ቅድሚ እቲ ኲናት ዝነበራ ውዳበታት ሓረስቶት ብምጥንኻርን ተወሰኽቲ ክላስተራት ብምፍጣርን ዝፍፀም ይኸውን። ኣብዚ ሐዚ እዋን ብክላስተር ዝተወደባ 17 ጣብያታት ዘለዋ እንተኾና ካብዚኣን እተን 10 ብስርናይ፣ ሰለስተ ብጣፍ፣ኣርባዕተ ድማ ብምሽላ ዓይነት ክላስተር ዝተወደባ እየን። ክሳብ ሐዚ ዘሎ ኣፈፃፅማ 221 ክላስተር ክውደባ ዝግባእ እንተኾና ካብዚኣን 197 ክላስተር ተወዲበን ናብ ተግባር ኣትየን ኣለዋ። ካብዚኣን ድማ እተን 157 ኣብ 2016 ዓ/ም ናብ ተግባር ዝኣተዋ ምጥንኻር ዘድልየንን እንተኾና 40 ግና ኣብ 2017 ዓ/ም ዝተወደባ ሓደሽቲ እየን። ኣብዘን ብክላስተር ተወዲቦም ዘለዉ ሓረስቶት ብኲታ ገጠም ክሓርሱ፣ ዘመናዊ እታዎታት ብሓባር ከተኣታትዉን ተመሳሳሊ ዓይነት ዝራእቲ ክዘርኡን ትፅቢት ዝግበረሎም እዮም።

ብመሰረት እዚ ክሳብ ሐዚ ዘሎ ኣፈፃፅማ ካብ ሰብ ሞያ ሕርሻ ጀሚሩ ብክላስተር ዝተወደቡን ዘይተወደቡን ሓረስቶት ብተግባር ዝተደገፈ ሰፋሕቲ ስልጠናታት እናተውሃበ ፀኒሑ እዩ። ብካልእ መዳይ ዝተዋደደ ወፍሪ ዕቀባ ሓመድን ማይን፣ስራሕቲ ምዕቃብ ጠልን ፀረጋ ራህያታትን እናተወገኑ እዮም ፀኒሖም። ካብዚ ብተወሳኺ ልዕሊ 400 ሄክታር ብትራክተር ንምሕራስ ትልሚ ዝነበረ እንተኸውን ክሳብ ሐዚ ልዕሊ 288 ሄክታር ብትራክተር ክሕረስን ክለሳለስን ኪኢሉ እዩ። ኣብዚ መዳይ እቲ ሓረስታይ ብትራክተር ናይ ምሕራስ ድልየትን ሰፊሕ ጠለብን ኣሎ። ይኹን እምበር ምስ ሕፀረት ነዳዲ ተተሓሒዙ ዋጋ መዓልታዊ ክራይ ትራክተር ምኽባር ዓብዪ ዕንቅፋት ኮይኑ ይርከብ። ካብዚ ብተወሳኺ ቀረብ እታዎታት ዝምልከት ጠለብ ማዳበርያ 15,000 ኲንታል እንተኸውን ክሳብ ሐዚ 14,000 ኲንታል ናብታ ወረዳ ኣታዊ ኮይኑ ኣሎ። ካብዚ ድማ እቲ 11,000 ሓረስታይ ኢድ ብኢድ ብምዕዳግ ክወስዶ ክኢሉ እዩ። ይኹን እምበር ምስቲ ዋጋ ዶላር ምውሳኹ ዋጋ ማዳበርያ ብጣዕሚ ናህሪ ዘለዎ ወሰኽ ኣርእዩ እዩ። ካልእ ምሩፅ ዘርኢ ዝምልከት እዩ። ብመንግስቲ ዝቐረበ ምሩፅ ዘርኢ ዋላ እኳ እንተዘይሃለወ “ኬር ኢትዮጵያ” ካብ ዝበሃል ትካል ገባሪ ሰናይ ዝተረኸበ 1,300 ኲንታል ምሩፅ ዘርኢ ንሕድሕድ ሓረስታይ ተዋሂቡ ኣሎ። ኣብ 2016 ዓ/ም ዝተዓደለ ከባቢ 1,400 ብምህላዉ እዚ ብምብዛሕ ካብ ገባር ናብ ገባር ክባፃሕ ዕላማ ተገይሩ ዝተዓደለ ስለዝኾነ እቲ ሓረስታይ ካብዚ ክጥቀም ትፅቢት ይግበር። ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ጠለብ ብዘይካ እቲ ኣብ 2016 ዓ/ም ዝተዓደለ ምሩፅ ዘርኢ ተወሳኺ ልዕሊ 4,000 ኲንታል ጠለብ እኳ እንተሃለወ ሐዚ ተረኺበን ዘለዋ እተን 1,300 ጥራሕ እየን ስለዚ ዓብዪ ጉድለት ጠለብ ምሩፅ ዘርኢ ከምዘሎ ምርዳእ ይከኣል።

እዚ ጉድለት ካብ መንግስቲ ክመፅእ ዝግብኦ ቀልጢፉ ክመፅእ ብምድፋእን ውልቀ ሓረስቶት ካብ ዘባዝሕዎ ምሩፅ ዘርኢ ናብ ገባራትክሰፍሕ ብምግባር ኣቢልካ ንምቅላል ይስራሕ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ዓይነታት ኮምፖስት 21 ንኮምፖስት ሓሰኻን ብምትእትታው እቲ ዘሎ ሕፀረት ማዳበርያ ኣብ ምፍታሕ ዝለዓለ ግደ ኣለዎ። እዚ ድማ ምስ ፕሮጅክታት ብምትእስሳር ንምትእትታው ይስራሕ ኣሎ። ብመሰረት እዚ ነዚ ዝሰርሑ ሞዴላት ሓረስቶት ብምምልማል ልዕሊ 200 ዝኾኑ ናይ ሓሰኻ ኮምፖስት ተዳልዮም ኣለዉ።

ብድምር ጉዳይ መፍረያይነት ሕርሻ ናይ ሞትን ሕውየትን ዝኾነሉን ካብ ተፀባይነት ወፂናብምግቢ ዓርስና እንኽእለሉን ኲነታት ምፍጣር ግድን ዝኾነሉ እዋን ንርከብ። ነዚ ድማ ስራሕቲ ልምዓት ሕርሻ ካብ ባህላዊ ሜላ ብምውፃእ ዘመናዊ ሜላታት ምጥላብን ምትግባርን የድሊ። ብመሰረት እዚ መፍረይነት ልምዓት ሕርሻ ዝውስኹ እታዎታት ብምሉእነት ምጥቃምን ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ምድጋፍን ኣገዳሲ ይኸውን። እንተኾነ ግና ኣብ ሓረስታይ ዘሎ ጠለብን ቀረብን ግና ዝመጣጠን ኣይኮነን። እዚ ድማ ኣብ መፍረያይነት ክረምታዊ ዝራእቲ 2017/2018 ዓ/ም ዕንቅፋት ከምዝኸውን ምርዳእ የድሊ። ስለዚኣብ ቀረብ ትራክተርን ምሩፅ ዘርእን ከምኡ እውን ማዳበርያ ዘለዉ ማሕንቖታት ምፍታሕ ቀዳምነት ብምሃብ ክስራሕ ይግባእ ንብል።

ኲሎም ኣማራፅታት ማይ ብምጥቃም ድርቅን ጥምየትን ንከላኸል!

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ትካል እግሪ ምትካል ትግራይን (ትእምት) ዝዳሎ መደብ

ሽርሒ መጋበርያታት ዘምከነ ጉባኤ!

ከምዝፍለጥ ትእምት ኣብ 1987 ዓ/ም ብዕሊ እንትጣየሽ ቀንዲ ዕላምኡን ምዝገባኡን ኣብ ስራሕቲ ምግባረ ሰናይ ትኹረት ሂቡ ንምድጋፍ እዩ፡፡ ከምቲ በቢ እዋኑ እናተገለፀ ዝፀንሐ መበገሲ ሃፍቲ ትእምት ዝሓለፈ ናይ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቃልሲ፣ ነቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምዕዋት ብዋናነት ካብ ህዝቢ ትግራይ፣ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝነበሩ ደገፍቲ እቲ ቃልስን ከምኡ እውን ካብ ፀላኢ ዝተመንዘዐ ንብረትን ገንዘብን ተኣኻኺቡ ዝመፀ መበገሲ ሃፍቲ እዩ፡፡ ድሕሪ 1983 ዓ/ም ምድምሳስ ስርዓት ደርግ ድማ እቲ ብጥረ ገንዘብን ብንብረትን ተዋህሊሉ ዝፀንሐ ሃፍቲ፣ ሃፍቲ ህዝቢ ትግራይ ስለዝኾነ ህዝቢ ትግራይ እግሪ ክተክልን ዕድል ስራሕ ክፈጥርን ብዘኽእል መንገዲ ንህዝቢ ትግራይ ክውፈ ከምዘለዎ ታሪኻዊ ውሳነ ብምውሳን ትእምት ክጣየሽ ተገይሩ፡፡

ድሕሪ እዚ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 8፣ ንኡስ ዓንቀፅ 2፣ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንህዝቢ ትግራይ ብምውካል ቤት ምኽሪ ትእምት ተጣይሹ፡፡ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይ ዝለዓለ ስልጣን መንግስቲ ዝተውሃቦ ብምዃኑ ቤት ምኽሪ ትእምት ብመሰረት መመሓየሺ መመስረቲ ፅሑፍ ዓንቀፅ 12 (14) ዝተውሃቦ ስልጣን ክጣየሽ ገይሩ፡፡ እዚ ቤት ምኽሪ ካብ ሕድሕድ ወረዳታት፣ ሓፋሽ ማሕበራት፣ ማሕበረሰብ ንግዲ፣ ማሕበር ሽቃሎ ትእምት ከምኡ እውን ኣብ ትግራይ ካብ ዘለዋ ኣርባዕተ ዩኒቨርስቲታትን ካብ ቤት ምኽሪ ክልል ትግራይን ዝተወከሉ 83 ዝኾኑ ኣባላት ዝሓቖፈ እዩ፡፡ ኣብ ትሕቲ ቤት ምኽሪ ትእምት ድማ ቦርድ ትእምት ዝበሃል ኣወዳድባ ክህልዎ ተገይሩ፡፡ ካብዚ ቀፂሉ ማእኸል ኢንቨስትመንትን ትካል ምግባረ ሰናይን ዝመርሑ ዓርሶም ዝኽኣሉ ኣብያተ ፅሕፈት ከምዘለውዎ ተፀዋዕነቶም ድማ ናብ ቤት ምኽሪ ትእምት ምዃኑ መተሓዳደሪ ደንቢ ትእምት የመላኽት፡፡

ትእምት ድሕሪ ምጥያሻ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኲናት ፅንተት ክሳብ ዝእወጅ ኣብ ዝነበሩ ናይ ሰላምን ልምዓትን ዓመታት ኣብ ምስፍሕፋሕ ኢንዱስትሪታት፣ ምትእትታው ሓደሽቲ ቴክኖሎጂታት፣ ምፍጣር ዕድል ስራሕን ምቕናስ ድኽነትን ብሓፈሻ ድማ ኣብ ምዑልባት ቁጠባዊ ዓቕሚ ህዝቢ ትግራይ ልዑል ግደ እናተፃወተት ፀኒሓ እያ፡፡ ይኹን እምበር ሓይልታት ፅንተት ህዝቢ ትግራይ ቁጠባኡ ኣድቂቕም ብሕማምን ጥምየትን ከብርስዎ ሃቂኖም ኣብ ልዕሊኡ ብዝፈፀምዎ ኲናት፤ ትካላት ትእምት እውን ኣካል እቲ ፅንተት ኮይነን እየን፡፡ ልፍንታውያን ወረርቲ ኮነ ኢሎም ብትልሚ ብርክት ዝበለ ንብረት ትካላት ትእምት ነቒሎም ወሲዶም ክወስድዎ ዘይከኣሉ ድማ ኣዕንዮምዎ ከይዶም፡፡ ትካላት ትእምት ዋላ እኳ በቲ ዝበፅሐን ጉሕለትን ዕንወትን ኣዝየን ዝተሃሰያ እንተኾና፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ተፈጢሩ ብዘሎ ሃዋህው ሰላም ዘለወን ውሽጣዊ ዓቕሚ ወዲበንን ምስካልኡት መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ተዋዲደንን ኣብ ሕውየት ቁጠባን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ካብኣን ዝፅበ ኣበርክቶ ንምፍፃም ኣብ ምርብራብ ከምዝርከባ ኣባል ሓዱሽ ቦርድ ትእምት ኣይተ ኣታኽልቲ ገ/ህይወት የረድኡ፡፡

መተሓዳደሪ ደንቢ ቤት ምኽሪ ትእምት በቢዓመቱ ስሩዕ ጉባኤ ክካየድ ከምዘለዎ ይድንግግ፡፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነ ድማ እቲ ቤት ምኽሪ ህፁፅ ጉባኤ ክፅውዕን ውሳነታት ክሕልፍን ከምዝኽእል የነፅር፡፡ ይኹን እምበር ጉባኤ ቤት ምኽሪ ትእምት ኣብ 2012 ዓ/ም ምስተኻየደ ድሕሪኡ ብዝተፈፀመ ኲናት ፅንተትን ኣብ መሪሕነት እቲ ነባር ቦርድ ብዝነበረ ቅንዕና ዝጎደሎን ዓንቃፋይን ኣካይዳ ኣስታት ኣርባዕተ ዓመት እቲ ጉባኤ ክካየድ ኣይካለን፡፡

ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ተኸሲሰን ዝነበራ ትካላት ትእምት ክሰን ክቋረፅ ዝተገበረ እንትኸውን ተኣሲሮም ዝነበሩ ኣመራርሓ ቦርድ ትእምት እውን ተፈቲሖም እዮም፡፡ ነዚ ማእኸል ብምግባር ኣብ 2015 ዓ/ም ጉባኤ ምክያድ ይከኣል ነይሩ፡፡ ጉባኤ ንምክያድ ዘገድዱ ነገራት እውን ነይሮም እዮም፡፡ ብዋናነት ትእምት ከም ትካል ኣብ ዝለዓለ ፀገም እዩ ነይሩ፡፡ ትካላት ትእምት ብፀላእቲ ዝገጠመን ዕንወትን ካልኦት ጉዳያትን ብጉባኤ ኣቢልካ ኢኻ መፍትሒ እናቕመጥካሎም ትኸይድ፡፡ ሓደ ኣድላይነት ጉባኤ እዚ እዩ፡፡ ስለዚ ይትረፍ ዶ ዕድል ረኺብካ ዋላ ኣብ ብጣዕሚ ፀቢብ ግዜ ኮይንካ እውን ቤት ምኽርኻን ቦርድኻን ሒዝካ ኢኻ ትመርሕን ኣንፈት ተቐምጥን፡፡ ብኣንፃሩ ድማ ካብ ኣባላት ቤት ምኽሪ ወይ ካብ ጉባኤ ቤት ምኽሪ እናሃደምካን ጉባኤ ከይካየድ እናዐንቀፍካን ክመፅእ ዝኽእል መፍትሒ የለን፡፡ ይኹን እምበር ነባር መሪሕነት እቲ ቤት ምኽርን ቦርድን ግና ጉባኤ ከይካየድ ዝተፈላለዩ ዕንቅፋታት እናተገበሩ ከምዝፀንሑ ኣይተ ኣታኽልቲ ይገልፁ፡፡

ብዘይካ እዚ፣ ኣብ 2016 ዓ/ም እውን ጉባኤ ንምክያድ ዘኽእል ሰፊሕ ዕድል እናሃለወ ብሰንኪ ዓንቃፋይ ቅዋም ነባራት መሪሕነት ቦርድ ክትግበር ኣይከኣለን፡፡ ብፍላይ ኣብ 2016 ዓ/ም ካብ ኣባላት ቤት ምኽሪ ትእምት ዝተፈላለዩ ሕቶታት እናተልዓሉ መፂኦም እዮም፡፡ ይኹን እምበር እቲ ዝነበረ ኣመራርሓ ግቡእ መልሲ ክህብን ጉባኤ ከካይድን ድልየት ኣይነበሮን፡፡ ምክያድ ጥራሕ እንተይኮነስ ብመንፅር መተሓዳደሪ ደንቢ ትእምት ብኣባላት እቲ ቤት ምኽሪ ዝተፀወዐ ጉባኤ እውን ውሱናት ነበር ኣባላት ቦርድ ብሚድያ፣ ብደብዳቤን ብምፍርራሕን ትእምት ትካላዊ ብዝኾነ መንገዲ ከይምራሕ ዝለዓለ ዕንቅፋት ፈጢሮም፡፡

ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ነበር ኣመራርሓ እቲ ቦርድን ፈፃሚትን ኣብ ስልጣን ንነዊሕ እዋን ዝፀንሑ ምስቲ ምዃኖም ሃፍቲ ትእምት ይጉሕሉ፣ ንውልቀ ረብሓን ክብርን ይጥቀምሉ ብምንባሮም ካብ ስልጣን ክወርዱ ዘይምድላይን ካብ ተሓታትነት ንምምላጥን እዩ፡፡ ንኣብነት፣ ኣቦ ወንበር ቦርድን ኣካቢ ቤት ምኽርን ክልቲኡ ስልጣን ደሪቡ ዝሓዘ መሪሕነት እንተሪኢና ልዕሊ 15 ዓመት ኣብታ ስልጣን እዩ ፀኒሑ፡፡ ስለዚ ንነዊሕ እዋን ሒዞምዎ ዝነበሩ ቦታ ንዘይምልቃቕ ዘይፈንቀልዎ እምኒ የለን፡፡ ካልኣይ ክንዲዚ ዝኣክል ዓመታት ኣብ ስልጣን ክትፀንሕ እንተለኻ ትእምት ናይ ህዝቢ ምዃኑ ተሪፉ ናይ ዝተወሰኑ ኣካላት እናኾነ ከይዱ ኣሎ ማለት እዩ፡፡ ብተግባር እውን ከምኡ እዩ ተራእዩ፡፡ ምስዚ ተኣሳሲሩ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ሕመቕ ካብ ስራሕቲ ምርግጋፅ ህዝባዊ ረብሓ ወፂኡ ህዝቢ ትግራይን ትካላቱን ምስ ዘጥፍኡ ሓይልታት ዝሓብረሉ ኩነታት ተፈጢሩ፡፡ ኣብዚ ድማ ነባራት መሪሕነት ቦርድን ፈፃሚትን ልዑል ግደ ተፃዊቶም እዮም፡፡

ብመሰረት መተሓዳደሪ ደንቢ ትእምት ጉባኤ ዝፅዋዕ ብሰለስተ መንገዲ እዩ፡፡ ሓደ ኣቦ ወንበር ቤት ምኽሪ ትእምት ጉባኤ ክፅውዕ ይኽእል እዩ፡፡ ካልኣይ ካብ ኣባላት ቦርድ ክልተ ሲሶ ድምፂ ሂቦም ጉባኤ ክፅውዑ ይኽእሉ እዮም፡፡ እቲ ሳልሳይ ድማ ሓደ ኣብ ልዕሊ ሰለስተ (ሲሶ) ካብ ጠቕላላ ኣባላት ቤት ምኽሪ ተፈራሪሞም ጉባኤ ክፅውዑ ከምዝኽእሉ ተቐሚጡ እዩ፡፡ እቶም ኣባላት እዚ ቅድሚ ምግባሮም ጉባኤ ንክፅዋዕ ተደጋጋሚ ብቃልን ብደብዳቤን እናሓተቱ ፀኒሖም እዮም፡፡ መልሲ እንተይረኸበ ክልተ ዓመት ስለዝሓለፎ ድማ ብመሰረት መተሓዳደሪ ደንቢ ትእምት ዓንቀፅ ሓደ ልዕሊ ስሶ ኣባላት ጉባኤ "ክነካይድ ኣለና" ኢሎም ወሲኖም እዮም፡፡ ነዚ ስዒቡ ዝተፀወዐ ስሩዕ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ትእምት ድማ ካብ ሸሞንተ ክሳብ ትሽዓት ለካቲት 2017 ዓ/ም ከምዝተኻየደ ይዝከር፡፡

ኣብዚ ከይዲ እዚ እውን እቲ ጉባኤ ከይካየድ ብዙሕ ዕንቅፋታት ኣጋጢሞምዎ እዮም፡፡ ነቲ ብሕጋዊ መንገዲ ዝተፀውዐ ጉባኤ ብሚድያ ኣቢልካ ከይትኣትዉ ምባል፤ ደብዳቤ ምፅሓፍን ኣባላት ቤት ምኽሪ ናብ ቤት ፅሕፈት እናሰሓብካ ምፍርራሕን ተራእዩ፡፡ ከምኡ እውን ፕረዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝነበሩ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ጉባኤ ከይካየድ ደብዳቤ እናፀሓፈ ክኸልክል ፈቲኑ እዩ፡፡ ይኹን እምበር ነዚ ኹሉ በደል፣ ምፍርራሕ፣ መልእኽትን መግለፅታትን ጥሒሱ እቲ ኣባል ቤት ምኽሪ ኣሰናዳኢት ኮሚቴ ኣጣይሹ በቲ ዝተጠቐሰ መዓልቲ ጉባኤ ኣካይዱ፡፡ ኣብቲ ጉባኤ ካብ 83 ኣባላት ቤት ምኽሪ 57 ኣባላት ልዕሊ 68 ነጥቢ ሽዱሽተ ሚኢታዊ ብምርካቡ ምልኣተ ጉባኤ ከምዝተማልአ ተረጋጊፁ እዩ፡፡ ብኻልእ መዳይ ካብ ማሕበር ሽቃሎ ትእምት ተወከልቲ ዝኾኑ ኣባላት መሃያኦም ከምዝቑረፅን ካብ ስራሕ ከምዝሰናበቱን ምፍርራሕ ተገይርሎም ኣርባዕተ ኣባላት ዝተረፍሉ ኩነታት ነይሩ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ሰለስተ ኣባላት ቤት ምኽሪ ትእምት እውን ኣብቲ ወራር ፅንተት ተሰዊኦም እዮም፡፡ ብሓፈሻ ግና እቲ ቤት ምኽሪ ሕጋውን ብመሰረት ሕገ ደንቢ ትእምት ኩሉ ኣማሊኡ ዝተኻየደን ምዃኑ ምርዳእ ይከኣል፡፡

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ፣ እቲ ጉባኤ እንትካየድ እቶም ነባራት ኣመራርሓ ቦርድ ኣብቲ ጉባኤ ቀሪቦም ኣፈፃፅማ ስራሕን ቀፃሊ ትልምን ክቕርቡ ይግባኦም ነይሩ፡፡ እንተኾነ ግና ብፋሉለነት ናብ ዘይምልከቶም ኣካላት (ኣማኻሪ ቤት ምኽሪ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ናብ ዝብልዎ ዘይሕጋዊ ኣካል) ሪፖርት ከቕርቡ እዮም ተራእዮም፡፡ እዚ ክንደየናይ ኣብ ህዝቢ ትግራይን ኣብቲ ዝመረፆም ኣባል ቤት ምኽርን ንዕቐት ከምዘለዎም ዘርኢ እዩ፡፡ ነዞም ኩሎም ዕንቅፋታት ሰጊሩ ዝተኻየደ እቲ ጉባኤ ብመሰረት ስራሕን ሓላፍነትን ቤት ምኽሪ ትእምት ብመንፅር ረብሓ ህዝቢ ሓደሽቲ ኣመራርሓ ቦርድ መሪፁን ምትዕርራይ ገይሩን ኣሎ፡፡ ንኣብነት፣ ንነዊሕ እዋን ኣቦ ወንበር ቦርድን ኣካቢ ቤት ምኽርን ብሓደ ሰብ ዝምራሕ ዝነበረ ኣብቲ ጉባኤ ክስተኻኸል ተገይሩ፡፡ ካልኣይ ኣባል ቦርድ ኮይኑ ስራሕ መካየዲ ትእምት እውን ኮይኑ ዝፀንሐ ኣካል ብተመሳሳሊ መንገዲ ተስተኻኺሉ እዩ፡፡ ዝኾነ ኣባል ቦርድ ኮይኑ ፈፃሚ ስራሕ ከምዘይኸውን ወሲኑ ኣሎ፡፡ ብመሰረት እዚ ሓደሽቲ ኣቦ ወንበር ቦርድን ኣካቢ ቤት ምኽርን ዝተመረፁ እንትኾኑ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ትእምት ድማ ብበዓል ሞያ ክምራሕን ቁፃር ስራሕ ክካየድን ክግበር ተወሲኑ እዩ፡፡ ነዚ ሒዝካ ናብ ተግባር ንምእታው ድማ ብቤት ምኽሪ ዝተወሰነ ውሳነታትን ቃለ ጉባኤን ብቢሮ ፍትሒ ክፀድቕ ስለዝነበሮ ናብ ቢሮ ፍትሒ ቀሪቡ እዩ፡፡ ይኹን እምበር ገለ ኣመራርሓ እቲ ቢሮ እውን ኣካል እቲ ጉጅለ ክሕደት ብምንባሮም ዝቐረበ ሰነድ ኣፃሪኻ መልሲ ንምሃብ ንልዕሊ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣብ ዕንይንይ ኣባኺኖምዎ እዮም፡፡ እዚ ብመሰረት መጣየሺ ኣዋጅ ትእምት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ግብረ መልሲ ክወሃቦ ይግባእ ነይሩ ግን ድማ ኣይተተግበረን፡፡

ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ ዋላ እኳ ድሕሪ ምትዕርራይ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ እቲ ሰነድ ክፀድቕን እቲ ኮሚቴ ናብ ስራሕ ክኣትን እንተተገበረ ሐዚ እውን ጉጅለ ክሕደት ምስ ውሱናት ኣመራርሓ ቢሮ ፍትሒ ምስቶም ጉባኤ ከይካየድ ዘዐንቕፉን ዘፈራርሑን ዝነበሩ ውልቀ ሰባት ብምዃን እቲ ሓዱሽ ኣመራርሓ ናብ ስራሕ ከይኣቱ ይሰርሑ ኣለዉ፡፡ ብፍላይ ኣብ ቢሮ ፍትሒ ዘሎ መሪሕነት ህዝቢ ትግራይ ክፀንት ምስ ዝሰርሑ ኣካላት ተዋዲዶም ትካላት ትእምት ግዳይ ክኾና እናሰርሑ ይርከቡ፡፡ እቲ ህልው ኩነታት እዚ ኮይኑ እቲ ጉባኤ ብመሰረት መተሓዳደሪ ደንቢ ምክያዱ ስለዝተረጋገፀ እቲ ሓዱሽ ዝተመረፀ ኣመራርሓ ቦርድ ዋላ ዓንቀፍቀፋት እንተጋጠምዎን ፖለቲካዊ እግድ እንተተገበረሉን ዛጊድ ስርሑ ካብ ምስራሕ ኣየብኮረን፡፡ ነቲ ሓዱሽ ኣመራርሓ ቢሮ ፍትሒ ገይርዎ ዘሎ እግድ ፖለቲካዊ ምዃኑ ድማ ይኣምን፡፡ ስለዚ እቲ ሓዱሽ ብቤት ምኽሪ ዝተመረፀ ኣመራርሓ ቦርድ ነቶም ፀገማት ንምፍታሕ፣ ትካላት ትእምት ኣብ ኢድ ፀላእቲ ከይወድቃን ትካላት ህዝቢ ኮይነን ክቕፅላን ዘኽእሉ ስራሕቲ ኣብ ምስራሕ ከምዝርከብ ኣይተ ኣታኽልቲ የረድኡ፡፡

ኣጠቓሊልካ እንትርአ ትእምት ትካል ህዝቢ ትግራይ እዩ፡፡ ትካል ውልቀ ሰባት ኣይኮናን፡፡ ሐዚ እውን ከምቲ ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር እናተገለፀ ዝፀንሐ ትእምት ኣብ ሰለስተን ኣርባዕተን ሰባት ዝተንጠልጠለ መሪሕነት ክህልዎ ኣይኽእልን፡፡ ጉጅለ ክሕደት ትካላት ትእምት ዓቕሚ ትግራይ ከይኾና፣ ቁጠባ ትግራይ ከየነቓቓሕን ክዳኸማን ኮነ ኢሎም ምስ ሓይልታት ፅንተት ወጊኖም ንምፍራስን ሕርዲግ ይብሉ ኣለዉ፡፡ እዘን ትካላት ክዝረፋ፣ ክጭወያ፣ ኣብ ኢድ ፀላእቲ ክወድቃን ዝገብርዎ ዘለዉ ምንቅስቓስ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ፡፡ ስለዚ ህዝቢ ትግራይ ነዚ መነወሪ ተግባሮም ተረዲኡ ትካላት ትእምት መጋበርያ ፀላእቲ ከይኾናን ክድሕናን ዘኽእል ስራሕቲ ንኽሰራሕ ደገፍ ክገብር ኣለዎ፡፡ ብፍላይ በቲ ሕጋዊ መንገዲ ዝተመረፀ ኣመራርሓ መሪሕነትን ክቕፅል ኣብ ምግባር ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ ክገብር ይግባእ፡፡ ሰራሕተኛ እተን ትካላት እውን ነዚ ተረዲኡ ክንቀሳቐስ፤ ኣባል ቤት ምኽሪ ትእምት ድማ ነዚ መሰረት ገይሩ ክሰርሕን ክቃለስን ትፅቢት ይግበረሉ፡፡ ዘለካ መንግስታዊ ሓላፍነት ተጠቒምካ ትካላት ትእምት ከመኽናን ትካላዊ ኣወዳድበአን ክፈርስን ምግባር ግን ካብ ተሓታትነት ኣየናግፍን፡፡

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ዝዳለ መደብ

ገንዘብ ንላዕሊ ትምህርቲ ንታሕቲ ኣብ ዓዲ ሕጊ

ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ ብፍላይ ድማ ብሰብ ሃፍቲ ዝውነና ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ዝግበረለን ክትትልን ቁፅፅርን ዝላሕልሐ ብምዃኑ በቢግዚኡ ዘይፍትሓዊ ወሰኽ ወርሓዊ ክፍሊት እናገበራ ሕብረተሰብ ከማርር ምኽንያት ኮይነን ይርከባ። ቀሊል ዘይበሃል ክፋል ሕብረተሰብ ደቁ ዝሓሸ ትምህርቲ ክረኽቡን ዝድለ ፍልጠትን ክእለትን ክቐስሙ ብምሕሳብ ንደቁ ብዙሕ ክፍሊት እናኸፈለ ኣብ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ እናምህረ ይርከብ። ይኹን እምበር ኣብ ሓደ ሓደ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ውሽጣዊ ትሕዝቶኣንን ዘለወን እታዎትን መሰረት ብምግባር ዘይኮነስ ብዓይኒ ምእካብ ገንዘብ ጥራሕ እናተገርሓ ንደረጅኣን ዘይምጥን ክፍሊት ዝሓታ ኣለዋ። ስለዚ ነዚ ፋሉላዊ ኣካይዳ ሕብረተሰብ እናኾነነን መንግስቲ ግቡእ ክትትልን ቁፅፅርን ክገብር እናሓተተን መፂኡ እዩ።

ካብዚ ዝብገስ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ኣብ ትግራይ ዝርከባ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ካብ ዘቐመጦ ወርሓዊ ክፍሊት ወፃኢ ከኽፍላ ኣብ ልዕሊ ዝተረኽባ ኣብያተ ትምህርቲ ፍቓደን መንጢልካ ንሓዋሩ ክሳብ ምዕፃው ዝበፅሕ ዘየዳግም ስጉምቲ ክወስድ ምዃኑ ይገልፅ። እቲ ቢሮ ኣብ ትግራይ ክሳብ ሐዚ “ኢንተርናሽናል” ዝብሃል ናይ ውልቀ ቤት ትምህርቲ ከምዘየለ ብምርዳእ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ እቲ ቢሮ ዘውርዶ (ዘውፅኦ) መምርሒ ኣኽቢረን ክኸዳ ከምዘለወንን እንተዘይኮይኑ ግና ሕጋዊ መስርሕ ተኸቲሉ ስጉምቲ ከምዝወስድ ኣፍሊጡ እዩ።

ኣብ ትግራይ ደረጅኣን ዝሓለዋ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ከምዘለዋ ብኡ ልክዕ ደረጃኣን ዝተሓታ እውን ከምዘለዋ ርዱእ እዩ። ብመንፅር እዚ፣ ንስራሕ ብዝጥዕም መልክዑ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ደረጃ ክወፅኣለንን እቲ ዘኽፍልኦ ክፍሊት ድማ ብመሰረት ዝተወሃበን ደረጃ ክኸውንን ተወሲኑ ኣሎ። ስለዝኾነ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ዝለዓለን ዝተሓተን ክፍሊት ዕላዊ ምስገበረ ካብቲ ዝወፅአ ክፍሊት ብላዕሊ ብስልጣነን ወሲኽን ከኽፍላ ኣብ ልዕሊ ዝተረኽባ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ግን ፍቓደን ተመንጢለን ክሳብ ምዕፃው ዝበፅሕ ዘየላጢ ስጉምቲ ከምዝውሰድ ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ዶ/ር ኪሮስ ጉዕሽ ይገልፁ።

ካብቲ ዝወፀ መምርሒ ወፃኢ ን 2018 ዓ/ም መመዝገቢ ኮነ ወርሓዊ ክፍሊት ብኢዶ ወነነን ወሲኸን ክፍሊት ዝሓተታ ኣብያተ ትምህርቲ ከምዝነበራን ይኹን እምበር ብመሰረት ናብ ቢሮ ትምህርቲ ዝበፅሐ ሓበሬታ እቶም ከምኡ ዝገብሩ ሰብ ዋና ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ተፀዊዖም እቲ ወሰኽ ተግባራዊ ከይገብርዎ ተነጊርዎም ጠጠው ከብሉዎ ከምዝተገበረ የረድኡ። ኣብ ዝኾነ ይኹን ናይ ውልቀ ቤት ትምህርቲ ዝመሃሩ ተምሃሮ ወርሓዊ ክፍሊት ዘይወሰኽኩም ተባሂሎም ምብራር ኮነ ትምህርቲ ምኽልካል ፈፂሙ ኣይፍቀድን ዝበሉ እቶም ሓላፊ ዝኾነ ይኹን ተምሃራይ ብናይ ባዕሉ ድሌት ጥራሕ እምበር “ወሰኽ ኣይውሰኽን” ብዝብል ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ዘባርራን ዘተኣጓጉላን ኣብያተ ትምህርቲ ግን እቲ ቢሮ ከቢድ ስጉምቲ ክወስድ ምዃኑ የገንዝቡ።

መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ እውን እንተኾነ ንመመዝገቢ ኢልካ ክፍሊት ምሕታት ከምዘይፍቀድ ብምግላፅ ብምሽታውን ብርሕቐትን ንዘምህራ መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ 2017 ዓ/ም የኽፍለኦ ብዝነበራ ጥራሕ ከኽፍላ እዩ እቲ መምርሒ ዘገድድ። ክሳብ ሕዚ ኣብ ትግራይ ኢንተርናሽናል ዝበሃል ውልቀ ቤት ትምህርቲ የለን። ይኹን እምበር እንተዝህልዋ እውን ካብ መምርሕን ኣሰራርሓን ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ወፃእ ክኸዳ ከምዘይኽእላ ብምሕባር ፍቓድ ኮነ መመዘንን እንከይሓዛን እንከይ ኣማልኣን “ኢንተርናሽናል” ኢና ዝብላ ገለ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ከምዚ ዓይነት ምጭብርባር ክቑጠባ ከምዝግባእ የተሓሳስቡ።

ዶ/ር ኪሮስ ጉዕሽ
ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ

ኣብ ኤጀንሲ ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርቲ መተሓባበሪ ኣፍልጦን ሕድሳትን ትካላት ትምህርቲ መምህር ፀጋይ ነጋ፣ መምርሒ ኣፍልጦን ሕድሳትን ትካላት ትምህርቲ ኣብ ታሕቲ ወሪዱ ተግባራዊ ክኸውንን ናይ ውልቀ ኮና መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርት ነቲ መምርሒ ኣኽቢረን ክኸዳን ከምዘለወን ይገልፁ። ብመሰረት እዚ ተምሃሮ ነቲ ደረጃ ዝምጥን ፍልጠትን ክእለትን ሒዞም ክኸዱ፣ እተን ኣብያተ ትምህርቲ እውን ማእኸል ፍልጠት ኮይነን ወለዶ ክሃንፃ ደገፍ እናገበረ መፂኡ እዩ። ይኹን እምበር እተን ናይ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ነቲ መምርሒ ኣኽቢርካ ኣብ ክንዲ ምኻድ ቅርሺ ኣብ ምእካብ እየን ተፀሚደን። ካብዚ ዝብገስ ብዛዕባ ፅሬት ትምህርቲ፣ ተምሃሮ እኹል ፍልጥት ክጭብጡ ኣብ ምግባር ሰፊሕ ድኽመት የጋጥም ኣሎ። ስለዚ ካብ መምርሒ ቁፅሪ 1/2016 ኣፈፃፅማ ኣፍልጦን ሕድሳትን ትካላት ትምህርቲ ወፃኢ ንዝኸዳ ኣብያተ ትምህርቲ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰድ እዩ። እቲ ሕብረተሰብ ኮነ እተን ኣብያተ ትምህርቲ እውን ነዚ ክርድኣ ኣለወን።

ኣብዚ ዓመት (2017 ዓ/ም) ብዘይኣፍልጦ ከምህራ ዝተፈቐደለን ሽውዓተ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። ካብዚኦን እተን ሓሙሽተ ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ክልተ ድማ ኣብ ከተማ መቐለ ይርከባ። እዚኣን ምስቲ ፍሉይ ዘጋጠመና ኩነታት ናይ ተምሃሮ ጠለብ ስለዝነበረ ን 2017 ዓ/ም ጥራሕ ንተምሃሮ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ክህባ ኣብቲ ዝቐፅል ዓመት ግና ብስሩዕ ሕቶ ኣቕሪበን ብመሰረት ስታንዳርድ ተራእዩ ብቑዓት እንተኾይነን ኣፍልጦ ይወሃባ፤ ብቑዓት እንተዘይኮይነን ድማ ክዕፀዋ እየን። ሕቶ ዘቕርባሉ እዋን እውን ካብ ሓደ ሚያዝያ ክሳብ 30 ሰነ 2017 ዓ/ም ኣብዘሎ እዋን እዩ። ካብዚ ወፃኢ ብዘይ ኣፍልጦ ዘምህራ ዘለዋ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ናብ ስርዓት ክኣትዋ ኣለወን። ብፍላይ ኣብ መቐለ ኣፀደ ህፃናት፣ ቀዳማይ ብርኪ ኣፍልጦ ከይተውሃበን ዝጀመራ ኣለዋ። ምስሰብ ዋና ናይዘን ኣብያተ ትምህርቲ ልዕሊ ክልተ ግዜ መድረኻት ተፈጢሮም ንምርድዳእ ተፈቲኑ እዩ። ናይ ትምህርቲ ስርዓት ብመርሃ ግብሪ (ቀለንተን) እዩ ዝምራሕ። ኣብ ድልየትካ ትኸፍቶ ወይ ትዓፅዎ ኣይኮነን። ሕጋዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ቁፅፅርን ክትትልን እናተገበረ መፂኡ እዩ። ስለዚ ናብቲ ስታንዳርድ ዝኣትዋ ፍቓድ ክዋሃበን፤ ናብቲ ስታንዳርድ ዘይኣተዋ ድማ ክዕፀዋ ንምግባር በበደረጅኡ ዘሎ ኣካል ነዚ ተረዲኡ ክኸይድ ከምዘለዎ መምህር ፀጋይ ይሕብሩ።

ካብኡ ሓሊፉ፣ ካብ ስታንዳርድ ወፃኢ ዝተኸፈታ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። ንኣብነት ኣብያተ ትምህርቲ ክኸፈታ እንተኾይነን ልዕሊ 55 ሚኢታዊ ዘድልዩ እታዎት ከማልኣ ኣለወን። ቅድሚ ሕዚ ምስቲ ዝነበረ ኩነታት ግን ኣብ ክራይ ገዛ ኮይነን ነዚ እታዎት ከይማልኣ ዝተኸፈታ ነይረን እየን። እዚኣን እውን ናብ ስርዓት ክኣትዋ፣ እንተዘይኮይኑ ድማ ብመሰረት እቲ መምርሒ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰድ ከምዘለዎ በቢደረጅኡ ዘሎ ኣካል ክፈልጥ ይግባእ። ብዘይካ እዚ፣ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዘሎ ክፍሊት ኣመልኪቱ ዝወፀ ሓዱሽ ኣዋጅ መሰረት ገይሩ ሚኒስተር ትምህርቲ ዘውረዶ መምርሒ ኣሎ። እቲ ሚኒስቴር ናብ ክልላት ዝፀሓፎ ደብዳቤ እውን ኣሎ። ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ እውን ንዕኡ መሰረት ገይሩ ናብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ደብዳቤ ፅሒፉ እዩ። ስለዚ ከምኤጀንሲ ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርቲ እውን እቲ መምርሒ ኣብ ባይታ ተግባራዊ ክኸውን፤ ካብኡ ወፃኢ ንዝኸዳ ኣብያተ ትምህርቲ ኣፍልጦኣን ክሕደጋን ብሕጊ ዝጥየቓ እውን ክጥየቓ ክግበር እዩ። እዚ ማለት እቲ ኣዋጅ መምርሕን ደንብን ወፂኡዎ ተግባራዊ ክሳብ ዝኸውን ኣብ 2017 ዓ/ም ብዝነበረ ክፍሊት ንክቕፅላ ዝተወሰነ ውሳነ ኣኽቢረን ክኸዳ ኣለወን።

ብካሊእ መዳይ፣ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ደረጅኣን ክንፀር ኣለዎ። ደረጅኣን መሰረት ተገይሩ ድማ ንሕድሕድ ተምሃራይ ዘኽፍልኦ ክፍሊት እናተመጣጠነ ክኸይድ ኣለዎ። ስለዚ ካብ ሓደ ክሳብ ኣርባዕተ ዘለዉ ናይ ኢንስፔክሽን ደረጃታት ኣለዉ። ንኣብነት ደረጃ ኣርባዕተ ማለት ነቲ ዝተቐመጠ እስታንዳር ምሉእ ብምሉእ ዘማለአት ቤት ትምህርቲ ማለት እዩ። ሕዚ እቲ ብጣዕሚ ህፁፅ ዝኸውን ኣብተን ሓዱሽ ዝኸፍታ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ብእታዎት ደረጅኣን ነፂርካ ንዝምልከቶ ኣካል ምቕራብ የድሊ። ስለዚ ድማ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዘሎ ኣካል ነተን ሓደሽቲ ዝኽፈታ ኣብያተ ትምህርቲ ደረጅኣን ኣነፂሩ ናብ ኤጀንሲ ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርቲ ትግራይ ኣታዊ ክገብር ኣለዎ። ብመሰረት እዚ ብቕዓት ናይተን ኣብያተ ትምህርቲ እናተኸታተልካ ክኸየድ እዩ። ቀፂሉ ድማ ወለዲ ተምሃሮ፣ ወለዲ ተምሃሮን መምህራንን ሕብረት (ወተመሕ) ዝብሃል ኮሚቴ ኣሎ። ወለዲ፣ ደቆም ዘምህርሉ ውልቀ ቤት ትምህርቲ ኣፍልጦ ዘለዎ ምዃኑ ከረጋግፁ ኣለዎም። ኣፍልጦ ኣብዘይብሉ ቤት ትምህርቲ ደቆም ከምህሩ የብሎምን። እቶም “ወተመሕ” እውን እቲ ቤት ትምህርቲ ኣፍልጦ ኣለዎ ዶ የብሉን? ደቅና ይማሃሩ ኣለዉ ዶ ኣይመሃሩን? ዝብል ክፈልጥ ኣለዎ። ሕብረተሰብ እውን ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ዝካየድ መድረኻት ክሳተፍን ክሓትትን እዩ ዘለዎ። ከም ኤጅንሲ እውን ኣፍልጦ ዘለወን ኣብያተ ትምህርቲ እናነፀረ ክኸይድ እዩ። ካብዚ ወፃኢ ዝኸፈት ቤት ትምህርቲ ሕጋዊ ስለዘይኮነ ኣድላይ ስጉምቲ ክውሰድ ምዃኑ መምህር ፀጋይ የረድኡ።

ኣብ ዘበነ ትምህርቲ 2017 ዓ/ም ኣብ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ዝለዓለ ክትትል እናተገበረ እዩ መፂኡ። ስለዚ ኣብ ሓሙሽተ ዞባታት ማለት እውን ደቡብ ምብራቕ፣ ማእኸላይ፣ ሰሜን ምዕራብ፣ መቐለን ምብራቕን ኣብ ዝርከባ 11 ወረዳታት ከምዘለዋ ተረጋጊፁ ኣሎ። እዚኣን 33 ኣፀደ ህፃናትን ሽውዓተ ቀዳማይ ብርክን ኮይነን ብድምር 40 ዝኾና ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ብዘይኣፍልጦ ተምሃሮ ተቐቢለን እናምህራ ሓግየን እየን። ስለዝኾነ እዚኣን ብመሰረት ዝወፀ መምርሒ ካብኣተን ትፅቢት ዝግበር ኩሉ ኣማሊኣን ናብ ሕጋዊ መስርሕን ስርዓትን ክኣትዋ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ካብዚ ዝብገስ እውን ነዚ ፈሊጠን ክኸዳ እናተገበረ እዩ መፂኡ። ብመሰረት እዚ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ብመሰረት እቲ ዝወፀ መምርሕን ኣሰራርሓን ክምርሓን ናብ ስርዓት ክኣትዋን ከምዝግባእ የገንዝቡ።
ኣጠቓሊልካ እንትርአ ቢሮ ትምህርትን ኤጀንሲ ምርግጋፅ ፅሬት ትምህርትን ኣብ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ዝርአ ዘሎ መምርሕን ኣሰራርሓን ተኸቲልካ ዘይምኻድ፣ ካብ ዓቕሚ ወለዲ ንላዕልን ዝተጋነነ ክፍሊት ምሕታት፣ ሕጋዊ ኣፍልጦ ከይሓዝካ ትምህርቲ ምጅማርን ካልኦትን ፀገማት ንምእላይን ናብ ስርዓት ንምእታውን ዓሊሞም ዘቐመጥዎ ኣንፈት ኣዝዩ ዝነኣድ እዩ። ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ውሽጣዊ ትሕዝትኦንን ቀረባተንን ተራእዩ ደረጃ ክወፀለንን ብዝተወሃበን ደረጃ መሰረት ድማ ዝተመጣጠነ ክፍሊት ከኽፍላ ምግባር እውን ፅሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ሓጋዚ እዩ። ኣብ መንጎ ኣብያተ ትምህርቲ ብቕዓት ዝመርሖ ፍትሓዊ ውድድር ክህሉ ይገብር። ስለዝኾነ እቲ ወሪዱ ዘሎ መምርሕን ኣሰራርሓን ንክዕወትን ኣብ ባይታ ብጭቡጥ ተግባራዊ ንክኸውን ልዑል ክትትልን ቁፅፅርን ክግበር ይግባእ ንብል።

በይዛ ህዝቢ ዝሓለፍኩም ጀጋኑና ሕድርኹም ኣይነዕብርን!!

ተጋድሎ

ስርሒት መኸተ ብኣንደበት ሰብ ቅያ

1ይ ክፋል

2013 ዓ/ም ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ታሪኹ ካብዘጋጠምዎ ብድሆታት ብዝኸፈአ መልክዑ ዝተፈለየት ዓመት እያ ነይራ። እቲ እዋን፣ ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ንክፀንት ብሓይልታት ፀንተት ጥፍኣት ዝተፈረደሉ ብዘይሓሰቦን ዘይገመቶን መጠነ ሰፊሕ ወራር ብዕሊ ዝተኻየደሉ እዋን እዩ። ብርግፅ እዚ ህዝቢ ኣንፃር ህልውንኡ በብግዚኡ ዝለዓሉን ዝገጥምዎን ዝነበሩ ፈተናታት ብዙሓት እዮም። ግን ድማ ብዝተወደበን ዘይተወደበን መንገዲ ሳላ ሓደ ኾይኑ ዝተቓለሰ ኣብ መዋእሉ ተምበርኪኹ ኣይፈልጥን። በቲ ኣብ 2013 ዓ/ም ዝተፈፀሞ ወራር ፅንተት እውን እንተኾነ ፈተኸ ኣይበለን። ልፍንታውያን ወረርቲ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ሃንደበት ኣብ ልዕሌና ብኩሉ ኣንፈት ኩናት ኸፊቶም። ይኹን እምበር እዞም ፀላእቲ በቲ ኣብ ትግራይ ዝነበረ ውሱን ፍሉይ ሓይሊ ብምምካት ከምቲ ዝሓሰብዎ ወስ ኣይበሉን። ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን ብዓርሰ ምክልኻል መላእ ህዝቢ ትግራይ ኣንፃሮም ተላዒሉ። እቲ ኩነታት በብግዚኡ እናኸበደ ምስከደ ድማ ወየንትን ምልሻን ትግራይ ጣጣ ጎጆኦም ራሕሪሖም በብኸባቢኦም ክምክቱ ግድን ኮነ። ካብቶም ኣብ መኸተ 2013 ዓ/ም ግቡኦም ዝፈፀሙ ጀጋኑ ምልሻታት ትግራይ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን እዮም። ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ኣብቲ እዋን ዝነበሮም ብፅሒት ዝድህስስ ትሕዝቶ ብኸምዚ ቀሪቡ ኣሎ።

ስርዓት ብልፅግና ስልጣን ካብ ዝሕዝ ጀሚሩ ብመራኸብቲ ሓፋሽ ኣቢሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይን መራሕቲ ትግራይን ፀለመታት ብምክያድ ንኩናት ምድላዋት ይገብር ምንባሩ ዝተጠራጠረ ትግራዋይ ኣይነበረን። ድሓር ድማ ብዕሊ ወራር ምስተጀመረ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን እውን ነቲ ኩነታት ቀልጢፎም ተረዲኦም ኣብ ሓፂር እዋን ምድላው ክገብሩ ብዙሕ ኣይተሸገሩን። ልፍንታውያን ወረርቲ ቅሉዕ ኩናት ቅድሚ ምጅማሮም ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ሓፂር ፖለቲካውን ወታደራውን ስልጠና ወሲዶም ክዳለዉ ተገበረ። ከምወረዳ 4 ሽሕን 36 ኣባላት ምልሻ ዝተወደቡ ኮይኖም፤ ካብዚኦም እቶም 2,781 ዕጡቓት ብረት እንትኾኑ እቶም ዝተረፉ ዕጥቂ ዘይነበሮም ጀለ እዮም።

ካብ ጠቕላላ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ዝሓሸ ኣካላዊ ብቕዓት ዝነበሮም ብብርኪ ክፍሊ ሓደ ኣርባዕተ መራሕቲ ዘለውዎም 596 ኣባላት ምልሻ ኣብ ሓንቲ ቦጦሎኒ ክውድቡ ተገበረ። ኣመራርሓ እዛ ቦጦሎኒ ካብ ሻምበል ክሳብ ኮሎኔል ማዓርግ ዝነበሮም ኣርባዕተ ሰብ ተሞክሮ ዝኾኑ ነባራት ተጋደልቲ ክመርሕዋ ተገበረ። ሓይልን ጋንታን እውን ብተመሳሳሊ ብሰብ ዓቕምን ጠንካራ ምልሻታትን እናተመርሓ እቲ ምድላው ቀፀለ። ምድላው ዕጥቂ ኣባላት ምልሻ ቦጦሎኒ ሓውዜን ሓንቲ ብሬን ዝተረፈ ብረት ከላሽን ነይሩ።

ሕድሕድ ምልሻ ብመጠን ኣካላዊ ብቕዓቱ ካብ 90 ክሳብ 220 ጥይት በቲ ስታንዳርድ ተዓጠቐ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እናሃለዉ ወራሪ ሓይሊ ካብቲ ኣብ ትግራይ ዝነበረ "እዚ ሰሜን" ብተወሳኺ ኣብ ካልኦት ክልላት ዝነበረ ሰራዊቱ /እዝታቱ/ እውን ናብ ትግራይ ብስፍሓት ምፅጋዕ ዝጀመረሉ እዋን ነይሩ። ላዕለዎት ወታደራዊ መራሕቲ ትግራይ እውን ኩነታት ፀላኢ በብግዚኡ ምፅናዕን ምክትታልን ኣይቋረፁን። ፀላኢ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኩናት ንምኽፋት ኩሉ ምድላዋቱ ወጊኑ ኣብ ጫፍ በፅሐ። ካብዚ ስግኣት እዚ ብምብጋስ ዝተወሰኑ መራሕቲ ቦጦሎኒ ሓውዜን 23 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ብዝምልከቶም ኣካላት ኦሬንቴሽን ተውሃቦም። እቲ ኦፕሬሽን ፀላኢ ኣበይ ከምዘሎ፣ ክንደይ ዝኣክል ሓይሊ ሰብን ኣፅዋርን ከምዘለዎ፣ ኣበይ ከባቢ መዓዝ፣ ምስመን ተኣሳሲርካ ንፀላኢ ከምእተጥቅዕ ዝብል እኹል ሓበሬታ ተውሃቦም።

ፀላእቲ ዝሓዝዎ በዝሒ ሰራዊትን ዝተዓጠቕዎ ዘመናዊ ኣፅዋራትን ዓቕን የብሉን። ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ግን ካብ ሓንቲ ብሬንን ብረት ከላሽንን ወፃኢ ካልእ የብሎምን። ግን ድማ ዕላማ ዝሓዘ ከምዝስዕር ኣይተጠራጠሩን።

ተልእኾኦም ንምፍፃም ድማ ሰዓት 6፡00 ናይ ለይቲ ካብ ወረዳኦም ተበጊሶም ፀላኢ ናብ ዝነበሮ ከባቢ ቀርሰበር ኣምርሑ። ኣብ ከባቢ ዓዲግራት ዓሪዶም ዝነበሩ ኣባላት ወራሪ ሓይሊ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ትግራይ ንመራሕቱን መጥቃዕቲ ክጅምሩ "ጀምሩ" ዝብል መምርሒ ይፅበዩ ኣለዉ። ፀላእቲ ዝሓዝዎ በዝሒ ሰራዊትን ዝተዓጠቕዎ ዘመናዊ ኣፅዋራትን ዓቕን የብሉን። ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ግን ካብ ሓንቲ ብሬንን ብረት ከላሽንን ወፃኢ ካልእ የብሎምን። ግን ድማ ዕላማ ዝሓዘ ከምዝስዕር ኣይተጠራጠሩን። ካብዚ ዝብገስ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ፀላእቲ ናብ ዝነበርዎ ከባቢ ከተማ ዓዲግራት ተፀጊዖም ሓደሩ። ኣብዚ ቦታ ዝነበሩ ክፍላተ ሰራዊት ፀላኢ መበል 11፣ መበል 20፣ መበል 21 እዮም። ሓደ ተደራቢ ሜካናይዝድ በርጌድ ድማ ኣብ ከባቢ ቤተሓርያ ዓሪዱ ኣሎ። እዚ ሓይሊ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ለይቲ ምስ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ውግእ ጀመረ። ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ሓውዜን ኣካል እቲ ውግእ ኮይኖም ክሳተፉ ትእዛዝ ተውሃቦም። ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን ብሓፂር ርሕቐት ፊት ንፊት ተሓናነቑ። ነቲ ዓምባኽ ሰራዊት ወራሪ ሓይሊ ብኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜንን ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ምስተኸበበ ድሕሪ ውሱን ስዓታት ተስፋ ቆሪፁ ኢዱ ክህብ ተገደደ። እቲ ውግእ ኣብ ሓፂር ሰዓት ብዘይ ክሳራ ብዓወት እቶም ጀጋኑ ተዛዘመ። ኣብዚ ዝተማረኸ ኣፅዋርን ዕጥቅን መቑፀሪ የብሉን።

ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን 25 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም መካናይዝድ ብርጌድ ናብ ዝነበሮ ከባቢ ዕዳጋ ሓሙስ /ቤተሓርያ/ ንኻልእ ተልእኾ ኣምርሑ። ኣማስዮም ምስ ሓንቲ ቦጦሎኒ ፍሉይ ሓይልን ክልተ ሓይሊ ኣባላት ምልሻ ፃዕዳ እምባን ብምኧን ንሓፂር ሰዓታት ተዋጊኦም 3 ታንኪ ኣቃፀሉ። ኣብ ልዕሊ ፀላኢ እውን ሰብኣዊ ክሳራ ኣብፂሖም ተመለሱ። ክሳብ 29 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም እናተኸላኸሉ ዓቕሞም ምስ ኩነታት ፀላኢ ገምጊሞም ዳግም ንምጥቃዕ ምድላው ገበሩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ምድላው እናሃለዉ ፀላኢ 29 ሕዳር 2013 ዓ/ም ኣጋምሽት ከባቢ ሰዓት 10፡00 ከይፈተወ ባዕሉ ኢዱ ክህብ ተገደደ። ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ኣብዚ ውግእ ምስ ካልኦት ኣሃዱታት ኮይኖም ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝገቡ። ልዕሊ 1,000 ሓይሊ ፀላኢ እንትማረኽ 30 ድማ ግዳይ ሞት ኮነ። ኣብዚ ዝተማረኸ ኣፅዋር 15 ዙ-23፣ 25 ታንኪ ከምኡ እውን 155 ሚሊ ሜትር መድፍዕ 8፣ 130 ሚሊ ሜትር መድፍዕ 8፣ 4 ቢኤም፣ ናይ ኩሎም መዳፍዕ ቁምቡላ ዝሓዘ ሓደ ዲፖ ምሉእ፣ 1,000 ዝተፈላለያ ማእኸለዎትን ኣናእሽተይን ርክብ ሬድዮ ተማረኸ። ከባቢ 800 ዝተፈላለያ ተሽከርከርቲ መኻይን፣ ከም መድሓኒትን ካልኦት ወታደራዊ ሎጅስቲካትን ብሓይሊ እቶም ጀጋኑ ኣባላት ምልሻን ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ተመንዚዐ። ኣብዚ ዝነበረ ውግእ 29 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ተዛዘመ።

ኣባላት ምልሻ ብርኪ ሓደ ዝሓዘት ቦጦሎኒ ሓውዜን ውግእ ቤተ ሓርያ ዛዚማ ዳግም ንኻልእ ተልእኾ ክትዳሎ ግድን ኮነ። ተልእኾ እዞም ጀጋኑ ኣብ ግምባር ሶበያ ዝነበሩ ሻዕብያ ዘለዋ ልፍንታውያን ወረርቲ ሓይልታት ምክልኻል እዩ። ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን 4 ሕዳር 2013 ዓ/ም ናብ ግምባር ሶበያ ተጓዓዙ። ማእኸሎም ንብልሕትን ጓል ብልሕትን ገይሮም ክሳብ ኩማ ኩምኒ ዝበሃል ከባቢ ኢሮብ ምስ ልፍንታውያን ወረርቲ ንምግጣም ቦታ ሒዞም ምጥቃዕን ምክልኻልን ጀመሩ። ካብ ኢሮብን ሳዕስዕ ፃዕዳ እምባን ዝመፁ ክልተ ቦጦሎኒ ኣሃዱታት ብየማናይ ገፅ ቦታ ሒዞም ይዋግኡ ነበሩ። ልፍንታውያን ወረርቲ ማእለያ ዘይብሉ ሽሾ ሰራዊትን ንምእማኑ ዘፀግም ምሉእ ዘይጎደሎ ዘመናዊ ኣፅዋርን ተዓጢቖም ተዋግኡ። ንድፋዕ ጀጋኑ ምልሻታት ትግራይ ግን ክፍርስዎ ኣይከኣሉን። 5 ሕዳር 2013 ዓ/ም ዝጀመረ ውግእ ክሳብ 11 ሕዳር 2013 ዓ/ም ለይትን ቀትርን ጠጠው ኣይበለን። ኣብዚ ፈታኒ ውግእ ትሸዓተ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ብፅንዓትን ጅግንነትን እናተዋግኡ ብኽብሪ ተሰውኡ። 13 ድማ ምእንተ ህዝቦምን መሬቶምን ክብሉ ምስ

ናብ ገፅ 17 ይዘውር

ኣመራርሓ ምልሻ ቦጦሎኒ ሓውዜን

ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽን

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

እንታይነት ዝተመሓየሸ ታሪፍ ቤት ማዘጋጃ

ቀዳማይ ክፋል

ጊዜያዊ ምምሕዳር ትግራይ 19 ጥቅምቲ 2017 ዓ/ም ብቑፅሪ 18/8/84 ዘፅደቖ መመሓየሺ ደንቢ ቁፅሪ 19 ታሪፍ ቤት ማዘጋጃ ኣሎ። እቲ ዝተመሓየሸ ደንቢ 51 ዓንቀፃት ዝሓዘ እዩ። ነዚ ደንቢ ንክመሓየሽ ምኽንያት ዝኾነ እውን እቲ ዝፀንሐ ታሪፍ ምስቲ እዋናዊ ወሰኽ ዋጋ ዘይመጣጠንን ምስግልጋሎታት ዘይኸይድን ስለዝኾነ እዩ። ኣብዚ ደምቢ፣ "ዓበይቲ ኣፍረይቲ ወይ ድማ ማኑፋክቸሪንግ ወሃብቲ ግልጋሎት" ዝበሃሉ ካፒታሎም ዋጋ ህንፃ ከይሓወሰ ልዕሊ 90 ሚልዮን ብር ዘለዎም ከምዝኾኑ፣ "ማእኸላይ ማኑፋክቸሪንግ ወሃብቲ ግልጋሎት" ዝበሃሉ እውን ጠቕላላ ካፒታሎም ህንፃ ከይሓወሰ ካብ 10 ሚልዮን ክሳብ 90 ሚልዮን ብር ዝወነኑ ኮይኖም "ታሕተዎት ማኑፋክቸሪንግ ወሃብቲ ግልጋሎት" ዝበሃሉ ድማ ህንፃ እንከይሓወሰ ካብ 600 ሽሕ ክሳብ 10 ሚልዮን ብር ካፒታል ዝወነኑ ከምዝኾኑ ኣብ ዓንቀፅ ሓደ ተገሊፁ ኣሎ።

እዚ ደንቢ መትከላት ግብሪ ኣመልኪቱ ከምዝስዕብ ኣቕሚጡዎ ኣሎ። ኣብ ዓንቀፅ ሓሙሽተ እቲ ደምቢ ዝተገለፀ መትከል፣ ክፍሊትን ግብርን ቤት ማዘጋጃዊ እቶት ምስዝወሃብ ዓይነት ግልጋሎትን ፅሬትን ዘድሊ ወፃኢ ምስ ዓቕሚ ምኽፋል ሕብረተሰብ ዝመጣጠን ክኸውን ይግባእ ይብል። መንግስቲ ግብሪ ዝእክብ ንልምዓትን ግልጋሎት ህዝብን እዩ። ኣብዚ እቲ ዝድለ ልምዓት ክመፅእ ዝኽእል ንመንግስቲ ብምፅባይ ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ ሕብረተሰብ ዝሳተፈሉ መስርሕ ምትእትታው እውን ኣድላዪ እዩ። ሕብረተሰብ ቤት ማዘጋጃ ኣብ ዘሳልጦም ስራሕቲ ልምዓት ብገንዘቡ፣ ጉልበቱን ፍልጠቱን ዝሳተፍሉን ዝድግፈሉን ኣሰራርሓ ምህላው ኣድላዪ ምዃኑ ኣብቲ ደንቢ ተገሊፁ እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ሕድሕድ ተጠቃሚ ግልጋሎት ቤት ማዘጋጃ ኣብቲ ደንቢ ብዝተቐመጠ ተመን ታሪፍ መሰረት ክኸፍል ከምዝግባእ ኣብ ዓንቀፅ ሽዱሽተ እቲ ደንቢ ብዝርዝር ተገሊፁ እዩ።

ኣብ ዓንቀፅ ሸሞንተ እቲ ደምቢ ድማ ኣርእስቲ ግብሪ ዝተቐሞ ኮይኑ፤ ካብ ቀዋሚ ንብረት (ግብሪ ህንፃ)፣ ምሃብ መረጋገፂ ንብረት፣ መዘናግዒ ግብርን ካልኦትን ዝእከብ ግብሪ ኣብ ኣርእስቲ 1701-1719 ከምዝተሓዝ ተገሊፁ ኣሎ። ካብ ክራይ ቦታ ከተማ፣ ክራይ መንበሪ ኣባይቲ፣ ክራይ ኣባይቲ ንግዲ፣ ክራይ ብራንዳ ወይ ኮንቴነር፣ ክራይ መፅንሒ እንስሳ (ደንቢ)፣ ክራይ መደብ ዕዳጋ፣ ክራይ ማሽነሪታትን ካልኦትን ዝእከብ ግብሪ ድማ ኣብ ኣርእስቲ እቶት 1721-1729 ከምዝእከብ ተደንጊጉ ኣሎ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ካብ ሊዝ መሬት፣ ካብ ዘይመንግስታውያን ትካላት ዝግበር ደገፍ፣ ካብ ውልቀ ሰባት ዝግበር ደገፍን ካብ ሕብረተሰብ ዝርከብ ናይ ገንዘብ ኣበርክቶን ኣብ ኣርእስቲ እቶት 1731-1739 ከምዝእከብ ይገልፅ። ካብዚ ብተወሳኺ ካብ ትካላት ንግዲ፣ ሞያዊ ምዝገባን ሞያዊ ፍቓድን፣ ፍቓድ ህንፀት፣ እታወታት ህንፀት መድፍኢ ቦታ፣ ካብ መቕፃዕቲ ትራፊክ፣ መቕፃዕቲ ጥሕሰት ደንቢ፣ ግልጋሎት መኪና መናሃርያ፣ ግልጋሎት ሓለዋ ፍቓድ ከባብን ካልኦትን ዝርከብ እቶት ድማ ኣብ እርእስቲ 1741-1749 ከምዝእከብ ተደንጊጉ እዩ።

እቲ ካሊእ ኣርእስቲ እቶት ዝምልከት ድማ ካብ ዓይነታት ፅርየት፣ ሙያዊ ምኽሪ ምህንድስና፣ ካብ ቁፅፅር ህንፀት ኣባይቲ፣ ካብ ትራንስፖርት፣ ኣብ ቤት ማዘጋጃ ካብ ዝፍፀም ምዝገባን ምርግጋፅ ውዕልን፣ ካብ ፅንዓት ዲዛይን፣ ምድላው ሰነዳትን ዋጋ ጨረታን፣ ካብ ማይ፣ ፈሳሲ ርስሓት፣ ካብ ፍቓድ መዘወሪ መኪና ዝርከብ እቶት ኣብ ኣርእስቲ 1751-1769 ከምዝእከብ ይድንግግ። ካብዚ ብተወሳኺ ምዝገባ ኩነት፣ ባርዕ ሓውን ድንገታዊ ሓደጋን፣ ጋራጅ፣ ዓመታዊ ምርመራ ተሽከርከርቲ፣ ካብ መሰልጠኒ ምዝዋር መኪናን ካልኦት ምዝገባታትን፣ ምቕያር ኣገልግሎት ተሽከርከርቲ፣ መፅንሒ ተሽከርካሪ፣ ካብ መሸጣን ክራይን ታርጋ መኪና፣ ምቕያር ዋንነት ተሽከርከርቲ፣ ምዝገባ ቦታ ዝእከብ እቶት ኣብቲ ዝተገለፀ ኣርእስቲ ዝውህለል እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ካብ ምርግጋፅ ዋንነት መሬት፣ ሕርዲ (ቄራ)፣ ካብ ቀብሪ፣ ካብ ልቓሕን ምስራዝ ትእዛዝ ሓራጅን፣ ምፅዓንን ምርጋፍን፣ ግልጋሎት መዘናግዒ ፓርክ፣ ካብ ስራሕቲ ምልላይን ካልኦት ተመሳሰልቲ መሸጣ ኣቑሑትን ግልጋሎትን ዝርከብ እቶት እውን ኣብቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ ኣርእስቲ ዝእከብ እዩ። ኣብ መወዳእታ ካብ ሕብረተሰብ ብዓይነት ዝግበር ደገፍ ተንቀሳቃስን ዘይተንቀሳቃስን ቀዋሚ ንብረትን ካሊእ ተመሳሳሊ እቶትን ድማ ኣብ ኣርእስቲ 1791-1799 ከምዝእከብ ተደንጊጉ ኣሎ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ኣርእስቲ እቶት ሕድሕድ ከፋሊ ግብሪ መጠን ታሪፍ ንምንፃር ሙሉእ ሓበሬታ ከፊልቲ ግብሪ ምሓዝ ከምዘድሊ ኣብ ዓንቀፅ 10 እቲ ደንቢ ተገሊፁ ኣሎ። እዚ እውን ከፋሊ ምስክር ወረቐት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክምዝገብ ከምዘለዎን ተኻራዪ ንብረት ቤት መዘጋጃ ዝኾነ ኣካል ካብ ዝካረየሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ውዕሊ ክራይ ከቕርብ ከምዘለዎን ይድንግግ። እዚ ከምዚ እናሃለወ "ቀወምቲ ቤት ማዘጋጃዊ እቶት" ዝበሃሉ ከምከፈልቲ ሊዝ መሬት፣ ከፈልቲ ክራይ መሬት፣ ከፈልቲ ግብሪ ገዛ (ህንፃ)፣ ከፈልቲ ሞያዊ ኣገልግሎት ንግዲ፣ ከፈልቲ ስም ንብረት ምትሕልላፍ (ምዝገባ ዋንነት)፣ ሓለዋ ከባቢ፣ ከፈልቲ ግልጋሎት ፅርየት ከምዝኾነ ተገሊፁ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ከፈልቲ ግልጋሎት ማይ፣ ከፈልቲ ግልጋሎት ቄራ፣ ከፈልቲ ክራይ መንበርን ንግድን ገዛ፣ ከፈልቲ ክራይ ማሽነሪ (ቀዋሚ ንብረት)፣ ከፈልቲ ግልጋሎት ዕዳጋን በረንዳን፣ ክፍሊት ግልጋሎት ምፍላጥ እውን ኣብቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ዓንቀፅ ተዘርዚሩ ኣሎ።

እቲ ካሊእ ኣወሳስና ምጣነ ታሪፍ ዝምልከት ኮይኑ፤ ኣብ ዓንቀፅ 11 እቲ ደምቢ ከምዚ ክብል ገሊፅዎ ኣሎ። ምጣነ ታሪፍ ዝውሰን ዝርዝር መፅናዕቲ ተገይሩ ፍልፍል እቶት ምስተኣመነ ኮይኑ፤ ተመን ታሪፍ ዝዳሎ ድማ ብዓይነት ግብሪ፣ ብዓይነት ግልጋሎትን ብዋጋ ዕዳጋን መሰረት ብምግባር እዩ። እዚ ተግባራዊ ዝኸውን እቲ መጠን ታሪፍ ተዳልዩ ብዝምልከቶ ኣካል እንትፀድቕ ይኸዉን። ተመን ክራይ ቦታ፣ ገዛ (ህንፃ)፣ መደብ ወይ ሼድ (ኮንቴነር) ዝውሰን ቅርበት መሰረተ ልምዓትን ደረጃ እቲ ቦታን መሰረት ገይርካ ክኾን ከምዘለዎ ኣብ ዓንቀፅ 12 እቲ ደምቢ ብዝርዝር ተገሊፁ እዩ። ኣብ ዝተኻረየ ንብረት ጉድኣት እንተበፂሑ እንተነኣሰ እቲ ንብረት ናብቲ መበገሲ ኩነታቱ ንምምላስ ዝወፅእ ወፃኢ ብተኸራዩ ክሽፈን ከምዘለዎ እውን ተደንጊጉ ኣሎ።

ምጣነ ታሪፍ ዝውሰን ዝርዝር መፅናዕቲ ተገይሩ ፍልፍል እቶት ምስተኣመነ ኮይኑ፤ ተመን ታሪፍ ዝዳሎ ድማ ብዓይነት ግብሪ፣ ብዓይነት ግልጋሎትን ብዋጋ ዕዳጋን መሰረት ብምግባር እዩ። እዚ ተግባራዊ ዝኸውን እቲ መጠን ታሪፍ ተዳልዩ ብዝምልከቶ ኣካል እንትፀድቕ ይኸዉን። ተመን ክራይ ቦታ፣ ገዛ (ህንፃ)፣ መደብ ወይ ሼድ (ኮንቴነር) ዝውሰን ቅርበት መሰረተ ልምዓትን ደረጃ እቲ ቦታን መሰረት ገይርካ ክኾን ከምዘለዎ ኣብ ዓንቀፅ 12 እቲ ደምቢ ብዝርዝር ተገሊፁ እዩ። ኣብ ዝተኻረየ ንብረት ጉድኣት እንተበፂሑ እንተነኣሰ እቲ ንብረት ናብቲ መበገሲ ኩነታቱ ንምምላስ ዝወፅእ ወፃኢ ብተኸራዩ ክሽፈን ከምዘለዎ እውን ተደንጊጉ ኣሎ።

ንዕዳጋ ዝቐርብ እንስሳ ናብ ዕዳጋ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን ዝኽፈል መጠን ክፍሊት፤ ንህንፀት፣ ንሓለዋ ፅርየት እቲ ማእኸል ዕዳጋ ከምኡ እውን ካሊእ ግልጋሎት ንምሃብ ዝወፅእ ወፃኢ ንምሽፋን ከምዝኽእል ኣብ ግምት ብምእታው ንሕድሕድ ዓይነት እንስሳ መዓልታዊ ብንፅል ተተሚኑ ከምዝኽፈል ደንጊጉ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ንዝኾነ ግልጋሎት ቤት ማዘጋጃ እቲ ዝውሰነሉ እዋን ነቲ ግልጋሎት ንምሃብ ዝወፀ ወፃኢ ካብቲ ክፍሊት ግልጋሎት ምሉእ ብምሉእ ክከሓስ ከምዘለዎ ተገሊፁ እዩ። ኣብዚ ክፍሊት ግልጋሎት ዝትመን ኣብ ዝተወሰነሉ እዋን ዘሎ ዋጋ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ዝቐፅሉ ሰለስተ መዓልቲ ንዝርከብ ግልጋሎት ዘድሊ ወፃኢ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ከምዘለዎ እዩ ዘረድእ። ከምኡ እውን ክፍሊት ፍቓድ ሞያውን ንግድን ዝፍፀም ፍቓድ ብዝሃቦ ኣካል ጥራሕ እዩ።

ኣብ ዓንቀፅ 15 እቲ ደንቢ ዝተቐመጠ ድማ ተመን መሸጣ ኣቑሑትን ግልጋሎትን ዝምልከት እዩ። እዚ እውን ክፍሊት ግልጋሎት ቤት ማዘጋጃ ኣብ ፅርየትን ወፃእን ዝወሃብ ግልጋሎት መሰረት ክገብር ከምዘለዎ እዩ። ዝኾነ መጠን ክፍሊት ግልጋሎት ቤት ማዘጋጃ ዝውሰን ንዝወሃብ ግልጋሎት ዝወፅእ ወፃኢ ካብቲ ክፍሊት ግልጋሎት ብምሉእነት እንትሽፈን እዩ። ተመን መጥቀሚ ክፍሊት ብከተማ ዝተሃነፀ መንገዲ ዝውሰን ንምሕደርኡ ዘድሊ በጀት ኣብ ግምት ብምእታውን ኣብ ዓይነት ዓቕሚ ምሸካም ፅዕነት ተሽከርከርትን መሰረት ዝገብር እዩ። ፍርያት ኢንዳስትርን ሕርሻን ብተሽከርካሪ ክፀዓኑን ክራገፉን እንተለዉ ቤት መዘጋጃ ንዝህቦ ግልጋሎት ምፅዓንን ምርጋፍን ክፍሊት ዝፍፀም ከምዝኸውን ተገሊፁ ኣሎ።

ክፍሊት ምልላይ ዝምልከት ድማ ኣብ ዓንቀፅ 16 እቲ ደምቢ ከምዝስዕብ ተገሊፁ ኣሎ። ሓደ መላለዪ ኣካል እቲ መላለዪ ኣብ ናይ ባዕሉ ትሕዝቶ፣ ቤት ማዘጋጃ ኣብ ዘመሓድሮ ቦታ (መላለዪ ቦታ ኣዳልዩ ንካልእ ብምክራይ ወይ ተንቀሳቓሲ ንብረት) ብምጥቃም እንተላሊ ክፍሊት መላለዪ ይፍፀም። እዚ እውን እቲ ምልላይ ብማተርያል ተፃሒፉ ዝልጠፍ (ዝንጥልጠል)፣ ዝትከል ወይ ብሜላ ዲጂታል ብፅሑፍ፣ ብምስሊ ወይ ድምፂ ዝግለፅ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብዚ እቲ ዝፍፀም መጠን ክፍሊት እቲ መላለዪ ዝሓዞ ቦታ፣ በዝሒ ፊደላት ወይ ምስሊ መላለዪ፣ መላለዪ ዝፀንሐሉ ጊዜን ሕድሕድ ዓይነት መላለዪ ዘበፀሖ ብኽለት ድምፂ መሰረት እናገበርካ ክፍሊቱ ዝፈላለ ይኸውን። እዚ እንትበሃል ዝኾነ ስራሕ መላለዪ ቅድሚ ምስርሑ ብዝምልከቶ ኣካል ዝተፈቐደ ክኸውን ከምዘለዎ እውን ተቐሚጡ እዩ።
ኣብ ዓንቀፅ 18 እቲ ደምቢ ድማ ተመን ክፍሊት መጥቀሚ መንገዲ ዝምልከት ወፂኡ ኣሎ። እዚ እውን ካብ "ሃገር ኣቋራጭ" ወፃኢ ኣብ ውሽጢ መንገዲ ከተማ ዝንቀሳቐሳ ተሽከርከርቲ መበገስን መብፅሕን ቦታ ዝገልፅ ታፔላ ክሕዛ ከምዘለወን ተገሊፁ ንረኽቦ። ክፍሊት ተሽከርከርቲ ዝውስን ዓቕሚ ምፅዓንን መጠን ምምልላስን እተን ተሽከርከርቲ ኣብ ግምት እንትኣቱ ድሌት ወፃኢ ፅገና መንገዲ መበገሲ ብምግባር ክፍሊት ክፍፀም ከምዝግባእ ተገሊፁ እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ትራፊክ ፖሊስ ድማ ተሽከርከርቲ ክፍሊት መጥቀሚ መበገሲ ምኽፋለን ክቆፃፀር ሓላፍነት ከምዘለዎ ኣብቲ ደንቢ ተደንጊጉ ኣሎ።

እዚ ዝተመሓየሸ ደንቢ ሕድሕድ ናይ ኣገልግሎት ታሪፍ ከመይ ከምዝኽፈልን ዝኽፍሎ ከመይ ከምዝትመንን ምስኣቕመጠ ካብቲ ደንቢ ወፃኢ ንዝኸይድ ምምሕዳራዊ ቅፅዓት ከመይ ከምዝወሃብ እውን ኣብ ዓንቀፅ 20 እቲ ደንቢ ብዝርዝር ኣቐሚጥዎ ኣሎ። እዚ እውን ሓደ ከፋሊ ግብሪ ካብ መኽፈሊ እዋን ንሓደ ወርሒ እንትዝንግዕ ካብ ዘይተኸፈለ ግብሪ 5 ምኢታዊ ይኸፍል። ካብ ሓደ ወርሒ ንላዕሊ ዝዘንግዐ 2 ምኢታዊ እናወሰኸ በቢ ወርሑ ክኸፍል ከምዘለዎ ተገሊፁ ኣሎ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ክፍሊት ዝእከበሉ ዓይነት ገዛ እንታይ ከምዝመስል ኣብ ዓንቀፅ 21 ከምዝስዕብ ዘርዚርዎም ኣሎ። ንሳቶም እውን መንበሪ ገዛ፣ ሕውስዋስ መንበርን ንግድን፣ ንግዲ፣ ሞልስ፣ ማእኸላት ዕዳጋ፣ ሪልስቴት፣ ኣፓርትመንት፣ ፋይናንሳዊ ትካላት፣ በዓል ኮኾብ ሆቴላት፣ ሎጃት፣ ሪዞርት፣ መናፈሻ፣ ኮንደሚንየም፣ ህንፃ ፋብሪካ፣ ህንፃ ማሕበራዊ ግልጋሎት ዝህብ (ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ስፖርት መዘውተሪ፣ ትካላት ሃይማኖት)፣ መኽዘን ገዛን ካሊእን ከምዝኾኑ ብዝርዝር ተገሊፁ ኣሎ።
ምስ ምውሳን ግልጋሎት ክፍሊት መሸጣን ውህብቶን ገዛ ተተሓሒዙ እውን ኣብ ዓንቀፅ 22 እቲ ደንቢ ከምዝስዕብ ተገሊፁ ኣሎ። ገዛ ብመሸጣ ወይ ብውህብቶ ናብ ሳልሳይ ወገን ኣብ ዝመሓላለፈሉ እዋን ስፍሓት ትርቢዒት ሜትሮ እቲ ገዛ ምስተነፀረ ተወዓዓልቲ ካብ ዘቕረብዎ ዋጋ ንካሬ ሜትር ሓሙሽተ ሚኢታዊ ግልጋሎት ክፍሊት ንቤት መዘጋጃ ዝኸፍል ይኸውን። ኣብዚ ተወዓዓልቲ ዘቕርብዎ ግምት መሸጢ ዋጋ ውህብቶ ይኹን መሸጣ ትሕቲ ግምት እንተኾይኑ ብመሰረት እዚ ሓዱሽ መምርሒ ካብቲ ብመረዳእታ ዝተቐመጠ ግምት ዝውሰን ይኾን። እቶም ተወዓዓልቲ ዘቕርብዎ መጠን ስፍሓት መሬት ካብቲ ዝተትሓዘ መረዳእታ ዝውስኽ እንተኾይኑ ድማ በቲ ዘቕረብዎ ይውሰን። ተወዓዓልቲ ዘቕርብዎ መረዳእታ ካብቲ ዝተትሓዘ መረዳእታ ንታሕቲ እንተቐሪቡ ድማ በቲ ዘሎ መረዳእታ ከምዝውሰን ተገሊፁ ኣሎ።

ኣብ ዝቕፅል ትሕዝቶ ካብ ክፍሊ ሓሙሽተ ማለት እውን ካብ ዓንቀፅ 23 ንደሓር ክሳብ ዓንቀፅ 51 ዘለዉ ድንጋገታትን ናይቲ ዝተመሓየሸ ደንቢ ሒዝናልኩም ክንቀርብን ኢና። ሰናይ ቅነ!

ልኡኻት ጋዜጣ ወይን ናብ ዝለዓለ ዝላ ዘሰጋግሩ መድረኻት በብዞብኡ ምስዝርከቡ ኣመራርሓ ውድብን መንግስትን፤

https://www.youtube.com/@woyenmedia

https://web.facebook.com/woyen

https://woyenmedia.com

https://x.com/woyenmedia

download "woyen gazeta" from play store

ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዝኾነት ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ልኡኻ መሰረት ዝገበረ ኣብ ትሕዝቶ፣ ሕትመትን ዝርገሐን፣ ህንፀት ኣባላት፣ ፍልፍል እቶትን፣ ኣብ ምጥንኻርን ኦንላይን ሚድያ ወይንን ካልኦትን ዛዕባታትን ኣመልኪቱ ምስ ኣመራረሓ ዞባ፣ ወረዳ፣ ህወሓትን ሓለፍቲ ርክብ ህዝቢ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ሰፊሕ ምይይጥ ኣካይዳ።

እዚ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነን መጀመርታ ወርሒ ሓምለን ዝተኻየደ ምይይጥ ንሓሙሽተ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ሓዊሱ 208 ኣመራረሓ ዞባ፣ ወረዳን ከተማታትን ሓለፍቲ ርክብ ህዝቢ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ዝተሳተፍሉ እንትኸውን፤ ኣብ ዞባታት ምብራቕ፣ ማእኸላይ፣ ሰሜን ምዕራብ፣ ምዕራብ፣ ደቡብ ምብራቕ፣ መቐለን ውቕሮን እዩ ተሳሊጡ። ወይን ኣብዚ ሕዚ ዘለናሉ ፈታኒ ኩነታት መትከላዊ ዕማም ብምሓዝ ተካይዶ ዘላ ቓልሲ ምስ መዳረግቲ ኣካላት ብምንባብ ኣብ ሓበራዊ መደባት ተሓጋጋዚካን ተደጋጊፍካን ምስራሕ ወሳኒ ምዃኑ ብምእማን ዝተኻየደ ምይይጥ እንትኸውን ኣብ ክሊ እዚ ዘጋጥሙ ጉድለታት እውን ብምዝታይ ሓበራዊ መፍትሒ ተቐሚጥሎም እዩ።

ዕላማ'ዚ መድረኽ ቑልፊ መዳርግቲ ወይን ምስዝኾኑ መሓውራትን ኣብያተ ፅሕፈትን ህወሓትን ግቡእ ምርድዳእ ፈጢርካ ናብ ተግባር ንምእትውን ካብቶም መዳርግቲ እውን እዋናውን ዝተማለአን ሓበሬታ ንምርካብን ዝዓለመ እንትኸውን ወይን ምስቶም ኣካላት ዘለዎ ምትእስሳር ብምጥንኻር ተሳታፍነቶም ንምዕዛዝን ድልየት መሓውር ውድብ ነፂርካ ኣብ በጀት ዓመት 2018 ዓ/ም ዝበለፀ ስራሕ ንምስራሕ ዘኽኣለ እዩ። ብዋናነት ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ጠለብ ልሳን፣ ምይይጥን ክፍሊት ጋዜጣን ህልው ኣባላት ዘልዕልዎም ሕቶታትን መሰረት ብምግባር ምስቶም ኣመራርሓ ዘተን ምርድዳእን ምፍጣር ተኻኢሉ ኣሎ።

ጋዜጣ ወይን ካብ እትምስረት 49 ዓመት ዘቑፀረት ልሳን ውድብ ህወሓትን ብሄራዊ ልሳን ህዝቢ ትግራይን ምዃና ዝፍለጥ ኮይኑ ን17 ዓመታት ዝተኻየደ መሪር ብረታዊ ቓልሲ ኮነ ድሕሪ ስርዓት ደርጊ ኣብ ዝተኻየደ ዕማማት ሰላም፣ ህንፀት ዲሞክራሲ፣ ልምዓትን ስራሕቲ ወይን ብጋዜጣ፣ መፅሄትን ንድፊ ሓሳብን ንኣባላትን ደገፍትን ብምብፃሕን ህንፀት ብምክያድን ግቡኣ ትዋፃእ ዝፀንሐትን ዘላን ልሳን ምዃና ኣብቲ መድረኽ ቀሪቡ፤ በዚ መዳይ ህዝቢ ትግራይ ክጥቀመሉ ዝግባእ ልሳን ምዃና ተኣሚንሉ እዩ።

ጋዜጣ ወይን ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ሓይልታት ፅንተት ብልፍንቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዘካየድዎ ወራርን ዝፈፀምዎ ግፍዕን ብውፅኢት ሕትመት ካብ ምቅላዕ ሓለፉ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ተጠቒማ ኣብዝገበረቶ ምንቅስቓስ ኣብዝሓፀረ እዋን ኣብ ፌስቡክ፣ ዩቲብ ተኸታሊ ክህልዎን ሳብስክራይብ ክዓቢ ብምግባር ኣብዓለም ንዝርከብ ትግራዋይን ንካልኦት ሚዲያታትን ምንጪ ሓበሬታ ክትከውን ከምዝኸኣለት ኣብቲ መድረኽ ተጠቒሱ እዩ።

ሚዲያ ወይን ዕላዊ ልሳን ውድብ ህወሓት ኮይና፣ ዕላማ፣ ፖሊሲታት ስትራተጂታትን ንኣባል፣ ደጋፍን መላእ ህዝቢ ትግራይን ስራሕቲ ምልዕዓል፣ ምስፋሕን ምልላይን ቑልፊ ልኡኻ ኮይኑ እናቐፀለ ከምዘሎ ኣፍቶም መድረኻት ዝተገለፀ ኮይኑ፣ ብመንፅር ምፍፃም ዕላማ ውድብ ንዝረኣዩ ሕፀረታት ክእረሙ ምሕባርን ምቅላስን ከምትሰርሕ፣ ከምኡ ድማ ብሉፃት ተሞክሮታት ክገፍሑን ክዓመቑን፣ ንፀላእቲን ሓይልታት ፅግዕተኛን መቃለሲ ኣንፈታት ከምትሕብር ኣብቲ መድረኽ ቀሪቡ እዩ። ብዋናነት፣ መለለይ ባህሪ ወይን እቶም ዝዳለው መደባት ሓቀኝነት፣ እዋናውነት፣ ሚዛናውነትን ህዝባዊ ውግንናን፣ ካብ ምዃን ሓሊፉ ቋንቋ ትግርኛ ክዓቢ፣ ባህልን ታሪኽን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምዕቃብን ምምዕባልን ግዴኣ እናተፃወተት ትርከብ ሚዲያ ብምዃና ነዚ ናይ ምስፋሕ ስራሕቲ ከምዝጠልብ ኣብቶም መድረኻት ተሓቢሩ እዩ።

ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ቅድሚ ልፍንታዊ ወራር ኣብ ትግራይ ኣባላት ዝመያየጥሎም መደባት ካብ ምድላው ብዝሓለፈ፣ 31 መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣብያተ ዕዮ ስራሕተን ናብ ህዝቢ ተበፃሒ ንምግባር ዓመታዊ ዓምዲ ክራይ ሒዘን ከም መዳርግቲ ይሰርሓ ኣብዝነበረሉ እዋን ኣብ ሓደ ሕታም ልዕሊ 53 ሽሕ ጋዜጣ ናብ ባይታ ብምብፃሕ መደባት እተን ትካላት ዕውት ንክኸውን ዘይትካእ ግዘ እናተፃወተት ምፅናሓ ዝዝከር እዩ። ይኹን'ምበር ብምኽንያት ከቢድ ዕንወት ሓይልታት ፅንተት ትካል ወይን እውን ግዳይ እቲ ዕንወት ክኸውን እንተተገበረ'ኳ ወይን ዝተውሃቦ ህዝባውን ውድባውን ሓደራ ከቢድ ስለዝኾነ ኣብ 2013 ዓ/ም ፀላኢ ካብ መቐለ ምስተሰጎጎ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2013 ዓ/ም ናብ ስሩዕ ስራሕ ተመሊሳ ክሳብ እዚ ዕለት ኣብ ውድባውን ህዝባውን መትከላ ትርከብ።

ጋዜጣ ወይን ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ህዝቢ ከገልግል ዝብል ፅኑዕ ዕላማ ስለዝተሓንገጠት መኸተ ክዕወትን ህልውና ህዝቢ ትግራይ ክረጋገፅን ኣብ ትሕቲ ክሳራ ኮይና ስራሕታ ናብ ኣባልን ህዝብን ክባፃሕ ብምግባር ዓብይ ተራ ከምዝተፃወተት ዝፍለጥ ኮይኑ በዚ መዳይ ወይን ሕዚ ዘለዋ ልኡኽ ክትፍፅም ዓብይ ደገፍ ከምዘድሊ ኣፍቶም መድረኻት ኣብምርድዳእ ተበፂሑ እዩ።

ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ኣብዚ ሕዚ እዋን በቲ ካብ ታሪኻዊ ኣመፃፅኣ ዝፍለጠሉ ውፅኢት ሕትመት ከምዘሎ ኮይኑ ዘመኑ ናብ ዝጠልብ ቴክኖሎጂ ዲጂታል ሚዲያ ዝተሰጋገረት ኮይና ኣብዚ እዋን "ወይን ሚዲያ" ብዝብል ስያመ ብምሓዝ ብፌስቡክ፣ ዩቱዩብ፣ መርበብ ሓበሬታ (ዌብሳይት) ካብ ጎግል ፐለይ ስቶር ዝወረደ መተግበሪ ሞባይል ኣቢሉ ንዝተፈላለዩ ሚዲያታት ምንጪ እሙን ሓበሬታ ብምዃን እዋኑ ዝጠልቦ መደባት ተበፃሒ እናገበረት ዘላ ህዝባውን ውድባውን ትካል ምዃና ኣብቲ መድረኽ ተሓቢሩ ኣሎ።

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሰላምን ፀጥታን መንግስቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ሕልኽላኻት ዘይተፈለዮ ስጉሚ!

ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ መቐለ ካብ መፈለምታ በጀት ዓመት 2017 ዓ/ም ጀሚሩ ንኣጠቓላሊ ስራሕቲ ፀጥታ ዝጥምት ትልሚ ብምድላው ናብ ስራሕ ተሰጋጊሩ እዩ። ይኹን እምበር ምስቲ ዝነበረ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው ስግኣታት ፀጥታ ኣዕርዩ ዝወሰኸሉን ዝተሓላለኸሉን ኩነታት ተፈጢሩ ነይሩ። ብፍላይ ኣብቲ መጀመርታ ዓመት ኀሊሁ ዝተርኣየሉን እቲ መሓውር ፀጥታ እውን በቲ ፖለቲካዊ ቅልውላው ዝተፀለወሉን እዋን ነይሩ እዩ። ሰንፈለል ምባል፣ ናብ ስራሕ ዘይምእታው፣ ገሊኡ ድማ ካብ ልኡኹ ወፂኡ ዝንቀሳቐሰሉ ተርእዮታት ነይሮም። ነዚ ብምግምጋምን ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝተፈጠረ ስግኣት ኣብ ግምት ብምእታውን በቢደረጅኡ ዘሎ ሓባር ኮሚቴ ፀጥታ፣ ፖሊስን ምልሻን ከምኡ እውን ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ሓዊሱ ናይ ሓባር ትልሚ ከዳልዉ ተገይሩ። ኣብቲ ኣመራርሓን መሓውርን ፀጥታ ዘሎ ፀገም ብምንፃር እንታይን ብከመይን ንስራሕ? ዝብል ብምርድዳእ ናብ ተግባር ተኣትዩ። እቲ ሓበራዊ ትልሚ ምስፀደቐ እተን ናይ ፀጥታ ስግኣት ዝርአየለን ቦታታት ድማ ተፈልየን። እቶም ዝፍፀሙ ዝነበሩ ከበድቲ ገበናት ቅትለት፣ ፈተነ ቕትለት፣ ክትራን፣ ምንጠላ፣ ጥቕዓት ደቂ ኣንስትዮ፣ በላሕቲ ነገራት ተጠቒምካ መውቃዕቲ ከምኡ እውን ኣብ እንዳ መስተ፣ መዐወኒ ወልፍታት ጫትን ሓሺሽን ተጠቒምካ ዝፍፀሙ ዘይሕጋዊ ተግባራትን ገበናትን እዮም።

ብድሕሪ እዚ፣ ብወፍሪን ውዳበታት ተጠቒምካ ዝስርሑን ነፂርካን ኣዋዲድካን ናብ ስራሕ ተኣትዩ። እቲ ሕብረተሰብ እውን ነቲ ናይ ፀጥታ ኩነታት ስለዝግምግሞ መድረኽ ምፍጣር ምስተጀመረ ባዕሉ መፍትሒ ሓሳባት እናቕመጠ እዩ መፂኡ። ካብዚ ዝብገስ ኣብቲ መሓውር ፀጥታ "ዋላ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ እንተሃለወ ኣብ ጉዳይ ፀጥታ ግን ኣፈላላይ ክህሉ ኣይግባእን" ዝብል ዉዕዉዕ ቃልሲ ተኻይዱ። በዚ ድማ እቲ ጥሙር ኮሚቴ ሓደ ኮይኑ ናብ ስራሕ ክኣቱን ዝተፈፀሙን ዘይተፈፀሙን መደባት ሓቢሩ ክግምግምን ዕድል ፈጢሩ። እቲ ጥሙር ኮሚቴ ፀጥታ ብብርኪ ከተማ ክንቲባ ብብርኪ ክፍለ ከተማታት ድማ ብኣመሓደርቲ እዩ ዝምራሕ። ከምኡ እናበለ ድማ በበደረጅኡ ክሳብ ቁሸት (ቀጠና) ይወርድ። ዝተዋደደ ትልሚ እናዳለኻ ድማ ይምራሕን በቢግዚኡ ይግምገምን። ኣብያተ ፅሕፈት ዘፈር ሰላምን ፀጥታን፣ ፖሊስ፣ ምልሻን ከምኡ እውን ተወከልቲ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ተዋዲዶም በብግዚኡ ልውውጥ ሓበሬታ እናካየዱ ገበንን ስግኣት ገበንን ንምቕናስ እናሰርሑ ከምዝመፁ ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ መቐለ ተጋዳላይ ረድሀይ ፍስሃ ይገልፅ።

ብመንፅር እዚ፣ ስራሕቲ ልምዓት ክሳለጡ እንተኾይኖም ብቐዳምነት ዉሑስ ሰላምን ፀጥታን ክህሉ ኣለዎ። ስለዝኾነ በቢብርኩ ዘለዉ ኣመሓደርቲ ምስመሓውር ፀጥታ ብሓባር ኮይኖም ኩነታት ፀጥታ እናገምገሙ ይመርሕዎ። ካብዚ ዝብገስ ዝፍፀሙ ከበድቲ ገበናት ምቁፅፃርን ገበነኛታት ምሓዝን ዝተኸኣለሉ ኩነታት ተፈጢሩ። እዚ ኮይኑ እውን ግን ከበድቲ ይኹኑ ቀለልቲ ገበናት መሊእኻ ምቁፅፃር ኣይተኽኣለን። ቀፃሊ ስራሕ ዝጠልቡ ኣብ ኣጠቓላሊ ገበንን ስግኣት ገበንን ዘይተሰገሩ ነገራት ኣለዉ እዮም። ነዚ ተሓሳቢ ተገይሩ ኣብ ቀፀልቲ ክረምታዊ መደባት ሰፊሕ ምንቅስቓስ ምግባር የድሊ።

ከተማ መቐለ ማእኸል ኩሉ ዓይነት ማሕበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምንቅስቓስ ዝካየደላ ከተማ እያ። ነዚ ዝምጥን ዝጠንከረ ውዳበታትን ስራሕቲ ሓለዋን ሃንደበታዊ ፈተሻን ብምክያድ ኣቢልካ እንተዘይኮይኑ ዝፍፀሙ ገበናትን ስግኣታት ገበንን ምቁፅፃር ኣይከኣልን። ኣብዚ ዓመት ብዙሕ ስራሕ ዝጠልቡ ዓበይቲ በዓላት ሓሊፎም እዮም። ንኣብነት፣ ከምኣሸንዳ፣ ሓዱሽ ዓመት፣ መስቀልን ጥምቀትን ዝኣመሰሉ ተኸታተልቲ ዓበይቲ ህዝባውን መንግስታውን በዓላት ከምኡ እውን ህዝባዊ ዋዕላታትን መድረኻትን ተሳሊጦም እዮም። እዚኦም ብዘይ ዝኾነ ፀገም ፀጥታ ብሰላም ክሓልፉ ምኽኣሎም ብእወንታ ይውሰድ። እዚ ብናይቲ መሓውር ፀጥታ ዝተዋደደ ፃዕርን ህዝባዊ ደገፍን ዝመፀ ብምዃኑ ተዓቂቡ ክኸይድ ኣለዎ። ውዳበታት እውን ካብ ክፍለ ከተማ ጀሚሩ ክሳብ ቀጠናን ብሎክን ፎረም ማሕበረሰብ ኣሎ እዩ። ኣብ ሸውዓተ ክፍለ ከተማ፣ 33 ጣብያታትን 178 ቀጠናን ዘለዉ ፎረም ማሕበረሰብን መላእ ሕብረተሰብን ሒዝካ ምስራሕ ዝተኸኣለሉ ኩነታት ነይሩ። እቲ ሕብረተሰብ እውን በቢቀጠንኡ ብጉልበቱ፣ ገንዘቡ፣ ናውትን ሓበሬታን ሓጋዛይ ከኾን ክኢሉ እዩ። ብተመሳሳሊ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ገበን ዘለዎ ግንዛበ ከዕቢ ዝተገበሩ ስራሕቲ ሰፋሕቲ እዮም።

ካሊእ፣ ምስቲ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላው ተተሓሒዙ ኣብቲ መሓውር ፀጥታ ዝርአ ዝነበረ ካብ ተልእኾ ናይ ምውፃእ ተርእዮታትን ሓድነት ዘይምህላውን ዝኣመሰሉ ፀገማት ሕብረተሰብ ኣሳቲፍካ ብዝተኻየደ ገምጋምን ቃልስን ብውሕዱ እሂን ምሂን ኢልካ ንምስራሕ ዘኽእል ኩነታት ተፈጢሩ እዩ። ፀጥታ ክተውሕስ እንተኾይንካ ፈለማ እቲ መሓውር ፀጥታ ሓድነትን ምርድዳእን ክህልዎ ኣለዎ። ስለዚ እቲ ኣብ ዉሱናት ሰባት ዝነበረ ፀገም ካብ ልኡኽካ ምውፃእ ተቐሪፉ ናብ ዝሓሸ ኣተሓሳስባ ዝመፀሉ ኩነታት ኣሎ። ብመሰረት እዚ፣ ብርክት ዝበሉ ከበድትን ቀለልትን ገበናት ዝፈፀሙ ገበነኛታት ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ምውዓል ተኻኢሉ እዩ። ብብረት ዝተደገፈ ክሳብ መኪና ዝኸተሩ ተታሒዞም እዮም። ካልኦት ፀልማት ጉልባብ ገይሮም ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብ ስርቅን ክትራን (ሃንግ)ን ዝፈፅሙ ኢድ ብኢድ ሒዝካ ናብ ሕጊ ዝቐረቡ ብዙሓት ኣለዉ። ብተወሳኺ ተሰሪቖ ክንቀሳቐስ ዝተረኽበ ብርክት ዝበለ ንብረት እውን ኣብ ቁፅፅር ዝወዓለሉ ኩነታት ከምዘሎ ተጋዳላይ ረድሀይ የረድእ።

ብዘይካ እዚ፣ ስግኣት ፀጥታ ዘለወን ከባብታት ብመፅናዕቲ ፈሊኻ መዓልታዊ ክትትልን ሃንደበታዊ ፈተሻን እናካየድካ ዘይሕጋዊ ዕጥቅን በላሕቲ ነገራትን ክተሓዙ ተገይሩ። ብድምር መሓውር ፀጥታ ብዙሓት ውሽጣውን ደጋውን ፅልዋታት ተፃዊሩ ዉሑስ ፀጥታ ንክፍጠር ዘይተሓለለ ፃዕሪ ገይሩ እዩ። ኣብተን ውዳበታት ብፍላይ ኣብ ቀጠናታት ኮሚዩኒቲ ፖሊስ፣ ምልሻ፣ ውዳበታት መናእሰይ፣ ተመለስቲ ተጋደልትን ነባራት ዓቕምን ኣሳቲፍካን ኣሰጣጢምካን ዉሑስ ከባብያዊ ሰላምን ፀጥታን ዝፈጠራ መርኣያ ዝኾና ቀጠናታት ኣለዋ። ኣብዚ ዓመት ከባቢ 15 ማእኸላት ኮሚዩኒቲ ፖሊስ ሕብረተሰብ ብገንዘቡ፣ ንብረቱን ጉልበቱን ሰሪሑ ዘረከበሉ ኩነታት ኣሎ። ኣብዚ መንግስቲ መሬት ጥራሕ እዩ ኣዳልዩ። ነተን ማእኸላት ዘድሊ ኩሉ ንብረትን ገንዘብን ግና ምሉእ ብምሉእ እቲ ሕብረተሰብ ሸፊኑ እዩ ኣስሪሑወን። እዚ ኣዝዩ ዝነኣድን ክጠናኸር ዝግብኦን ተግባር እዩ።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ፣ ሕብረተሰብ ኣለዓዒልካን ኣብ ኀኒኻ ኣሰሊፍካ ኣብ ምስራሕ ብዙሕ ድኽመት ዝተርኣየለን ቀጠናታት እውን ኣለዋ እየን። ሕብረተሰብ ፀጥታ ከባቢኡ ውሑስ ንኽገብር ምውዳብን ምልዕኣልን የድልዩ። እዚ ከዓ ናይቲ ኣብ ጣብያን ቀጠናን ዘሎ መሓውር ፀጥታ ወሳኒ ዕማም እዩ። እንተኾነ ግና እቲ ሕብረተሰብ ዘለዓዕሎን ዝውድቦን ብምስኣኑ ኣብ ስራሕቲ ፀጥታ ወሳኒ ግደ ክፃወት ዘየኽኣላ ቀጠናታት ኣለዋ። ብተወሳኺ ኣብ ሓደ ሓደ ኮሚዩኒቲ ፖሊስ ድማ 24 ሰዓት ግልጋሎት ኣብ ክንዲ ምሃብ ምዕፃው የጋጥም። ኣብ ልዕሊ እዚ ፖሊስ ኦፊሰርን ምልሻ ኦፊሰርን ዘይተመደበለን ጣብያታትን ቀጠናታትን ከምዘለዋ የረድኡ። ንኣብነት፣ ኣብ ክፍለ ከተማ ዓዲ ሓቂ ዝተደናኀየሉ ኩነታት ኣሎ። ናብ መኸተ ወፊሮም ክሳብ ሕዚ ናብ ስርሖም ዘይተመለሱ ኦፊሰራት ምልሻን ፖሊስን ቦትኦም ኣይተተከአን። በዚ ምኽንያት ሰፊሕ ሕፀረት ሓይሊ ሰብ ከምዘሎ ምግንዛብ የድሊ። ስለዚ ጉዳይ ፀጥታ ምሉእ ንምሉእ ሕብረተሰብ ወኒኑዎ እዩ ንምባል ኣየድፍርን።

ተጋዳላይ ረድሀይ ፍስሃ
ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ መቐለ

ስለዚ ኣብተን ኣወዳድባታት ኮነ ቀጠናታት ዘሎ ኣፈፃፅማ ብዙሕ ሓላፍ ዘላፍ ዝተርኣየሉ እዩ። ገሊአን ብዙሕ ስራሕቲ ሰሪሐን መርኣያ ዝኾና እየን። ገሊአን ድማ ብክፉል ምቁርራፅ ዘለወን እንተኾና ድኹም ምንቅስቓስ ዘርኣያ እውን ኣለዋ። ስለዚ እተን ድሒረን ዘለዋ ምስተን ውሑስ ሰላም ፈጢረን መርኣያ ዝኾና ክመዓራረያ ምስራሕ የድሊ። ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ከበድትን ቀለልትን ገበናት እውን ካብዚ ንላዕሊ ንምቕናስ ዘኽእል ስራሕ ምስራሕ ይጠልብ። ኣብቲ ሕብረተሰብ ሕዚ እውን ስግኣት ገበንን ስምዒት ምስኣን ውሕስነትን ኣሎ። ከምክትራን፣ ስርቂ፣ ምንጠላን ፈተነ ቕትለትን ዝኣመሰሉ ገበናት ኣለዉ። ነዚኦም ከምጉድለት ወሲድካ ብቐፃልነት ክስራሕ ከምኣንፈት ተታሒዙ ከምዘሎን ኣብዚ ክረምቲ (ቀፀልቲ ሰለስተ ኣዋርሕ) ምስዝህሉ ተፈጥራዊ ኩነታት (ዝናብን ዉሑጅን) እውን ኣብ ግምት ብምእታው ፍሉይ ትኹረት ገይርካ ከምዝስራሕ ተጋዳላይ ረድሀይ የገንዘብ።

ብሓፈሻ ግና ኣብዚ ዓመት ብዝተሰርሐ ስራሕ ኣብ ምርግጋፅ ዉሑስ ሰላምን ፀጥታን ምክልኻል ገበንን ዝመፀ ለውጢ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብዚ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ብሰንኪ ዘይምትግባር ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ሕገ መንግስታዊ ግዝኣት ትግራይ ክምለስን ተመዛበልቲ ወገናት ናብ መረበቶም ክኣትዉን ኣይከኣሉን። ኣብ ከሊ እዚ ኮይንካ ዝተሰርሐ ስራሕቲ ፀጥታ ዝሓሸ ለውጢ ዝተርኣየሉ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ 2016 ዓ/ም 4,736 ገበናት ነይሮም። ኣብ 2017 ዓ/ም ድማ 4,084 ገበናት ተፈፂሞም እዮም። እዚ ማለት ካብቲ ሕሉፍ ዓመት ሎሚ ዘበን ብ 13 ነጥቢ ሸሞንተ ሚኢታዊ ገበን ከምዝቐነሰ የርኢ። ብቀንዱ ትኹረት ዘድልዮ ግን ከበድቲ ገበንን ስግኣት ገበንን ቀኒሶም ዶ ኣይቀነሱን ዝብል እዩ። ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብ ዝፍፀም ዘሎ ከቢድ ገበንን ዘሎ ስግኣት ገበንን ምምሕያሽ ዋላ እንተሃለዎ ካብዚ ንላዕሊ ምስራሕ ዘድልዮ ምዃኑ ግን ካብቲ መረዳእታ ምግንዛብ ይከኣል።

ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ቀረባ እዋን ልዕሊ 300 ዝኸውን ተወሳኺ ሓይሊ ሰብ ፖሊስ ተመዲቡ ኣሎ። እዚ ነቲ ዝነበረ ሕፀረት ሽፋን ሓገዚ ክኸውን ትፅቢት ይግበር። ኣብ ከምዓዲ ሓቅን ሓድነትን ክፍለ ከተማታት ብፍላይ ኣብ ከባቢ 70 ካሬ ዝነበረ ፀገም ሽፋን ክረክብ ተገይሩ ኣሎ። እቲ ሕዚ ዝተመደበ ተወሳኺ ሓይሊ ሰብ ፖሊስ ብበዝሒ ናብ ቀጠናታት ብምውራድ ምስሕብረተሰብ ተቐራሪቡ ክሰርሕ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ሓደሽቲ ምልመላ ምልሻታት እውን ይካየድ ኣሎ። በዚ ኣቢልካ ገበናት ቅድሚ ምፍፃሞም ንምክልኻል ዝሕግዙ ስራሕቲ እናተሰርሑ ይርከቡ። ስለዚ ን2018 ዓ/ም ዝሓሸ ስራሕ ንምስራሕ ዘኽእል ምውፋር ሓይሊ ሰብን ምድላውን ተገይሩ ከምዘሎ ምርዳእ ይከኣል። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ግን ኣብ ፀጥታ ልዑል ውፅኢት ክምዝገብ ዝኽእል ሕብረተሰብ ኣብ ጎኒ ኣካላት ፀጥታ ክዓስልን ብዝበለፀ ክድግፍን ምግባር ከምዘድሊ ብምርዳእ ዝለዓለ ርብርብ ክግበር ይግባእ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፣ ዓመተ 2017 ዓ/ም ከምትግራይ ብዙሕ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ሕምስምስን ምንጋዕ ውሻጣዊ ሓድነትን ዝተርኣየሉ እዩ። ካብዚ ዝብገስ ውሽጣዊ ኩነታት ሰላምን ፀጥታን እውን ዝተናገዐሉን ዝተሓላለኸሉን ኩነታት ነይሩ። ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ፈታኒ ውሽጣዊ ፖለቲካውን ፀጥታውን ቅልውላው ኮይንካ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ፀጥታ ፈተንቲ ዋላ እኳ እንተነበሩ ብኣመዛኒ ውፅኢታውን ናብዚ ሕዚ ተፈጢሩ ዘሎ ዝሓሸ ሃዋህውን ንምስግጋር ዘኽኣሉ ምዃኖም ዘማትእ ኣይኮነን። ስለዝኾነ ነቶም ጥንካረታት ዓቂብካ ነቶም ድኽመታት ድማ እናኣረምካን ምኻድ ወሳኒ እዩ። ብፍላይ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕባይን ውዳበታት ምጥንኻርን ልዑል ትኹረት ሂብካ ምስራሕ ይጠልብ። ካብዚ ሓሊፉ ንተግባራውነት ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ድፍኢት ምግባርን ሕገ-መንግስታዊ ግዝኣት ትግራይ ተኸቢሩ ተመዛበልቲ ወገናት ብውሑስ ኣግባብ ናብ መረበቶም ዝምለስሉ መንገዲ ምጥጣሕን ትኹረት ክወሃቦ ይግባእ ንብል።

መስዋእቲ ኩሎም ጀጋኑና ህያው ታሪኽና እዩ!!

ጦፈኛ

ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ዘሎ ጅማሮ

15 ሰነ በብዓመቱ ዝኽበር ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት ትግራይ እዩ። ነዚ መበገሲ ብምግባር ሎሚ ዓመት መበል 37 ዓመት መዓልቲ ሰማእታት ኣብተን ካብ ልፍንታውያን ወረርቲ ነፃ ዝኾና ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ ብድምቀት እንትኽበር ብኣካል ይኹን ብመራኸብቲ ሓፋሽ እንትመሓላለፍ ተዓዚበ እየ። እዚ በዓል መዓልቲ ሰማእታት ኣብ ኩሉ ከባቢ ብድሙቕ ፅምብል ክሓልፍ ምኽኣሉ ሕጉስ እየ። ግን ድማ ክቡር ዋጋ ዝተኸፈለሉ ዕላማ በብዓመቱ ካብ ምዝካር ንላዕሊ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስና ትርጉም ብዘለዎ ክስረሐሉ ይግባእ። እዞም ጀጋኑ ሰማእታት ንምንታይ እዮም ክብርቲ ህይወቶም ለጊሶም ሓሊፎም? ፍረ-ፃማ ሰማእታትና ህይወት ንዘለና እንታይ ትርጉም ኣለዎ? ዝብል ሕቶ ብኣግባቡ ምርዳእ የድሊ። ካሕሳ ስውኣትና ልምዓት ክሳብ ዝኾነ ሕድሪ ሰማእታትና ብተግባር ክሸረፍን ክትግበርን ሕድሕድ ትግራዋይ "ካባይ እንታይ ትፅቢት ይግበር?" ኢሉ ክረባረብ ይግባእ ኢለ ትዕዝብተይ ከካፍለኩም።

ሰማእታትና ንዘክር ሕድሮም ነተግብር!

እዋኑ 28 ሰነ 2017 ዓ/ም እዩ። ብምኽንያት ስራሕ ናብ ወረዳ ሓውዜን ንምጓዓዝ ሰዓት 2፡00 ናይ ንጉሆ ካብ ከተማ መቐለ ተበጊሰ ከባቢ ሰዓት 4፡00 ረፋድ ኣብቲ ቦታ በፂሐ። ቅንያቱ 37 ዓመት መዓልቲ ሰማእታት ትግራይ ዝተኽበረሉ ብምዃኑ ኩለመዳያዊ ምንቅስቓስ እቲ ከተማ እንታይ ከምዝመስል ንምዕዛብ ኣብዚ ከተማ ምንቅስቓስ ጀመርኩ።

ነባሪ ህዝቢ ከተማ ሓውዜን ናብርኡ ንምምሕያሽ በብዝመረፆ ዘፈር ስራሕ ላዕልን ታሕትን ኢሉ ዝፅዕር ምዃኑ ተገንዚበ። ብፍላይ ኣብ ወሰና ወሰን መንገዲ እቲ ከተማ ካብ በለስን ዒልቦን ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ውፅኢት ልምዓት መስኖ ዝኾኑ ኣትክልቲ ብምሻጥ ዝመሓደራ ኣዴታትን መናእሰይ ደቂ ኣንስትዮን ብበዝሒ ክሰርሓ ተዓዚበ። ብድሕሪ እዚ ናብ ሓንቲ ብግምት ኣብ ስሳታት ዕድመ ዝርከባ በለስ ዝሸጣ ዝነበራ ወላዲት ቅርብ ኢለ ምስተላለኹወን ስራሕ ከመይ ከምዘሎ ሓተትኩወን። 'ምንም ኣይብልን ዝወደይ ሳላ ተነፃፃሪ ሰላም ዝረኸብና ከም ግዚኡ ብዓቕምና ዝረኸብናዮ ዓዲግና እናሸጥና ፀገምና ክንፈትሕ ንፅዕር ኣለና' ብምባል መለሳለይ።
ቅፅል ኣቢለን "ወዲ ሰብ ሰላም እንተረኺቡ ይዕበ ይንኣስ ሰሪሑ ስለዝኣቱ ፆሙ ኣይሓድርን" በላ። ንሓሳበን ቅቡል ገይረ "እወ ሓቀን እየን፣ ልዕሊ ሰላም ካልእ የለን። ትማሊ ሰላምና ዘሪጎም፣ ዘጥረናዮ ሃፍትን ንብረትን ወሪሮም ከም ህዝቢ ከጥፍኡና ንዝመፁ ፀላእቲ መኪቶም ብኽብሪ ዝሓለፉ ሰማእታት እኮ ነዛ ሰላም እዚኣ ንምርካብ እዩ" በልኩወን። "ሓቅኻ ዝወደይ ፈጣሪ ዳኣ ምሉእ ሰላም ይግበረልና እምበር ክንደይ ህፃናት እወ ረጊፎም" በላኒ።

ቀፂለ ፀላእቲ ካብዚ ከባቢ ተፀራሪጎም ድሕሪ ምውፅኦም ካብ ፀጥትኡ ጀሚሩ ኣብ ስራሕቲ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ዘሎ ኩነታት ከተማ ሓውዜን እንታይ ከምዝመስል ሓተትኩወን። እተን ወላዲት፣ ድሕሪ እቲ ዝሓለፈ ሕማቕ ኩነታት ሐዚ ዝሓሸ ምዃኑ ገለፃለይ። ካብ መብራህቲ ክሳብ ቀረብ ዝስተ ማይ ብምትእትታው ህዝቢ ተጠቃሚ ምዃን ዝጀመረሉ ኩነታት ከምዘሎ ምስገለፃለይ ንሓበሬታአን ኣመስጊነ ተፈለኹወን።

ድሕሪ ሰዓት ሸሞንተ ናይ ቀትሪ ቆፀሮይ ኣኸቢረ ተልእኾይ ክፍፅም ናብ ምምሕዳር ወረዳ ሓውዜን እናምራሕኹ ብናይ ውልቁ ስራሕ ዝመሓደር ሓደ ዝፈልጦ ሰብ ረኺበ። ድሕሪ ሰላምታ ምልውዋጥና ኣብ ሓደ ቦታ ሻሂ፣ ቡን ክንብል ኮፍ በልና። ቀፂለ መበል 37 ዓመት መዓልቲ ሰማእታት ከመይ ከምዝሓለፈን ውዕሊ ድሕሪ ፕሪቶርያ ብመንፅር ሕድሪ ሰማእታትና ኣብ ምትግባር ዘሎ ስርዓት ምሕደራ እቲ ወረዳ እንታይ ከምዝመስል ሓተትኩዎ።

ብሰንኪ እቶም ልፍንታውያን ፀላእቲ ኣብቲ ወረዳ ዝበፅሐ ዕንወት ከቢድ እዩ። ካብዚ ዝብገስ ኣብቶም ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ከም ወረዳ ሓውዜን እቲ ምንቅስቓስ ዝሓሸ እዩ ምባል ይከኣል። ብፍላይ መርድእ ሰማእታት ካብ ዝንገር ንደሓር እቲ ወረዳ ምምሕዳር ህዝቢ ኣለዓዒሉ ኣብ ስራሕቲ ልምዓት፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ ኣብ ፀጥታን ንስድራ ስውኣት ማእኸል ገይሩ ዝጀመሮም ስራሕቲ ፅቡቓት ጅማታት ምዃኖም ገለፀለይ።

ከም ወረዳ ዘለዉ ፀገማት ብሓደ ጊዜ ምፍታሕ ስለዘይከኣል ቀዳምነት ሂብካ ንምስራሕ ዝግበር ዘሎ ፃዕሪ ፅቡቓት ጅማሮታት ምዃኖም ተዓዚበ። ንኣብነት፣ ካብ ከተማ ሓውዜን ናብ ከተማ ዓዲ ሑፃ ዝወስድ 40 ኪሎ ሜትር ፀፀር መንገዲ ተሰሪሑ ግልጋሎት ምሃብ ጀሚሩ ኣሎ። ኣብ ከተማ ዓዲ ሑፃን መጋብን ዝነበረ ፀገም ዝስተ ፅሩይ ማይ እውን ብተመሳሳሊ ብልዕሊ ሸዱሽተ ሚልዮን ብር ሰለስተ ትራንስፎርመር ብምዕዳግ እቲ ፀገም ክፍታሕ ዝተገበረ ፃዕሪ ኣሎ። ዋላ እኳ ከምወረዳ ኣስፊሕኻ ዝተኣተወ ኣይኹን መጠሻ ንዘይነበሮም ስድራ ስውኣት ዛጊድ ንኽባቢ 4,108 ወገናት ሎሚ ዓመት ተዓዲሉ እዩ። እዚ ቀስብቐስ ናብ ኩሎም ስድራ ስውኣትን ብኽብሪ ዝተሰናበቱ ሃርበኛታትን ንኽባፃሕ ብቐፃልነት ዝስራሕ ኮይኑ እቲ ጅማሮ ኣብ መላእ ትግራይ ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ። ካሕሳ ስውኣትና ሰላምን ኩለመዳያዊ ልምዓትን መላእ ህዝብና ምርግጋፅ ክሳብ ዝኾነ ሕድሪ ሰማእትታትና ከየዕበርና ብሓድነት ኣብ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ክንረባረብ ኣለና ብምባል ሓሳበይ ከጠቓልል።

ሶሻል
ካብ ሓውዜን

ስርሒት...ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

ኩሎም ሓይልታት ልፍንቲ ተዋጊኦም መጉዳእቲ ኣካል ኣጋጠሞም።

ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን እዚ ከሳራ እዚ እንትኸፍሉ ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ድማ ሰፍ ዘይብል ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ኣብፂሑ። ፀላእቲ ንዝሞተን ዝቖሰለን ወታደር ብቓሬዛ ገይሩ ንድሕሪት ዝወስዶ ዝነበረ ብዙሕ እዩ። ብምዃኑ እውን ኣብዚ ውግእ እዚ ብግምት 400 ዝኾኑ ወታደራት ፀላኢ ዝሞቱ 500 ከባቢ ድማ ዝቖሰሉ ከምዝኾኑ እቶም ጀጋኑ ብክሻፍ ይሪእዎም ምንባሮም የረድኡ።

ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ነቲ ኣብ ግምባር ሰቦያ ዝነበረ ሓይሊ ፀላኢ እናተኸላኸሉን እናጥቅዑን ርእሱ ከድንን ገበርዎ። ብዝገርም ፅንዓትን ሓቦን ተዋጊኦም ነቲ ቦታ ኣልቀቕዎ። ኣብዚ ዝነበረ ሓይሊ ፀላኢ ሓደ ክፍለ ሰራዊት ሻዕብያ፣ ሓደ ብርጌድ ድማ ናይ ብልፅግና እዩ። ፀላኢ ንግዚኡ ካብ ዝነበሮ ቦታ ድሕሪ ምልቃቑ ወሳኒ ቦታ ሓዘ። ኣብ ዝሓዞ ቦታ ኮይኑ ብከበድቲ ኣፅዋራትን ሞርታራትን ለይትን ቀትርን ምድብዳብ ቀፀለ። ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ግን ነዚ ኹሉ ደብዳብ ይኹን ጥምየትን ፃምእን፣ ቁርን ንፋስን ተፃዊሮም ካብ ድፍዖም ፈተኽ ኣይበሉን። ነዚ ኹሉ ፀገም ከኢሎም ካብ 5 ሕዳር ክሳብ 11 ሕዳር 2013 ዓ/ም ለይትን ቀትርን ተኸላኸሉ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ሓቦን ፅንዓትን ዝሓትት ፈታኒ ኩነታት እናሃለዉ ካልኦት ኣባላት ምልሻን ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ድማ ብኣንፈት ዓይጋን ዛላምበሳን ምስ ዝነበረ ፀላኢ ይዋግኡ ነበሩ። እተን ዝዋግኣ ዝነበራ ኣሃዱታት 10 ሕዳር 2013 ዓ/ም ካብ ፀላኢ ፅዕንቶ ምስሓየለን ከንሳሕባ ተገደዳ። ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን እዚ ኩሉ እንትኸውን ሓይሊ ፀላኢ ብኹሉ ኣንፈት በዝሒ ሰራዊትን ኣፅዋርን ኣሰሊፉ ይመፅእ ምህላዉ ዝተማለአ ሓበሬታ ስለዘይነበሮም ኣብ ዝነቆጥሉ ቦታ ገቲሮም ምውግኦም ቀፀሉ። ኣብ ብልሕትን ጓል ብልሕትን እናተኸላኸሉ እናሃለዉ እቲ ብዓይጋን ዛላምበሳን ዝመፀ ሓይሊ ፀላኢ ተደሪቡ ከጥቀዖም ጀመረ። ብድሕሪ እዚ ፀላኢ ምስ ዝነበሮ በዝሒ ሰራዊትን ኣፅዋርን ፊት ንፊት ምውጋእ ስለዘይከኣል 12 ሕዳር 2013 ዓ/ም ካብቲ ቦታ ለቒቖም ናብ ዓራዕሮ ኣንሳሕቡ። ቀፂሎም 13 ሕዳር 2013 ዓ/ም ከባቢ ሰዓት 12፡00 ንጉሆ ናብ ማይመገልታ ኣበሉ። ናብዚ ቦታ እንትኣትዉ ኣብ ከባቢኦም ዝሓደረ 9 ኣባላት ድሽካ ዝሓዞ ሓደ ጉጅለ ፀላኢ ፊት ንፊት ተራኸቡ። ንሓፂር ሰዓት እንትዋግኡ 3 ኣባላት ቆሰልዎም። ሽዑ ነቶም ትሸዓተ ኣባላት ሰራዊት ብልፅግና ደምሲሶም ሓደ ድሽካ፣ ሓደ ክላሽን ማሪኾም ካብ ማይ መገልታ 15 ሕዳር 2013 ዓ/ም ሰዓት 6፡30 ለይቲ ተበጊሶም ውቕሮ ኣተዉ። ክቕፅል እዩ።

ፍልፍል ሓበሬታ፡- ቃለ መሕተት ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ተጋዳላይ ሳህለ ኣርኣያ፣ ኮነሬል ገ/መድህን በየነ፣ ተጋዳላይ ገ/ሄር ሓጎስ፣ ተጋዳላይ ገ/ጅወርግስ ወለገሪማን ተጋዳላይ መብራህቱ ኣባይን

ብመስዋእቲ ጀጋኑ ዝተረኸበ ተስፋ ሰላም ኣብ ሸትኡ ንምብፃሕ ንረባረብ!!

ማህደር ፎቶ

ንጥፈታት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ኣብ ዘበነ ምህርቲ 2017/2018 ዓ/ም

ሕድሪ ሰውኣትና ኣይነዕብርን!